# መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ሥርዓት ግዕዝ፤ ለንደን
# ዓሥራይ ዓመታዊ ሱባኤ፤ ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም.ፈ.

(ኣብ CD ቍጽሪ 1 ዝወጸ መዛሙር)

## ሓዲሽ 1 - ኣብ ወጋሕታ

*ተደጋጋሚ*
ኣብ ወጋሕታ ስምካ ኽዝምር ኣብ
ጸጽባሕ ንኣኻ ከኽብር ጻድቕ ኣቦይ
ከመይ ኰይኑለይ፤ንዘልዓለም
ተባረኽለይ።

1. መስተንክር እዩ ኵሉ ግብርኻ
   ንዜስተውዕል መስደመም ኢኻ
   ኦ እግዚኣብሔር ዘልዓለም ኣምላኽ
   ብሥራሕካ ስምካ ይባረኽ።

2. ጸልማት ኽይዱ ፀሓይ እንክትበርቕ ፍርሃት
   ለይቲ ካብ ምድሪ እንኪርሕቕኣፍ ባሮትካ
   እንኪመልእ ሰሓቕ ግብርታትካስ ኽንደይ
   የድንቕ!

3. ኣእዋፍ ሰማይ ኬድምጻ ንግሆከም
   ዝወግሐ ኬበስር ደርሆ ኣውሊ ሰማይ
   ከዲኑ ምድሪ ኵሉ የዘንቱ 'ቲ
   ናትካ ኽብሪ።

4. ዓቢይ እዩ 'ቲ ናትካ ምሕረት
   ፍቕርኻ'ውን የብሉን ደረት እንታይ
   ኢለ እንታይ ኽገድፍንኽገልጾስ
   ኣይረኽበሉን ኣፍ።

5. ኣይትደልን ደም ናይ ደዓውል
   ኣይሓተትካን መሥዋዕቲ ገንሸልባህ
   የብልካ ናተይ ምስጋና ተቐበሎ ከም
   ጥዑም ቃና።

## ሓዲሽ 2 - ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ

*ተደጋጋሚ*
ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ ልበይ እህበኩምእዚ'ዩ
ጸሎተይ ፍፁም ከመስለኩም ነፍሰይ ተማሪኻ
ብቕዱስ ፍቕርኹም ሃረርታይ እዚ'ዩ ክስዕብ
ኣሰርኩም። /2/

1. ቅዱስ ዮሴፍ ጻድቕ ብኹሉ ግብርኻንጐይታ
   ኢየሱስ ብፍቕሪ ዘዕበኻ
   ንስድራይ ባርካ ክትመስል ንቤትካነፍሰይ'ውን
   ትማረኽ ብቕዱስ ሕይወትካ። /2/

2. ኣቦ ስድራ ዮሴፍ ኣቡኡ ንኢየሱስ ንቤተይ
   ባርካ ክትምራሕ ብመንፈስ እሙን ጻድቕ
   ዮሴፍ ሕጹያ ንማርያምሓልዋ ንስድራይ ካብ
   ፈተና ዓለም። /2/

3. ሕጽይቱ ንዮሴፍ ማርያም ኣደ
   ኢየሱስ
   ዝኸድክዮ ስፍራ ይባረኽ ብመንፈስከምቲ
   ናይ ኤልሣቤጥ ሰላምታ ሃብኒኃይሊ
   መንፈስ ቅዱስ መታን ኪመልኣኒ። /2/

4. ጽድቅን ቅድስናን መሠረት ስድራኺ ጸሎትን
   ሰላምን ይውሕዝ ካብ ቤትኪ ንኢየሱስ
   ዝሓዛ ቅዱሳት ኣእዳውኪ ስድራይ ይባርኻ
   ክንመልእ ፍቕርኺ።
   /2/

5. ንማርያም ንዮሴፍ ኢየሱስ ተኣዘዝካሥጋና
   ለቢስካ ትሕትና መሃርካ ንደቀይ ባርኮም
   ኪመስሉ ንኣኻ
   ኣብ ኵሉ መንገዶም ኪስዕቡ ኣሰርካ። /2/

6. ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ ሎሚእዕድመኩም
   ኣብ ቤተይ ኽትውዕሉ ክመሃርካባኹም
   ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ እጽውዕንስምኩም
   ወለዶይ ኪባረኽ ብኃያል ጸሎትኩም። /2/

## ሓዲሽ 3 - ኣብ ትሕቲ መስቀልካ

*ተደጋጋሚ*
ኣብ ትሕተ መስቀልካ ተንበርኪኸ
ምሥጢረይ እገልጸልካ ተነኺኒኸ ኣብ
ትሕቲ መስቀልካ ተደፊአ ቍስለይ
የርእየካ ቀሊዐ።

1. ጸገመይ ዚፍታሕ ኣብ መስቀልካከም
   ዝኾነ ርእየ ብፍቕርኻ
   ተንበርኪኸ'ሎኹ ኣብ እግርኻ

ጐይታይ ደንግጸለይ ንባርያኻ።

2. ጾረይ ኵሉ ጼረ ኣነ በይነይ ክስጕም
   ኣይኽእልን ኦ ኣምላኸይ ጓሂ ናይ
   ልበይን ጭንቀተይን ኢየሱስ ኣርሕቐለይ
   ኣን'ይክእሎን።

3. ጽምዋን ፍርሃትን ርዕዲ ልብንኣብ
   ውሽጠይ ኺይነግሥ ንኸይሥልጥን
   ጐይታይ ደግፈኒ ኼንካ ኣብ ጐነይ"ኣለኹ"
   በለኒ ኢየሱስ ጸግዐይ።

4. መጠን ዝደለኹ ኬኽብረካ መጠኑ
   እናበዝሐ ጾር ማኅለኻ ፈተና ኃዪሉ
   ኸይወደቕኩ ቀልጢፍካ ርድኣኒ
   ኸይዘሓልኩ።

## ሓዲሽ 4 - ኦ ጐይታይ ፍቕርኻ

1. ኦ ጐይታይ ፍቕርኻ ይገርመኒ፣
   ይደንቀኒ
   ኣብ መስቀል ብምማት ዘርኣኻኒ
   በእምሮይ ክበጽሖ ይኸብደኒ /2/
   ንምግላጹ ቓላት ይሓጽረኒ።

***ተደጋጋሚ***

ተመስገን ተመስገን ተቐደስ /2/
ኣምላኸይ ኣብ ሕይወተይ ንገሥ።

2. ኣብ ኃጢኣት ከለኹ ኣፍቂርካኒ፣
   ፈቲኻኒ
   ብዓብይ ምሕረትካ ኣድኊንካኒ
   እንታይ'ሞ እንታይ ኸብለካ'የ /2/
   ምሕረትካ እዝምር ኦ ጐይታየ።

3. ምስቶም ሰቐልትኻ ክሰቕለካ፣ክቐትለካ
   ንስኻ ግን ስለይ ኣማለድካ
   ናይ ምሕረት ኣፍ ደገ ከፊትካለይ /2/ናይ
   መርገም ኸዳነይ ኣልጊስካለይ።

4. ኣብ ክንዲ ዓማፂ መን ይሓልፍ፣ መን
   ይመውት፧
   ንስኻ ግን ስለይ ወፊኻ ሕይወት
   ሞይተ ኣይተረፍኩን ብሳላኻ /2/ምሕረት
   ተጸጐኹ ብስቓይካ።

## ሓዲሽ 5 - ንኣኻ ኣሚነ

1. ንኣኻ ኣሚነ ኢየሱሰይ
   ሓንቲ'ኳ ኣይሰኣንኩን ብሥጋ-ነፍሰይ።
   /2/
   ንኣኻ ምፍላጠይ ኦ ጐይታ ኣምላኸይጸጋ
   ኣብ ልዕሊ ጸጋ ኣብዚኹለይ። /2/

ስምካ ይኽበር የሱስ ዕበየለይ ሃሌሉያ
የሱስ ኸበረለይ። /2/

2. ፍቕርኻ ጥዒመ ኢየሱሰይ
   ትርጕም ረኺበላ ንሕይወተይ። /2/ ክርተት
   ዝሰልከየን እዘን ኣእጋረይ ሎምስ ጸኒዐን
   እየን ብኣኻ ጐይታይ።
   /2/

ስምካ ይኽበር ኣማኑኤል ኣምላኸይ ሃሌሉያ
ክርስቶስ ንጉሠይ። /2/

3. ዓርከይ ስለ ዝኾንካ ኢየሱሰይ ኣሚነ
   እገልጸልካ ምሥጢር ልበይ።
   /2/
   ንሠናየይ ኲይኑ ንኣኻ ምፍላጠይ
   ሕይወተይ መቂሉ ሰሊጡ ጕዕዞይ።
   /2/

ስምካ ይኽበር ኢየሱሰይ ዓርከይ ሃሌሉያ ኦ
ጐይታ መድኅነይ። /2/

## ሓዲሽ 6 - ኣምላኽ ንእስነተይ

1. ኣምላኽ ንእስነተይ ኣይትፈለየኒ ጐይታ
   ንእስነተይ ኣይትጠንጥነኒኢየሱስ
   መድኅነይ ኣይትፈንፍነኒብዘይካኻ
   ሕይወት ጐይታይ የብለይኒ።

ጐይታይ የብለይኒ፣ ጐይታይ የብለይኒ ኢየሱስ
ሓግዘኒ፣ ብኢደይ ሓዘኒ። /2/

2. ብዙሓ ዛዊነ እየ ናብ ላዕልን ናብታሕትን
   ሓጐስ ንኽረክብ ብጓይላ ብስኽራን
   ፈቲነ'ውን ነይረ ብገንዘብ ክቕስን ግና
   ኣይረኸብኩን ከማኻ ዚኸውን።

ከማኻ ዚኸውን፣ ከማኻ ዚኸውን
ኢየሱስ ኣይረኸብኩን፣ ከቶ ኣይረአኹን።
/2/

3. ዘይምፍላጥ እዩ ነይሩ እቲ ኹሉ ኽርተት
ንኣኻ ከይሓዝኩ ኣብ ጸልማት ምህውታት
ሎምስ ረኺበካ ናይ ሕይወተይ ሕይወት
ክኃድገካ ኣይደልን ወላ'ንተመጸ ሞት።

ኣብቲ ናተይ ሕይወት፣ ኣብቲ ናተይንብረት
የሱሰይ ተዓወት፣ ሰዓረለይ ንሞት።
/2/

4. ሕጂ የጣዕስኒ ድንጉየ ምፍላጥካ ክፋል ዓመታተይ ምርሓቐይ ካባኻዝተረፈ
ዕድመይ ኩሉ ክህበካ መዲበዮ'ለኹ ባህ እንተበለካ።

ጐይታይ ከኽብረካ፣ ኢየሱስ ክዕበካ ልበይ እህበካ፣ ደጊምስ እየ ናትካ። /2/

## ሓዲሽ 7 - <u>ተስፋ ኣሎና</u>

***<u>ተደጋጋሚ</u>***
ተስፋ ኣሎና ዓቢይ ተስፋ ኣሎና
ንኣምላኽና ኣብ ሕይወትና ኣንጊሥናተስፋ
ኣሎና ዓወት እዩ ናትና
በቲ ኃያል ዘድኃነና።

1. ኣጆኻትኩም ኣኅዋት ብተስፋ ንጐዓዝዓስብና ዓቢይ'ዩ ዘይበሊ ዘይነቅዝ ውግእ በርቲዑና ኃይሊ 'ተሰኣንና
ናብ ጐይታና ነእዊ ኣሎ'ንዶ ምሳና።

2. ኦም ናይ በለስ'ኳ እንተ ዘይዓንበበ ንዕርድታትና'ውን ጸላኢ እንተ'ኸበበቦታና ኣይንግደፍ ንጽናዕ ብጐይታናኣብቲ መወዳእታ ዓወት እዩ ናትና።

3. ሰማያት ነቒጹ ዝናም እንተኸልአ ብጻይ ኣብ ብጻዩ ብልቡ 'ንተኸፍአ ንመድኅንና ንእመን ንጽናዕ በቲ ቓሉ
ተስፋና'ውን ነውድቕ ኣብቲ ብርቱዕኃይሉ።

4. ኵሉ እንኪርአ ነባሪ ይመስልከቶ ዘይሓልፍ ነቕ'ኳ ዘይብል
ናይ ከንቱ ኸንቱ'ዩ ኵሉ ኸንቱ እዩ ዘልዓለም ነባሪስ ኣምላኽና ጥራይ'ዩ።

5. እንተ መሰለና ጐይታ ዝደቀሰንደቁ ረሲዑ ከም'ተታኸሰ ንኣና ዚሕሉስ ከቶ ኣይድቅስንብዘይ ገለ ረድኤት ኣምላኽ ኣይኃድገናን።

## ሓዲሽ 8 - <u>ማርያም ኣደየ</u>

***<u>ተደጋጋሚ</u>*** ማርያም
ኣደየ /2/ኣብ ዑቕባኺ
እየ
ንረድኤትኪ ደልየ። /2/

1. ስምዕዮ ጸሎተይ ናይ ልቢ ኣውያተይ ቀልጢፍኪ ምጽኒ ኦ ማርያም እኖይስምዕዮ ምህልላይ ድረዚ ንብዓተይ ተስፋይ ኣባኺ'ዩ ኦ ማርያም ኣደይ።

2. ኣእዳውኪ ዘርጊሕኪ ኣደይ ባርኽኒ ምርቓ ኣደነትኪ ኣይፈለየኒ ዜድልየኒ ጸጋ ካብ ጐይታ 'ውህብኒ ካብ ፍላጻ ሰይጣን ከዊልኪ 'ድኅንኒ።

3. ፍቕሪ ናይ ወላዲት ኣዝዩ ጥዑም'ዩ ነዚ ተገንዚቦም ምስኣ ንዚዓብዩ ፍቕርኺ ጥዒመ ክዓቢ ኣብ ትሕቴኺጸጋ ኣውህብኒ ካብ ኢየሱስ ወድኺ።

4. ብናይ ውሉድ ፍቕሪ ናባኺ ኽቕርብ ንጽድቕኺ ርእየ ኣሰርኪ ኽስዕብ ኦ ማርያም ሃብኒ ናይ ፍቕርኺ ህያብብጸጋ ኣዕብይኒ ብናይ መንፈስ ጽጋብ።

5. ኣነ ናትኪ እየ ንስኺ'ውን ናተይ ኢየሱስ ኣብ መስቀሉ ዝሃበኒ እኖይኣብ ጊዜ ሸግረይ ዝኾንክኒ ጸግዐይ

ክዝምረልኪ'የ ኦ ማርያም ኣደይ።

## ሓዲሽ 9 - ኽበር ተመስገን

***ተደጋጋሚ***

ኽበር ተመስገን ኦ ኣምላኽና
ብደም ወድኻ ዘድኃንካና /2/
በዀሪ ትንሣኤ ዝሃብካና
ኽበር ተመስገን ብዅላትና።

1. ንእግዚኣብሔር ሓድሽ መዝሙርዘምሩ
   ኣብ ማኅበር ቅዱሳን ምስጋናኡ ንገሩ
   ክርስቲያን ኵልኹም ተበራበሩ ንዅሉ
   ስበኹ ሥራሑ ተግባሩ።

2. ዘምሩ ኣመስግኑ ንገሩ ተኣምራቱ ኽብሪ ምስ
   ውዳሴ ኣዚሙ ንኽብረቱኣቦ ሕያዋን'ዩ
   ዘይብሉ መዘና
   ንሕና እንተሞትና'ውን ንሱ'ዩ
   ትንሣኤና።

3. ንፈጣሪኹም ብሓጐስ ዓልሉ
   ንንጉሥኩም ብሓጐስ ዓልሉ ዝማሬ
   መላእኽቱ ንዑ ተቐበሉ
   ሓቀይና ኣምላኽ'ዩ ዘይሕሱ ብቓሉ።

## ሓዲሽ 10 - ስምካ ይመስገን

1. ተመስገን እግዚኣብሔር ኵሉ ዝከኣለካንሕዙን
   ልብና ሓጐስ ዝመላእካ ተመስገን ኣምላኽና
   ኵሉ ዝከኣለካ ንብዓት ኣዒንትና በእዳውካ
   ዝደረዝካ።
   ስምካ ይመስገን /4/
   ስምካ ይመስገን ኦ ኣቦና /2/
   ስምካ ይመስገን ኦ ክብርና።

2. ጸሎትና ሰሚዕካ ሰላም ዝሃብካናየብልናን
   ንህበካ እንትርፊ ምስጋናስምካ ልዕል
   ይበል እግዚኣብሔር ኣምላኽና
   ረድኤት ካባኻ'ዩ ኣብ ኵሉ ጒዕዞና።ስምካ
   ይመስገን /4/
   ስምካ ይመስገን ኦ ኣምላኽና/2/
   ስምካ ይመስገን ኦ ረድኤትና።

3. ጽድቅና ኣይኮነን ሎሚ ዘቖመና ጸጋኻ
   ደኣምበር ካልእ'ኳ ዘይብልናዘመክሕ
   የብልናን ኣብ ተግባር ኣእዳውና
   ምሕረትካ ጥራይ'ዩ ጐይታትምክሕትና።
   ስምካ ይመስገን /4/
   ስምካ ይመስገን ኦ ጽድቅና /2/
   ስምካ ይመስገን ትምክሕትና።

4. ንምሩኻት ጽዮን ጐይታ ምስ መለስካ
   ብሓጐስ ዘመረ ኣቦ'ቲ ሕዝብኻ መልሓስና
   ብእልልታ ምስ መልአ ምስጋና
   ግብርኻ ኣንክሩ ኣሕዛብ ኣብዙርያና።
   ስምካ ይመስገን /4/
   ስምካ ይመስገን ኦ ኃይልና /2/ስምካ
   ይመስገን ኦ ጸግዕና።

======================

1. ስምካ ይመስገን ፈጣሪና
   ኦ ኣምላኽና
   መድኃኒና
   ኦ ጐይታና።

2. ስምካ ይመስገን ኣብ ሕይወትና
   ስድራና
   ገዛና
   መንገዳና።

3. ስምካ ይመስገን ኣብ ማኅበርና
   ቁሸትና
   ዓድና
   ሃገርና።

4. ስምካ ይመስገን ኣብ ሥራሕና
   ጒዕዞና
   ምውጻእና
   ምእታውና።

5. ስምካ ይመስገን ኣብ ድቃስና
   ንቕሓትና
   ሓሳብና
   ተግባርና።

6. ስምካ ይመስገን ፈጣሪና
አ ኣምላኽና
ስምካ ይመስገን መድኃኒና
አ ጐይታና።

====================

ስምካ ይኽበር ፈጣሪና
አ ኣምላኽና
መድኃኒና
አ ጐይታና። ኣብ
ሕይወትናኣብ
ስድራና ኣብ
ገዛና
ኣብ መንጐና።
ኣብ ማኅበርና
ኣብ ቁሸትና
ስምካ ይኽበር ኣብ ዓድና
ኣብ ሃገርና። ኣብ
ሥራሕና ኣብ
ጕዕዞና ኣብ
ምውጻእና
ኣብ ምእታውና።
ኣብ ድቃስና ኣብ
ንቕሓትና
ስምካ ይኽበር ኣብ ሓሳብና
ኣብ ተግባርና።
ፈጣሪና
አ ኣምላኽ
መድኃኒና
አ ጐይታና።

**********************

**(ኣብ CD ቍጽሪ 2 ዝወጸ መዛሙር)**

## ሓዲሽ 11 - <u>እግዚኣብሔር ይዛረብ ኣሎ</u>

***<u>ተደጋጋሚ</u>***
<u>እግዚኣብሔር ይዛረብ ኣሎ /2/</u>
ሕያው ኣምላኽ ይዛረብ ኣሎ
ንኽንሓዊ ቃሉ ንቀበሎ።

1. ብ'ምነት ብተስፋ እንተነድህበሉ ጐይታ ይዛረብ እዩ ብሕያው ወንጌሉሕጂ'ውን ኣይሞተን እቲ ሕያው ቃሉ ንምዉት የተንሥእ መቓብር ፈንቂሉ።

2. ኣምላኽ ብነቢያት ቀደም ተዛሪቡ ዘመን ምስ ኣኸለ ሓደ ወዱ ሂቡ ኢየሱስ ክርስቶስ ቃል ሥጋ ለቢሱ በቲ ሕያው ቃሉ ሕሙማት ፈዊሱ።

3. ዓለማት ብቓሉ ዝፈጠረ ኣምላኽነድሪ ደሃያቱ ጐቦታት የምኮኽ ቃላቱ ኃያል እዩ ንኹሉ የስልጥንምድርን ሰማይን ብግርማ
የንቀጥቅጥ።

## ሓዲሽ 12 - <u>ከም ሥርዓት መልከጼዴቕ</u>

1. እቲ እኽሊ ብዙኅ እዩ ዚዓዮ ግና ኂደት እዩ ነዚ ርእዩ ሕዝበይ በኸዩ ብዓቕሊ ጽበት ናባይ ኣእውዩ።

***<u>ተደጋጋሚ</u>***
ከም ሥርዓት መልከጼዴቕ ሸመትሂበካ'የ
ናይ ዘልዓለም ክህነት
ጌና ኣብ ከርሲ እኖኻ ኸሎኻ
ኃርየካ'የ ኽብረይ ኸልብሰካ።

2. ድምፆም ሰሚዐ ካብ ጸባዖትጸዊዐካ ነገልግሎት ኣባጊዐይ ጓሳ ስኢነን ከይጠፍኣኒ ንዓ ምርሓየን።

3. ዝኣዘዝኩኻ ኹሉ ግበር ብድኻምካስ ኣይትሸበርክሕግዘካ ምሳኻ እየ ኣይጠልመካን አ ወደየ።

4. ጽዉዓትሲ ብዙኃት እዮም ኅሩያት ግና ኂደት እዮም ካብቶም ኅሩያት ስለ ዝኾንካኣጽኒዕካ ኃዝ ጸዋዕታኻ።

## ሓዲሽ 13 - <u>ማርያመይ ሓጐስ ልበይ</u>

1. ማርያመይ ብርኽቲ ለዋህ ርግቢ

ረዳኢት ጽጉማት ሓላይት ሕዝቢ ርኅርኅቲ
ኣደ ኢኺ ፈዋሲት ልቢ ፍቅርኺ ማርያመይ
ናብ ኢየሱስ ሰሓቢ።
/2/

***ተደጋጋሚ***
ማርያመይ እንዲኺ ሓጐስ ልበይ ህያበይ
ካብ ጐይታ ብልጽቲ ሃብተይካባኺ
ዝፈትዋ ኣደ'ኣ ዘይብለይ
ንበሪ እብለኪ ብኽብሪ ኣብ ሕይወተይ። /2/

2. ተውህብዮ ጸጋ ንዝለመነኪ እኣምኖ እየ
ኣነስ ኣማልድነትኪስኢነ ኣይፈልጥን
ለሚነ ንዓኺ
ሓንቲ እኳ ኣይጎድለንን ካብ ኢየሱስወድኺ።
/2/

3. ማርያመይ ክብርቲ ቕድስቲ ፍጥረት
ብልጽቲ ኣርኣያ ዝኾንኪ ኣብነት ምልእተ
ጸጋ ኢኺ ኃጢኣት ዘይቐርበኪ
ኣብ ሰማያት ኣኽሊል ክብሪ
ዝተሸለምኪ። /2/

4. ኣብ ግዜ ውድቀተይ ጠበቓ ናይ
ነፍሰይ
ንጐዶሎይ ኩሉ ትምልእለይ ዘይትንዕቕኒ
እኳ ምስ ኩሉ ኃጢኣተይትሓቖፍኒ ደኣ
እናበልኪ 'ዝወደይ ትሓቖፍኒ ደኣ እናበልኪ
'ዛ ጓለይ።

ክበርለይ /3/ ኣደይ
ንስኺ ኢኺ /2/ ንግሥቲ ሕይወተይ።
ጸቢቐለይ /2/ ሕይወተይ ብኣኺ ረኺበዮ
ኹሉ ብኣማላድነትኪ።

## ሓዲሽ 14 - ኦ ኢየሱስ ተረኽብ

1. ብስመይ ክልተ ኣብ 'ተኣከብኩምሉፍለጡ ኣብ
መንጐኹም ብኽብሪ ከምዝህሉ
ኢልካ ዝሃብካና ቃል ተስፋ ኣሚንና
ተኣኪብና ኣሎና ሃሉ ኣብ መንጐና
ተጋቢእና ኣሎና ክበር ኣብ ማእከልና።

***ተደጋጋሚ***
ኦ ኢየሱስ ተረኽብ ኣብዚ ጉባኤና ባዕልኻ
ኽትመርሖ ጐይታ ነምልኾና /2/ደምና ክብርኻ
ወሪዱ ኣብ ልዕሌና ብውሽጥን ብደገን ብርሃንካ
ይምልኣና።

2. ነዚ ቦታ ባርኽ ጐይታ ብመንፈስካ ሕዝብኻ
መጕሶ ኢየሱስ ብህላዌኻ ጉባኤና ምራሕ
ጐይታ ብኃይልኻ ኣጋንንቲ ይህደሙ ይርኣዩ
ቅልጽምካሕሙማት ይሕወዩ ይገለጽ
ክብርኻ።

3. ቅባእ ንመራሒ ብዘይቲ መንፈስካ ይምራሕ
ንጉባኤ ከም ቅዱስ ፍቓድካሰባኺ'ውን
ይስበኽ ንቓልካ ብሥልጣን
ሕዝብኻ ከይስሕት ብትምህርቲ ሰይጣን።
/2/

4. ነገልገልቲ ምላእ ኢየሱስ ብፍቕርኻ ቤት
ጸሎት ኪብሃል እዚ ጉባኤኻ ነብያትካ
ይመልኡ ብቕዱስ መንፈስካሓቂ ኺንበዩ
ኪሕነጽ ሕዝብኻ። /2/

## ሓዲሽ 15 - ምስጋናን ውዳሴን ንኣኻ

***ተደጋጋሚ***
ምስጋናን ውዳሴን ንኣኻ ክብርን
ኣምልኾን ንስምካ ስግደትን
ልዕልናን ንንግሥኻ
ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ
ተኸበር።
ኣምልኾይ ናብ ዝፋንካ ይዕረግብርከይ
ንኽብርኻ ይንበርከኽ መልሓሰይ
ዕብየትካ ይተርኽ
ኦ እግዚኣብሔር
ኣብ ሕይወተይ ክበር።

1. እኣምን ናይ ኢድካ ሥራሕ'የ ዘደንቕ
ኃይልኻ ዝረኣየ ብኽብርን ብግርማን
ከለልካኒ ሕይወተይ ክሓስቦ ይገርመኒ
ምፍጣር ከይኣኽለካ ኣድኒንካኒ
ብደም ወድኻ ዓዲግካኒ
ቃላት የብለይን'ዚ ኽገልጾኣፈይ
እዓጹ ብተመስጦ።

2. ካብ ሓሰር ካብ ጭቃ ዘልዓልካኒ ክብርኻ
ኽነግር ዘብቃዕካኒ እንታይ'ሞ ኽብል ኦ
ጐይታይ መሥዋዕት ይኹነልካ ምስጋናይ
ጥፉእ እየ ነይረ ብኃጢኣት ስጉምተይ
ዘምርሕ ካብ ሞት ናብሞት
ኢድካ ሰዲድካ ኣውጺእካኒ
ክብሪ ንኣኻ ኦ መድኃኒ።

3. ኣነስ መዲበ'የ ክስዕበካ መዋዕለይ
ኵሉ ከኽብረካ በመዝሙር ምስጋና
ክቓንየልካብኹሉ ሕይወተይ
ከምልኽካ ከማኻ ዝኾነስ ነይርከብ
ድላይ ነፍስን ሥጋን ዜጽግብ
ንውዱቕ ኣልዒሉ ዚእክብ ንጥፉእ
ኣናድዩ ዚእርንብ።

4. ሰማይን ምድርን ኵሉ ናትካ
ዓለማት ባሕርታት መርገጺኻእዚ
ኹሉ ዕብየት እንከሎካ ልበይ
ክህበካ ተመነኻ
ኣነስ መን ኮይነ'የ ዝኣብየካ፤ውሰዶ
ንልበይ ከም መንበርካሥጋይን
ነፍሰይን ንኽብርኻ
ከም ዚሓርር መሥዋዕት ይኹኑልኻ።

## ሓዲሽ 16 - <u>እግዚኦ መሓረኒ</u>

1. ብግብረይ እንተኾይኑስ ጥፉእ'የ ኦ ኣቦይ ብዘይ ናትካ ምሕረት ተስፋ'ኳ ዘይብለይ ክድኅን 'ተኾይነ ኽርኢ ንገጽካ
ኣነስ ኣይክእሎን'የ ይምጽኣኒ ምሕረትካ።

***<u>ተደጋጋሚ</u>*** - እግዚኦ መሓረኒ። /4/

2. ኽገብሮ ዘሎኒ ወላ'ኳ ኣይጅምሮ ኣይገብሮን ንዝብሎ መላሊሰ እገብሮእንታይ'ዩ ወሪዱኒ ምፍላጡ ስኢነ ኣቦይ መሓረኒ ብመንፈስ ማህሚኒ።

3. መዓልታት እቐጽር ብዕድመ እውስኽ ዕብየት ግን ዘየርኢ ንኣኻ ኣብ ምምላኽ
ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ንድኅሪት እምለስ
ምሕረትካ ደኣ 'ምበር ኣልቦ ጽድቂ
ኣነስ።

4. ኣንጻርካ ዚኸይድ ፍቓድካ ብምጥሓስ ብሥጋ ዚምራሕ ኣብ ክንዲ ብመንፈስነነዌ ኃዲጉ ዚኾብልል ናብ ተርሴስ ኣነ እየ'ቲ ኃጥእ ናይ'ዚ ዘመን ዮናስ።

5. እታ እንኮ ተስፋይ ዘላትኒ ኣባኻ ወሰን ዘይምፍላጡ ኣቦየ ፍቕርኻ እተጽንዓኒ እምነት ዘላትኒ ኣባኻ ንዘልዓለም ምኽኑ ኣቦየ ምሕረትካ።

## ሓዲሽ 17 - <u>ኣምላኽ ኣቦታትና</u>

1. ክቡርን ቅዱስን ንዝኾነ ስምካ
ንሰግድ ነምልኽ ኣብ ቅዱስ መቕደስካዝፋን
መንግሥትኻ ጸኒዑ ይነብር ኣብ ሰማይ
ኣብ ምድሪ ክብርኻ ይነገር
ብኹሉ ፍጡርካ ኣምላኽና ተኸበር።

ክብርኻ ይነገር፣ ኣምላኽና ተኸበር ዕብየትካ ይመስከር፣ ምስጋና ይዘመር። /2/

***<u>ተደጋጋሚ</u>***
ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቦታትናንዘልዓለም ክበረልና
ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቦታትና ንዘልዓለም ንገሠልና።

2. ዙፋኑ ዘኽበብኩም ጻድቃን መላእኽቲ
መቕደሱ እትዓጥኑ ካህናት ኣገልገልቲቅዱስ
ሕዝቢ ኣምላኽ ሕፃን ሽማግለምስጋና ዘምሩ
ሱቕታ ይተኣለ ብዓውታ ወድሱ ሱቕታ
ይተኣለ።

ኣምልኾኹም ይፍሰስ፣ ኣምላኽ ይተሓጐስ ውዳሴኹም ይፍሰስ፣ ፍጥረት ይተሓደስ።
/2/

3. ፍጥረታት ናይ ኣምላኽ ሰማያትንምድርን
መዓሙቓት ባሕርን ኮረቢትን ሜዳንክብረቱ
ኣውጁ ናይ'ዚ ዓቢ ጐይታ ኣዕዋፍ'ውን ዘምራ
ኣየድልን ሱቕታ

ዓው ኢልከን ዓልላ ዘይኮነ ሕሹኽታ።
እግዚኣብሔር ይኽበር፣ ምስጋና ይዘመር ምሕረቱ
ይበስር፣ ዕብየቱ ይነገር። /2/

4. ቀላያት ሩባታት ባሕርን ውቅያኖስን
   ኣስሓይታ በረድ መብረቕን ደመናንከብሪ
   ኣምላኽ ኣብስሩ ንስሙ ዘምሩብዘሎ
   ኃይልኹም ዓልሉ ጨድሩ ብመዝሙር
   ምስጋና ንገሩ ተግባሩ።

ዓልሉ ጨድሩ፣ ምሕረቱ ኣብስሩ ምስጋና
ዘምሩ፣ ዝለሉ ንኽብሩ። /2/

## ሓዲሽ 18 - ንዑ ንስገደሉ

***ተደጋጋሚ***

ንዑ ንስገደሉ ንጐይታና
ንዑ ነመስግኖ ንኣምላኽና /2/ኵሉ
ዚከኣሎ ኣቦ'ለና።

1. ኣብ መቕደሱ ኰይና ነመስግኖዓቢ ይ
   ስለ ዝኾነ ነመስግኖ ምድሪ ኣብ
   ኢዱ እያ ንፈጣሪናብሓጐስ
   ነመስግን ከይሰልከና።

2. ብጥዑም ዝደሃዩ ጸናጽልና ከምኡ'ውን
   ወሲኽና መለከትናነቕርብ ጥዑም
   ዜማ ንኣምላኽናምስ ምድርን ምስ
   ባሕርን ናቱ እንዲና።

3. ሓድሽ ቅኔ ጌርና ነቕርብ ዜማነፍስና
   ሓውያ እያ ካብ ሕማማነወፊ
   ልባትና ብትሕትና ኣምላኽ
   ብለውሃቱ ንዝሃበና።

## ሓዲሽ 19 - ብስመይ ጸዊዕካ

1. ብዙኃት ኸለዉ ካባይ ዝሥልጥኑ ኃያሎ
   ኸለዉ ካባይ ዝስስኑ ብርቱዓት ኸለዉ
   ብመንፈስ ብሩላትንስኻ ግን ጐይታይ
   ናብ ድኹም

ትጥምት

<u>ንስኻ ግን ኢየሱስ ናብ ውዱቕ ትጥምት</u>
<u>ንስኻ ግን መድኅን ናብ ትሑት ትጥምት።</u>
<u>/2x/</u>

***ተደጋጋሚ***

ብስመይ ጸዊዕካ "ንዓ" ዝበልካኒኃሪኻ
መሪጽካ ናትካ ዝገበርካኒ
ካብ ኀሰረት ኣልዒልካ ኽብረት ዘለበስካኒ
ምስጋና'ዩ መልሰይ ተመስገን መድኃኒ <u>ውዳሴ'ዩ</u>
<u>መልሰይ ተወደስ መድኃኒ</u> <u>ኣምልኾ'ዩ መልሰይ</u>
<u>ተመለኽ ኣዶኒ። /2x/</u>

2. ብኣኻ ኽሓስብ ኣምዑተይ ይካወስ ናባኻ
   ኽጥምት መንፈሰይ ይንቀሳቐስ ብዛዕባይ ኦ
   ኣምላኽ 'ዚ ኹሉ ዝበልካ እንታይ'ሞ ኽብል
   ጥዒመ ፍቕርኻ፤ <u>እንታይ እየ ዝብሎ ርእየዮ</u>
   <u>ሓልዮትካ፤ዝበሃል ስኢነ ርእየዮ ምሕረትካ፤</u>
   <u>/2x/</u>

3. ኣብ ጸልማት'የ ነይረ ብርሃን ኣልቢስካኒ ኣብ
   ጥፍኣት'የ ነይረ ንስኻ ኣድኂንካኒ ድርቡይ
   እየ ነይረ ንስኻ ኣልዒልካኒ
   እዚ ኽይኣኽለካ ክብረት ወሲኽካኒ<u>እዚ</u>
   <u>ኽይኣኽለካ ዘይቲ ቐቢእካኒ</u>
   <u>ንጉሥን ካህንን ነቢይ'ውን ሸምካኒ። /2x/</u>

4. ናይ ምድኃንካ ወንጌል ንኹሉ ኽነግር መስተንክር
   ፍቕርኻ ነንዋተይ ኽምስክርዝበጽሓኒ ዕጫ
   ኣሜን እቕበሎ
   ጐይታይ ሓግዘኒ ምስዓብካ ክኽእሎ <u>ኢየሱስ</u>
   <u>ደግፈኒ ድላይካ ክኽተሎ</u> <u>ኣምላኽ ኣጽንዓኒ</u>
   <u>ካብ ጥልመት ክሕሎ።</u>

   <u>/2x/</u>

5. ድምፅኻ ሰሚዐ ምስዓብ ካብ ወሰንኩ ጻውዒትካ
   ኽምልስ ቤተይ ካብ ኃደግኩወገን የብለይን
   ወገነይ ንስኻ ሕይወተይ እገድፋ ሓደራ ኣብ
   ኢድካ<u>መጻኢ ዘመነይ ኵሉ እህበካ</u>
   <u>ክሳብ ሓዳስ ጽዮን ኣጽንዓኒ ኢኻ</u> <u>ጉዕዞይ</u>
   <u>ንኽውድእ ምልኣኒ መንፈስካ</u> <u>ክሳብ</u>
   <u>ኢየሩሳሌም ትኃዝኒ ኢድካ። /2x/</u>

## ሓዲሽ 20 - ከምዚ'ኻ ጐይታ

1. ጐይታ ኢየሱስ መጽሓፍ ምስ ገንጸልካ ጐይታ
   ኢየሱስ ቃልካ ምስ ኣወጅካ /2/ዝጸመሙ
   ሰምዑ ዕዉራት ረኣዩ ኢጋንንቲ ወፁ
   ሕሙማት ሓወዩ። /2/

***ተደጋጋሚ***
ከምዚ ኢኻ ጐይታ ንኹሉ ተጥዒ ከምዚ
ኢኻ ኢየሱስ ብመንፈስ ተውዒከምዚ ኢኻ
ጐይታ ሓርነት ተውፅእ
ከምዚ ኢኻ ኢየሱስ ካብ ምዉት ተተንሥእ።

2. ከም ልማድካ ናብ ገዛኻ እቶ
ከምቲ ናይ ቀደምካ ናብ መቕደስካ እቶ
/2/
ድምፅኻ ምስ ዝሰምዑ እሱራት ይፈትሑ
ደሃይካ ምስ ዝሰምዑ ሰይጣናት ይፍርሁ።
/2/

3. ኣብ ዓመት ኢዮቤል ናብ ናዝሬትካ ምጻእ
ኣብ ዓመት ናይ ጸጋ ቃል ነቢያትካ ምላእ
/2/
ኽብርኻ ይገለጽ ኣሕዛብ'ውን ይእመኑ ቃልካ
ከም ዚፍጸም ምስ መልአ ዘመኑ።
/2/

## ሓዲሽ 21 - <u>ኣብ ጭንቀተይ ዝቕመለይ</u>

***ተደጋጋሚ***
ኣብ ጭንቀተይ ዝቕመለይ
ንኣርዑተይ ዝጾረለይ ንንብዓተይ
ዝደርዘለይ እንክደክም ንሱ
ኃይለይ
ዘበርትዓኒ ዝሓልየለይ ኢየሱስ'ዩ
ኩለንትናይ። /2/

1. መከራ ድዩ ጸበባ ካብ የሱስ ዘርሕቐኒ ወይስ ስደት ዶ ጥሜት'ዩ ካብ ፍቕሩ ዝፈልየኒ፤
ወላ ሞት ይኩን ሕይወት የብሉንሓንተ ዓቕሚ
ከቶ የለን ካብ ኢየሱስ ካብ ፍቕሩ ዝፈልየኒ
በቲ ዘፍቐረኒ ክርስቶስ ተጸዊዐ'የ ብዓውታ
ካብቶም ዝሰዓሩ ኩሎም ኣብሊጹኒ'ዩ ጐይታ።

2. ብማዕበል እንክጭነቕ ንስኻ ኣህዲእካለይ
ብመከራ ክፍተን ንስኻ ነይርካ ኣብ ጐድነይ
ብሓዊ ምስ ዝኃልፍ ባዕልኻ ተስግረኒካብ ኩሉ ፈተናታት ብዓወት ኣውጺእካኒ
ከቶ ኣይከፈርህን እየ ተበጂኻኒ ኢኻ ብስመይ'ውን ጸዋዕካኒ በልካኒ ናተይ ኢኻ።

3. ኢየሱሰይ ዋልታይ ኢኻ ዋሕሳ ንሕይወተይ
ኣሕዚነካ ከነሰይ ገጽካ ዘይከወልካለይ
ፍቕርኻ'ስ ይገርመኒ ሓዘነይ ኣረሲዑኒ
ፍሥሃ ከቢቡኒ ሓጐስካ መሊኡኒ ጸጋኻ'ዩ
ዘንብረኒ ዝፈጥረለይ ባህታ ክነብር
ኣይክእልን'የ ብዘይ ብኣኻ ጐይታ።

4. ክዝምር'የ ክውድስ ከመስግኖ ንጐይታ
ብደሙ ንኃጥኣተይ ገይሩሉ መወዳእታ
መመሊሰ ክዝምር ክጭድር'የ ንዓኻክዕልል'የ
ክስዕስዕ ክዘልል ንክብርኻልበይ ብሓጐስ
መሊእካዮ ንኣፈይ ብምስጋና
ተበጂኻያ ንሕይወተይ ኣምሊጠ ካብ ፈተና።

## ሓዲሽ 22 - <u>ቅድስቲ ኸተማ</u>

***ተደጋጋሚ***
ቅድስቲ ኸተማ <u>ዘለዋ ጽርጊያ /2/</u> ንኣምላኽ ዝኃዘ <u>ይኃልፉ ብኡያ /2/</u> ጐይታ ዝተበጀዎም <u>ብኣ ይመላለሱ /2/</u>
<u>ዕልልታን ደስታን መሊኦም ይሕጐሱ። /2/</u>

1. ጽንዕቲ ኸተማ ዕርድቲ ኸተማ ንምድኃን ኽትከውን ኣምላኽ ዝኸተማ'ቲሓቂ ዚሕሉ ጻድቕ ሕዝቢ ኪእቱ መሳኹቲ ዘይኰነ ኣፍደገ ኸፈቱ።

2. ቅኑዕ ዝሃቐናኡ ንኣኻ ዝኣመነሰላምካ ትህቦ ዘይጽገብ ዘይምነእግዚኣብሔር ኣምላኽ ከውሒንዘልዓለም

ተማሕጺንና ኣሎና ኪዳንካ ዘይጥለም።

3. ነፍስና ብለይቲ ጐይታ ትጸምኣካ
ብውሽጣዊ ሃረርታ ኣንጊሃ ትደልየካ
እግዚኣብሔር ኣምላኽ ባርኽ ንመንፈስና
በዘይካኻ የልቦን ሕይወት ዚህበና።

4. እግዚኣብሔር ኣቦ ፍርድኻ ጸማእና ጸጋኻን
ግብርኻን ናፍቖት ንነፍስና።ንጸድቕ
መገዲ ንስኻ ተዳሉ
እናበለ ይረግጸ ሃሌሉያ ሃሌሉ።

ሃሌሉያ /8/
ሃሌሉያ /2/ ክብሪ ንእግዚኣብሔር።
ክብሪ ንእግዚኣብሔር /3/ ኣሜን ሃሌሉያ።

********************
**********************
********************

## 1) ክብሪ፡ ክብሪ፡ ረኺበዮ'የ

1. ክብሪ፡ ክብሪ፡ ክብሪ ረኺበዮ'የ /3/
ረኺበዮ'የ ንጎይታ ኢየሱስ።

2. ኣብ መንን ኣሕዋተይ ረኺበዮ'የ /3/ረኺበዮ'የ
ንጎይታ ኢየሱስ።

3. ኣብ ጸዋዕታይ ኣቤት ተማሪኸ'የ /3/
ተማሪኸ'የ ብጎይታ ብኢየሱስ።

4. ነገልግሎት ኣሕዋት ተዓጢቐ'የ /3/ተዓጢቐ'የ
ንጎይታ ንኢየሱስ።

5. ኣብ ራህዋ ኣብ ሽግር ምስ ኣጎዋተይ'የ
/3/
ምስ ኣጎዋተይ'የ ንቕድሚት ብኢየሱስ።

6. ንቤተ ክርስቲያኑ ከገልግላ'የ /3/
ከገልግላ'የ ብጎይታ ብኢየሱስ።

7. ብሓዲስ ሕይወት'ውን ከገልግለካ /3/
ከገልግለካ ኦ ጎይታይ ኢየሱስ።

8. ከም ቅዱስ ፍቓድካ ክመላለስ'የ /3/
ክመላለስ'የ ኦ ጎይታይ ብኣኻ።

## 2) ሓድሽ ሰብ ኮይነ

1. ካብ ዘይጠፍእ ቃል ኢየ መጺአ
ብመንፈስ ጎይታ እውን ጸኒዐ ከም
ሓደ ውሉድ ይዓቢ ኣለኹ
ኣብ ሞት ከይነብር ነጺሐ ኣለኹ።

***ተደጋጋሚ***
ሓድሽ ሰብ ኮይነ ሓድሽ ፍጥረት ከቶ
ነይግዛእ ብሓጥያት ወይ ሞት።

2. ከም ሓደ ሕጻን ከትሕት ኢየ ናብ
ቃል ኣምላኽይ ከድህብ ኢየድምጹ
ንምስማዕ ክምሃርየ ፍቓዱ ኩሉ
ክቕበል ኢየ።

3. ኣየድሃብክሉን ጥልቀት ስፍሓቱዓቓን
ጸግኡ መጠን ብዝኃቱ ፍቕሩ
ንምፍላጥ እናጸዓርኩ ዓይነይ
ክኸፍት እጽበለኹ።

4. ስንፍናይ ጠፊኡ ክግዛእ ብኣኻትዕቢተይ
ዓንዩ ክነብር ምስኡርእሰይ ንምኽሓድ
ንክምህረኒእጽበ'ለኹ ክልውጠኒ።

## 3) መዲበ'የ ክስዕበካ

1. ክቡር ግዜ ንእስነተይ
ሃል ሃል ዝብል ውዑይ ኃይለይ
ብዘይተርፍ ምሉእ ፍቕረይ እህበካ
ኦ ኣምላኸይ።

***ተደጋጋሚ***
መዲበ'የ ክስዕበካ
ፈትየ 'ለኹ ክኸውን ናትካሎሚ
ጽባሕ ኩሉ ግዜ ኣይምለስን
ፍጹም ኢለ።

2. ንኣኻ ፍረ ኣእምሮይ ንኣኻ
ዙፋን ናይ ልበይንኣኻ ኩሉ
ፍቓደይ ንኣኻ ጥራይ
ኣምላኸይ።

3. ኣይክእሎን'የ ኣነ በይነይ ንኡስ
እየ ድኹም ኃይለይምርሓኒ
ጎዝካ ብኢደይ ከሳብ ዝውድእ
መንገደይ።

4. ኣይፈልጥን ናይ መጻኢ ሓጐስ
ይኹን ወይ'ውን ጓሂ

እስዕበካ ኩሉ ጊዜ
ናብ ትብለኒ ተኣሚነ።

5. ዑቕባኻ'የ ኦ መድኃኒ
ብዘይካኻ መን ኣሎኒ
ካብ ጸላኢ ሓልወኒ
ናባኻ'ውን
ኣብጽሓኒ።

## 4) እጽሊ ኣሎኹ

1. ኦ ኣምላኽ ስማዕ ጸሎተይ
ከተንጽሓ ንሕይወተይ
ካብ መኣሰርቲ ክትፈትሓኒ
ካብ ሽግር'ውን ክተውጻኒ።

***ተደጋጋሚ***

እጽሊ'ለኹ ኣብ ቅድሜኻ
ንኽነጽሕ ንሓይልኻ
መንገድኻ ክትመርሓኒ
ድሌተይ'ዩ ክትረድኣኒ።

2. ክኽተሎ መንገድኻ
ደግፍኒ ብጸጋኻ
ናይ ሂወት ማይ ከተፍስስ
ኃጢኣተይ ንኽትድምስስ።

3. ኣጽዋር ናይ ሰይጣን ደምሲሰ
ክኽተለካ ገስጊሰ
መስቀል ሒዘ ክስዕበካ
ሰፈር ክረክብ ኣብ ቤትካ።

4. መዲበዮ ብዓንተቦ
ነቲ ኣሰርካ
ክስዕቦ ስለዚ'ውን
ሓግዘኒ
ብመንፈስካ ኣትብዓኒ።

## 5) ሕያዋይ ጓሳ (ክሳዕ ዝበጽሕ)

1. ሕያዋይ ጓሳ ኢየሱስ በይንኻ ዕሸል
ሕይወተይ ምራሕ ሕድርኻ
ሓደራ እብለካ ኣብ ኩሉ መንገደይ
ብመንፈስ ቅዱስ ምላእ ሕይወተይ።

***ተደጋጋሚ***

ክሳዕ ዝበጽሕ ናብ ቅዱስ ቤትካ <u>ናብ ኢየሩሳሌም</u>
<u>/2/</u>

እሙን መራሒ መዓልትታተይ ብዓወትደምድም።

2. በትርን ሙርክስን ኩነኒ ኢኻ ተግሳጽ
ክቕበል ከምኡ'ውን ጸጋኻ መጠን
ከይሓልፍ ድሕሪት ከይተርፍኣስተምህረኒ
ብቅዱስ መንፈስ።

3. ትፈልጥ ኢኻ ድኹም ምዃነይኣሳልየኒ
ብሩኽ መድሕነይ
ናይ ኩሉ ኣምላኽ ናይ ምድሪ ስማይ
ኣብቅዓኒ ጎይታ ገጽካ ንምርኣይ።

4. ኦ! ዕውት ገንሸል ብሩኽ መድሓኒኣብ
ኩሉ ጉዕዞይ ዓወት ሃበኒ ኣብ ሓዳስ
ሃገር ጸዕዳ ከም ጸምሪ ከዕርፍ ኣብኡ
ካብ ድኻም ጻዕሪ።

## 6) እኣምነካ'የ

***ተደጋጋሚ*** እኣምነካ'የ፥
እኣምነካ /2/

1. ንዝበልካዮ ኩሉ እኣምነካ ፍጻሜ
ትገብረሉ እኣምነካ ጊዜ ይንዋሕ
ይሕጸር እኣምነካ
ቃልካ ከም ዘይእሰር እኣምነካ።

2. ብዝኃለፈ ኩሉ ኣሚነካ ብዘለኹዎ
ድማ እኣምንካ ብዝመጽእ 'ተኾነ
እኣምነካ ንስኻ ሕያው ኢኻ
እኣምነካ።

3. ብምዱብ ጊዜኡ እኣምነካ ክትፍጽም
ንኹሉ እኣምነካ ከምቲ ዝበልካዮ
እኣምነካ ከም እተዛረብካዮ
እኣምነካ።

4. ወዲ ሰብ ኣይኮንካን እኣምነካ ሓሶት
ኣይጠብቀካን እኣምነካዝበልካዮ
ኪኽውን እኣምነካ ኣዚዝካ'ዮ
ኪቐውም እኣምነካ።

## 7) እኣምነካ'የ ሕያዋይ ጓሳ

1. ሕይወተይ ካብ ክፉእ ዘድኃንካያ
ብበረኸት ዝጽገብካያድሌታ ኩሉ
ዝሃብካያ
ንነፍሰይ ጐይታ ኩሉ ጊዜ ባርኽ። /2/

***ተደጋጋሚ***

እኣምነካ'የ /2/ ሕያዋይ ጓሳ እኣምነካ'የእኣምነካ'የ /2/
ኣንታ ለዋሕ ጐይታ እኣምነካ'የ።

2. ብምሕረትካን ብለውሃትካን ካብ ጸልማት'ውን
ዘውጻእካኒ
ኣብ መዝገብ ሕይወት ዝጸሓፍካኒ ንነፍሰይ ጐይታ ኩሉ
ጊዜ ባርኽ። /2/

3. ስንብራተይ ፈዊስካኒ ጭንቀተይ'ውን
ዘጥፋእካዮካብ ፈተና ዘውጻእካኒ

ንነፍሰይ ጐይታ ኩሉ ጊዜ ባርኽ። /2/

4. ረሲዐካ ዘይረሳዕካኒ
ኪሒደካ ዘይከሓድካኒ
ቅዱስ ኣቦይ ንዓኻ ክመስል
ንነፍሰይ ጐይታ ኩሉ ጊዜ ባርኽ። /2/

## 8) ንተሓጐስ

***ተደጋጋሚ***

ንተሓጐስ ባህ'ውን ይበለና ብኢየሱስ
ክርስቶስ ተሓሪና ኢና
ጥሪቱ፥ ወረስቱ፥ ናቱ ኳይና ኢና። /2/

1. ናባይ ንዑ ኣነ ከዕርፈኩም
ናብ መንገዲ ሕይወት ክመርሓኩም
ኢሉና'ዩ ኢየሱስ ንተሓጎስ ሰማያዊት
ቤቱ ንኽንወርስ።

2. ኣምላኽ ድኻኑ ክተክል ኣባናእቲ
ገንሸል ባዕሉ ክኣስየና
ናብ ማይ ሕይወት'ውን ክመርሓና
ብሰላም ናብ ቤቱ ከእትወና።

3. ናይ ዘልኣለም ቤቱ ምስ'ንወርስ
ንብዓት ካብ ኣዒንትና ክደርዝ
ጽምኣት ጥሜት ክንርስዖ ኢና ፀሓይ
ሃሩር ከቶ ነይረኽበና።

4. እቲ እሙን መንፈስ ዝሃበና ተስፋኡ
ክፍጸም ክመጽእ ኣባናነቲ ኣኽሊል
ክብሪ ክልብሰና ሰማያዊ ቤቱ
ክውርሰና።

## 9) ፍሉይ ኢኻ

1. ኦ ኣምላኽ ሣህልኻ ክንደይ ክቡር እዩፍቅርኻን
ምሕረትካን ክንደይ ዓቢ እዩኣብ ቤትካ
ክነብር ደገፍ ሓይለይ እዩ ኣሎኒ ዝብሎ
ንብረት ባሕርያትካ እዩ።

***ተደጋጋሚ***

ፍሉይ ኢኻ፥ ፍሉይ ኢኻ
ፍሉይ ኢኻ ነዓይ፥ ፍሉይ ኢኻ። /2/

2. ነእምሮይ ትኣሲ ንውሽጠይ ፃሊፍካ
ሓሳበይ ትእክብ ከይኩብልል ካባኻ
'ቲ ሑሱር ኣውጺእካ ክቡር ኣቐሚጥካንነብሰይ
ተዕርፋ ብሰላም ኣብ ቤትካ።

3. መን'ሞ የኽብር ኣምላኸይ ከማኻ፡
መንከ ይሓልየለይ ገይሩ ከም ሓልዮትካ፤ኣነ'ውን
ንርእሰይ ኣይኮንኩን ከማኻ ሓንቲ ግን እብለካ
ንዓይ ፍሉይ ኢኻ።

4. ኣምላኸይ ክሓተካ እስኪ ንገረኒ እንታይ
ሪኢኻ ኢኻ ንዓይ መሪጽካኒ፡ ብዘይካኻ ንዓይ
እንታይ ጽቡቕ ኣሎኒኣየ ክንደይ ክቡር ዕጫ
በጺሑኒ።

ፍሉይ ኢኻ፡ ፍሉይ ኢኻ
ፍሉይ ኢኻ፡ ንዓይ ፍሉይ ኢኻ /2/
ለዋህ ኢኻ፡ ለዋህ ኢኻ
ለዋህ ኢኻ ነዓይ ለዋህ ኢኻ /2/
ብሉጽ ኢኻ፡ ብሉጽ ኢኻ
ብሉጽ ኢኻ ነዓይ ብሉጽ ኢኻ /2/
ክቡር ኢኻ፡ ክቡር ኢኻ
ክቡር ኢኻ ነዓይ ክቡር ኢኻ /2/ፈቓር
ኢኻ፡ ፈቓር ኢኻ
ፈቓር ኢኻ ነዓይ ፈቓር ኢኻ

## 10) ኣልፋ ኦሜጋ

***ተደጋጋሚ***

ኣልፋ ኦሜጋ መጀመርታ መወዳእታ

ሎምን ትማልን ዘይብልካ መጨረሽታ
ተሃዊኸ ‘ለኹ ኢየሱስ ማራን ኣታ።

1. መንገድን ሓቅን ሕይወትን ኣነ እየ ትንሣኤ
ናይ ሙታን ኣነ ባዕለይ እየእብለኩም
ኣለኹ ፍቑራት ደቀየ ንዑ’ሞ ውረሱ
መንግሥተ ሰማየ።

2. መፈጸምታን ተስፋን ባዕለይ ክህበኩምሓሲበ
ኣለኹ ፍጹም ከንቅሓኩም ክትደልዩኒ’ሞ
እኔኹ ክብለኩም መደበይ እዚ’ዩ ደቀይ ባህ
ይበልኩም።

3. ኣነ እየ ባዕለይ ’ቲ ሕያዋይ ጓሳ ንልቢ
ዘህድእ ንነፍሲ ዝመልሳ ዝኣምን ክድኅን
ክወጽእ ክኣቱ መጓሰ ክረክብ ኮይኑ ምስ
ኣኅዋቱ።

4. ናይ ሕይወት እንጌራ ኣነ ኢየ ባዕለይ
ንስጋይ ዝበልዕ ዝሰቲ’ውን ደመይ
ይነብር ዘልኣለም ጸኒዑ ብሓይለይ ይእዘዝ
ንቓለይ ከይበለ እምብለይ።

5. ንስኻ ዶ ኣይኮንካን ንዓለም ብርሃኑ
ትፈጥር ተዕቢ ትልውጥ ንኹሉ ኣብ
ውሽጢ ከቢርካ ዙርያና ትሕሉ
ተመስገን ኣምላኽና መዘና ዘይብሉ።

## 11) ኣፍቂሩና’ዩ ፈትዩና’ዩ

***ተደጋጋሚ*** ኣፍቂሩና’ዩ
ፈትዩና’ዩ
ካባና ኣይኮነን ካብኡ’ዩ
ይኽበር ይመስገን ስሙ ኣሜን። /2/

1. ጌና ኃጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ሞይቱ ኣብ ክንዳና
ፍቕሩ ገለጸ ዘለዎ ኣባና ብሉጽ
ፍቕሪ ከም ዘፍቅረናኅሉፍ ፍቕሪ
ከም ዘፍቅረና።

2. ቀደም ርሑቓት ዝነበርና
ኢየሱስ መጺኡ ኣቕረበና
ካባና ኣይነበረን ክንድኅን ፈቲና ብኽምኡ
ደኣ ፍቕሩ በዝኃልና። /2/

3. በቲ ዘይውዳእ ምሕረቱ መሊሱ
ኣእትዩና ናብ ቤቱ
ካብ ርሑቕ ጸዊሩ ተሓጽዩ ብፍቕሩ ዳግም
ኣብቂዑና ንዕድመ መርዓዑ። /2/

4. ነዚ ቀደም መዲቡና ፍቓዱ
ኾይኑ ጸዊሩና ፍቕሩ
ከርኢ’ሉ ኣጽዲቑና
ዝሃብናዮ የልቦን ግናኸ ኣኽቢሩና። /2/

## 12) ትማልን ሎምን

***ተደጋጋሚ***
ትማልን ሎምን ንዘልኣለምሕያው
ኢኻ /2 / ኢየሱስ ኣይተለወጥካን
ኣሜን!

1. ብባርያኻ ሙሴ ሕዝብኻ ክትመርሕሕያው ኢኻ
/3/
ብባሕሪ ሰንጢቕካ ከተሕልፎም ከሎኻ፥ሕያው
ኢኻ /2/
እህህታ እስራኤል ርኢኻዮ ’ንዲኻኣንታ
ሕያው ብሕያውነትካ መሪሕካዮም
ኢኻ።

2. ተስፋ ዘይነበሮ ዝጨነወ ሬሳ ሕያው ኢኻ
/3/
ብዓቢ ድምጺ ጨዲርካ ናብዚ ውጻእ
ኢልካ
ሕያው ኢኻ /3/
ነቲ እምኒ ኣልዒልካ ንምዉት ኣውጺእካኣታ
ሕያው ብሕያውነትካ
ሕያው ጌርካዮ ኢኻ።

3. ዝሞተ ዓጻጽምቲ ንቓልካ ኣስሚዕካሕያው
ኢኻ /3/
ጅማውትን ሥጋን ቆርበት’ውን ከዲንካሕያው
ኢኻ /3/
ንንፋስ ኣብኣቶም ክነፍስ ኣዚዝካኣንታ
ሕያው ‘ቲ ንቑጽ ዓጽሚ ሕያው
ጌርካዮ ኢኻ።

4. ቀደም ዝነበርካ ቅድሚ ምሥራት ዓለምሕያው
ኢኻ /3/
ኣኽራን ከይተወልደ ምድሪ ከይሠረትካሕያው
ኢኻ /3/

ሕጂ ድማ ኣሎኻ ድሓር'ውን ትመጽእኣንታ
ሕያው ዘልዓለም በይንኻ ከቢርካ ትነብር።

## 13) ሕያዋይ ጓሳ (መዘና ዘይብሉ)

1. ንስም እግዚኣብሔር ክዝምረሉ'የነቲ
ልዑል ጐይታ ክባርኾ'የ
ንእግዚኣብሔር ክም ጽድቁ ከመስግኖ እየከምቲ
ርሕራሔኡ ክውድሶ'የ።

**ተደጋጋሚ**

ሕያዋይ ጓሳ መዘና ዘይብሉ
ፍቅሩ ኣይጽገብን ምሕረቱ ብዙኅ'ዩ ኢየሱስ
ሠናይ'ዩ፥ ኢየሱስ ጥዑም'ዩ።

2. ንእግዚኣብሔር ንስሙ 'ቲ ዝግባእ ክብሪነቲ
መድኃንየይ፡ ንኢየሱስ መፍቀሪ ኣብ ሰማይ
ኣብ ምድሪ፡ ንዕኡ ይኹን
ክብሪ እግዚኣብሔር
ቅዱስ'ዩ፡ ናይ ኩሉ ፈጣሪ።

3. ውዳሴ ግርማ ጥበብ ምስ ምስጋና ንዘለዓለም
ይኹን፡ ንኃያል ኣምላኽና
ንጉሥ ናይ ነገሥታት፡ ናይ ይሁዳ ኣንበሳመዘና
ዘይብሉ፡ ሕያዋይ ጓሳ።

4. ግሩም ኣምላኽይ ዝኾነ መስተንክር
ከመይሉ ኮነለይ፡ ኣብ ቤቱ ኽነብር ቅዱስ
ቅዱስ ኢለ፡ ንስሙ ክዝምር
ስሙ ይኽበረለይ፡ ልዑል እግዚኣብሔር።

## 14) ብየሱሰይ ሓራ ኾይነ'የ

1. ካብ'ቲ ናይ ኃጢኣት ሞት መውጽኢስኢነ
ላዕልን ታሕትን ክብል ቅሳንት ስኢነሓራ
ምኳነይ'ሲ ኣየስተውዓልክዎን ብኢየሱሰይ
ሕጂ ተረዲኣዮ'የ ብመዝሙር ምስጋና
ከዘንትዎ እየ።

**ተደጋጋሚ**

ብኢየሱሰይ ሓራ ኾይነ'የ በቲ
ደሙ ናጻ ወጺኤ'የ ሓራ
ምእንቲ ክኸውን ኢሉ
ክርስቶስ ሓራ ኣውጺእኒ'ዩ ኣሰይ
ንኢየሱሰይ ክዝምረሉ'የ
ከምተፈትሐት ብተይ ክዘለሉ'የ።

2. ብናይ ኃጢኣት ባርነት ዝተሰከምክዎ
ብፍቓድ ናይ ሥጋ ብዝጐየኽዎ ፍጹም
ኣኸቲሙ'ዩ ኣምላኽ ቀሪጽዎ
ኢየሱስ ኣብ ሕይወተይ ጐይታ ጌረዮ'የ
በርዑት ባርነት ኣይቑረንን ኢየ።

3. ከምታ ተኣሲራ ዝነበረት ዒሉ
ጐይታ ኪኸብረላ ፈቲሓም ዘምጽእሉ
ኣነ'ውን ብብዙኅ እሱር እየ ነይረ ኢየሱስ
ኪኸብረለይ ተፈቲሐ ኣየ ደጊም ሓዲሽ
ፍጥረት ኮይነ እየ።

4. ብዝተሰወረን ዝተሓላለኽን ምስጓም
ዝኣብየካ ፍጹም ተኣሲረንሱ ግን በለኒ
ውጹእ ሓራ ኢኻ ዝኣስረካ ኩሉ
በታቲኸዮ እየ
ካብ ሕይወትካ ኸኣ ኣንከራርየዮ'የ።

5. ኩሉ'ቲ ዝኣስረኒ ተበቲኹ'ዩ ኣርዑት
ካብ ክሳደይ ተሴሩ'ዩ ደጊሙ ዝኣስረንን
ዝመልከንን የለንብኢየሱሰይ ደጊም
ተፈቲሐ እየ
ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ክሰጋገር እየ።

## 15) ካብ መዓሙቕ ልባትና

1. ነመስግነካ ጐይታይ ነመስግነካ /2/ካብ
መዓሙቕ ልባትና ነመስግነካ ኦ
ጐይታይ ተመስገን ብስምካ።

2. ንውድስካ ጐይታይ ንውድሰካ /2/ ካብ
መዓሙቕ ልባትና ንውድሰካ ኦ
ጐይታይ ተወደስ ብስምካ።

3. ነኽብረካ ጐይታይ ነኽብረካ /2/ ካብ
መዓሙቕ ልባትና ነኽብረካ ኦ
ጐይታይ ተኸበር ብስምካ።

4. ነምልኾካ ጐይታይ ነምልኾካ /2/ ካብ
መዓሙቕ ልባትና ነምልኾካ ኦ
ጐይታይ ተመለኽ ብስምካ።

5. ንሰግደልካ ጐይታይ ንሰግደልካ /2/ካብ
   መዓሙቕ ልባትና ንሰግድላካ ኦ ጐይታይ
   ንሰግድ ንስምካ።

6. ንዕልለልካ ጐይታይ ንዕልለልካ /2/ካብ
   መዓሙቕ ልባትና ንዕልለልካ ኦ
   ጐይታይ ዕልልታ ንስምካ።

7. ሃሌሉያ ጐይታይ ሃሌሉያ /2/ ካብ
   መዓሙቕ ልባትና ሃሌሉያኦ
   ጐይታይ ሃሌታ ንኣኻ።

## 16) ንኣምላኽና መን ኣሎ ዚወዳደሮ፤

1. ኣምላኽ ንዓና መዕቆብን ኃይልን'ዩ
   ኣምላኽ ንዓና ሕይወትን ተስፋን'ዩ
   ኣምላኽ ንዓና ሰላምን ሓጎስን'ዩ ኣምላኽ
   ንዓና ዓቢ በረኸት'ዩ።

**_ተደጋጋሚ_**
ንኣምላኽና መን ኣሎ ዚወዳደሮ፤ ንኣምላኽና
መን ኣሎ ዚመሳሰሎ፤ /2/

2. ቃሉ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ እዩ ቃሉ
   እምብዛ መዓር ወለላ እዩ ቃሉ ኩሉ
   ጊዜ ጽሩይ ቃላት እዩቃሉ ንዓና
   ዓቢ መጸናንዒ እዩ።

3. ብሓቂ ጐይታ ንዓና ደሊኻ
   ንዓና ንኃጥኣን ክትጽውዕ መጺእካ
   ክንደይ የፍቅር እቲ ልብኻ
   ከምዚ ዝበለ ዓቢ ኣምላኽ ኢኻ።

4. ብምሕረትካ ወትሩ ትኸልለና
   ብጸጋኻ ወትሩ ተዕብየና ከመይ
   ኢሉ'ዩ እዚ ኮይኑልና፤
   ተቐበል ኢኻ ናይ ደቅኻ ምስጋና።

## 17) ተመስገን ኣምላኽና

**_ተደጋጋሚ_**
ተመስገን ኣምላኽና፡ ብዙኅ ኣፍቂርካና ውሉድካ
ክንከውን ንኢየሱስ ሂብካና። /2/

1. ኣብ ናይ ውድቀት ቦታ ዝተረኸበ
   ሕይወት
   ካብ ግዝኣት ናይ ሰይጣን ሂቡና ነፃነትውርደት
   ተቀንጢጡ ኃሊፉ መግዛእቲ ንጐይታና ኢየሱስ
   ኳይና መዋርስቲ።

2. ብናይ ቀደም ክብሪ ዝነበረ ሥልጣን
   ኢየሱስ ኣምላኽና ረቲዑ ንሰይጣንርእስና
   ኣቕኒዕና ብሓጐስ መሊእና ንሰይጣን
   ክንስዕሮ ንኢየሱስ ምስ
   ረኸብና።

3. ባርነት ተሪፉ ውሉድነት ሂቡና ኣኅዋተይ
   ኣዕሩኽተይ ኢሉና ጐይታና ብኽብሪ ክንነብር
   ጸጋኡ መሊእና ንመንፈሱ ኣውሪዱ ኣብ ልዕሊ
   ኩላትና።

4. ኣብ ልዕሊ ገጽ መሬት ክንከውን ዝኃረየና
   ንሰይጣን ክንስዕሮ ሥልጣኑ ሂቡና ንሰይጣን
   ክንስዕሮ ዕርድታቱ ኣፍሪስና ነፍሳት ንኽንማርኽ
   ኃይሊ ተዋህበና።

## 18) እግዚኣብሔር ካባኻ ኾይኑልና

**_ተደጋጋሚ_**
እግዚኣብሔር ካባኻ ኾይኑልና ብኣኻ
ኾይኑልና፥ ንኣኻ ምስጋናኩሉ ምስጋና
ውሰዶ ንስኻ
ኩሉ ውዳሴ ውሰዶ በይንኻኢየሱስ
ውሰዶ በይንኻ።

1. ምድኃና እንተኾነ ብኣኻ'ዩ፥ ኢየሱስ
   ብኣኻ'ዩ
   ምዝማርና'ውን ብጸጋኻ'ዩ፥ ኢየሱስ
   ብጸጋኻ'ዩ
   ካባና ዝኾነስ ገለ የብልናን፥ንሕናስ
   ገለ የብልናን
   ኩሉ ካባኻ'ዩ ኢየሱስ በይንኻ፥እወ
   ኢየሱስ በይንኻ።

2. ብኃይሊ ክእለትና ኣይኮነን ምግልጋልና፥ኩሉ
   ምግልጋልና
   ብመንፈስካ እዩ ኩሉ ጉዕዞና፥እወ
   ኩሉ ዕዮና
   ኩሉ ኣባይትና ጐልጐል እንዳገበርካ፥ሜዳ
   እንዳገበርካ
   ኩሉ ሳዕ ብዓወት ትመርሓና'ለኻ፥

ትሕግዘና'ሎኻ።

3. ብዘልዓለማዊ ፍቕርኻ ስሒብካና፥ናባኻ ስሒብካና
ብምሕረትካ ኸኣ ከሊልካና ደው ኣቢልካና፥
ኣብ ቤትካ ተኺልካና
ብዘይቲ መንፈስካ ርእስና እንዳቐባእካ፥ኣሜን እንዳቐባእካ
ኣብ ኣደባባያት ኣኽቢርካና'ሎኻ፥ሞጒስካና'ሎኻ።

4. ንኽብርኻስ ማንም ኣይወዶንዩ፥
ማንም ኣይወስዶን'ዩ
ካባኻን ብኣኻን ንኣኻን'ዩ፥ እወ ንኣኻ'ዩ
እግዚኣብሔር ንስኻ ኣብ ቅዱስ መቕደስካ
ኣሎኻ፥ ኣብ ሰማይ ኣብ ዝፋንካ'ሎኻ
ብፍታው ልብና ንግዝኣካ፥ ፈቲና ነምልኸካ።

## 19) ምስ ኢየሱስይ ክነብር እየ

1. ምስ ኢየሱሰይ ክነብር እየ ንምሉእ ሕይወተይ
ኩሉ ሽግር ናይ'ዚ ዓለም ንሱ ኣርሒቑለይ
ንኢየሱሰይ ምስ ረኽብኩ ዘድልየኒ ነይብለይ
ንሕይወተይ ብምዕራፉ ሰላም ኣብዚኁለይ።

***ተደጋጋሚ***
ክስዕቦ'የ ክኸተሎ ነቲ ዝተበጀወለይ ስሌኡ'ውን
እውፊ ነዛ ድኽምቲ ነፍሰይ።
/2/

2. ካብ'ቲ መስቀል ዝወሓዘ ሕይወተይ ዘተርከሳ
ካብ ኃጢኣት ናይ'ዚ ዓለም ሓራ ዘውጽኣኒ
ብርሃንን ዋልታን ጸግዕን'ውን ዝኾነኒ ቃል
ፍቕር መድኃኒየይ ኣብ ልበይ ኣሎኒ።

3. ነቲ ኣብ'ቲ መስቀል በይኑ ዝወዓለምእንቲ
ኃጢኣተይ ሕይወቱ ዘኅለፈ
ንእኡ ንምኽታል ጥራይ እዩ ሃብተይ ካብኡ
ኣይፍለይን'የ ክሳብ ጊዜ ሞተይ።

4. ካብ'ዚ ናይ ጭንቀት ዓለም'ውን ምስ ተፈለኹ
ክነብርየ'የ ምስ መድኃነይ ኣብ'ቲ ብጽዕናኡ
ሽግረይን መከራይን ብኹሉ ጭንቀተይሽዑ
ክድምስሶ'ዩ ንእኡ ምስ ረኸብኩ።

## 20) ክብሪ ምስጋና ውዳሴ ምስ ግርማ

1. ንኣምላኽ ኣብ መቕደሱ ኣመስግንዎ!ኣብ ጠፈር ሥልጣኑ ኣመስግንዎ! ትንፋስ ዘለዎ ኩሉ የመስግኖ።

***ተደጋጋሚ***
ክብሪ ምስጋና ውዳሴ ምስ ግርማ ይኹን
ነዓኻ ፈጣሪና። /2/

2. ስለ ግብርታት ኃይሉ ኣመስግንዎ!ከም ብዝኂ ዕብየቱ ኣመስግንዎ! ትንፋስ ዘለዎ ኩሉ የመስግኖ።

3. ብድምጺ መለኸት ኣመስግንዎ! ብበገናን መሰንቆን ኣመስግንዎ! ትንፋስ ዘለዎ ኩሉ የመስግኖ።

4. ብከበሮን ሳዕስዒትን ኣመስግንዎ! ብቃና እምብልታን ኣመስግንዎ! ትንፋስ ዘለዎ ኩሉ የመስግኖ።

5. ብድምጺ ጸናጽል ኣመስግንዎ! ብጥዑም ዝደሃዩ ኣመስግንዎ! ትንፋስ ዘለዎ ኩሉ የመስግኖ።

## 21) ተሓጒስና ነመስግኖ

1. ክርስትያን ኣይትጎዝን በዚ ናይ'ዛ ዓለምናብራ
ኩሉ ጊዜ ኣሎ ድኻም ሽግር ወይ መከራስለዚ
ንቕድሚት ኣቕንዓዮ መንገድኻ ናይ ዘልዓለም
ጕይታ ኣይተጎዝኖ
ሓደራኻ።

***ተደጋጋሚ***
ተሓጒስና ነመስግኖ በቲ ተስፋ ዝሃበና
ክወስደና ኪመጽእ'ዩ ናብታ ሰማያዊት ቤትና።

2. ድኻም ኃዘን ሽግር እንተ ከበበ ኣብ
ዙርያኻ
ብእምነት ጸሊ'ሞ ረዲኤቱ ክህብካ ጸልማት
ተመሲሉ እትርእዮ ነገር ኩሉጐይታ
ኣይድርብየካን እሙን እዩ በቲቃሉ።

3. ኢየሱስ ኪመጽእ'ዩ ብመላእኽቱ ተዓጂቡ
ክወስደና እዩ ናብቲ ሰማያዊ ቤቱ ጐይታ
ይሕሸና ሰላም ሓጐስ ዝህበና ኣብቲ መጨረሽታ
ኣብ መንግሥቱ ኬእትወና።

## 22) ለውጣ ለውጣ ሕይወተይ

***ተደጋጋሚ***
ለውጣ ለውጣ ሕይወተይ ለውጣ ኦ
ጎይታይ
ንዓኻ ከም እትመስል ግበራ ኦ ኢየሱስ
ሕይወተይ።

1. ክሳብ መዓስ'የ ክንነብር በዚ ሕይወትንኣኻ
ምቅዋም ነፍሰይ ተሰለፈት ክነብር ኣይደልን
እናሕዘንኩ ንዓኻ ሕይወተይ ለውጣ
ጎይታይ ሓደራኻ።

2. ሕይወተይ ይተሓደስ ይለወጥ ይቀየር ኣነነተይ
ጠፊኡ ክብርኻ ይመስከር ልበይ'ውን ይሰበር
ይርዓድ ኣብ ቅድሜኻኣብ ትሕቴኻ ይዕረፍ
ክሓፍን ጸጋኻ።

3. መንፈስካ ይርድኣኒ ሕይወት ንኽረክብናይ
ዓለም ነገራት ፍጹም ከይሓስብ ኩሉ ጊዜ
ናትካ ጽምኣት ክሓድረኒ ኢየሱስ መድሕነይ
ንዓ ለውጠኒ።

4. ጊዜይ ኣጥፊኤዮ ክርስትያን ብምምሳል
ዕድመይ ተፋሪቑ ንዓኻ ብምትላል ሕጂ ግን
ይኣኽለኒ ናይ ኣፍ ክርስትያንኣንጉዐይ
ኣፍሲሱ ንነፍሰይ ዜማስን።

## 23) ኣይኃደግካናን ሃሌ ሉያ

***ተደጋጋሚ*** ኣይኃደግካናን!
ሃሌሉያ!ኣይኃደግካናን!
ኣሜን!
ኣሕሊፍካ'ውን ንጸላኢ ኣይሃብካናን።

1. እቲ ሕሱም ሰይጣን ተጻራርየይኩቶ
ኣይዓርፍን ካብ ምፍታነይእሙን
ጎይታ ግን ኣይገደፍካንንብኣይ
ክትኩብር ኣይነዓቕካንን።

2. ሰይጣን ክጓዝም ብርክይ ረዓደርእሰይ
ኣድኒነ ተስፋ ቖሪጸ ንስኻ ግን
ጎይታይ ምሳይ ነበርካ
ብሰይጣን ክግዛእ ኣይሓደግካንን።

3. ወትሩ ብዘይ ፍርሓት ዕልል ክብል'የኣብ
ኩሉ ናብራይ ከመስግነካ'የ
ዕጹብ ክቡር ኢዩ ጎይታ ኩሉ ትእዛዝ
ኣብዛ ዕሽል ነፍሰይ ሓይልኻ ግለጽ።

4. ወንጌል ናይ ጽድቂ ክትነብር'ያደጌታት
ሲኦል ኣይኀይልዋን ንስምካን ደምካን
ኣጽዋርና ጌርናክንኣቱ ኢና ከንኣን
ሃገርና።

## 24) ብምሕረትካ ተኣሚነ

***ተደጋጋሚ*** ብምሕረትካ
ተኣሚነ
ኣብ ትሕቲ ዙፋንካ ኾይነ
ክልምን'የ ኦ ኣምላኸይ ነዓ
ሓግዝ ንድኻመይ።

1. ዝሞትካለይ ኣብ ጎልጎታ
ንሕይወተይ ኩና ዋልታ ኣብ'ቲ
መስቀል ዝወዓልካገበነይ
ደምስስ ብደምካ።

2. ዓይነይ ናብ ዓለም ጠሚታ
ተውሒጣ ብትምኒታ
ብሥርሐይ ብሓሳበይ ኣሕዚነካ
የዋህ ጐይታይ።

3. መሓረኒ ሕጸበኒ

ብመንፈስካ ለውጠኒ ኣብ
እግርኻ ተምበርኪኸ
ከትምሕረኒ ተሃዊኸ።

4. በዕይንትኻ ጠምተኒ ብምሕረትካ
ኣፍልሰኒ ከገልግለካ ኦ ኣምላኸይ
ፍቕርኻ ኣንብር ኣብ ልበይ።

## 25) ጸጋኻ ሃበኒ

1. ክርስቶስ ኣምላኸይ መድሕን ናይ ሕይወተይ
ክርዳእ ፍቕርኻ ሓድሰ ኣእምሮይ ሠናይካ
ክዝክር ሞያኻ ክጽብጽብ ከመስግነካ
ኀይታይ ንዓኻ ክስዕብ።

***ተደጋጋሚ***

ጸጋኻ ሃበኒ ሕደን በደለይ
ከም ብዝኒ ምሕረትካ ሓድሳ ንነፍሰይ። /2/

2. ኣበሳይ ከቢድ'ዩ ምስካሙ ጸገም
ግንከ ተስፋ ኣሎኒ ኣብ ጐይታ ዘይጠልም
ክንብርከኽ ከለኹ ክጥምት መስቀልካ ከም
ቃልካ ጐይታየ መልሰለይ ኢኻ።

3. ካባኻ ርሒቐ ብዙኅ በዲለካ
ግንከ ኣይጠፋእኩን ስለ ክቡር ደምካ
ሓሳበይ መንገደይ ብኹሉ ድሌተይ ከግዛእ
ነዓኻ ሓግዛ ንነፍሰይ።

4. ካብ መሪር ኃጢኣተይ ካብ ክፉእ በደለይደጊም
ሓራ እየ ጐይታይ ከፊሉለይ ክብሪ ምስ
ምስጋና ውዳሴ ምስ ግርማኩሉ ንኣኻ ይኩን
ክርስቶስ ኣምላኸና።

## 26) ክብሪ ንዘለዓለም ይግብኣካ

1. ክብሪ ንኣኻ እግዚኣብሔር ክብሪ ንኣኻ ክብሪ ንኣኻ እግዚኣብሔር ክብሪ ንኣኻ ክብሪ ንዘለዓለም ይግብኣካ
ኣሸናፊ ጐይታ ኢኻ ርኢናካ። /2/

_ ሞገስ ንኣኻ እግዚኣብሔር ........
_ ስግደት ንኣኻ እግዚኣብሔር .......
_ ኣምልኾ ንኣኻ እግዚኣብሔር .........
_ ውዳሴ ንኣኻ እግዚኣብሔር ...........
_ ዕልልታ ንኣኻ እግዚኣብሔር ..........
_ ሽብሽባ ንኣኻ እግዚኣብሔር ...........
_ ማህሌት ንኣኻ እግዚኣብሔር .........
_ ጣቕዒት ንኣኻ እግዚኣብሔር ..........

## 27) ኮብሊለ ነበርኩ

1. ኮብሊለ ነበርኩ ብጽሒተይ ኂዘ
ናብራይ ከመሓይሽ ኣብ ዘይዓደይ ከይደ
ኣዝማደይ ገዲፈ ካብ ዘፍቅሮ ኣቦይ ዘሎኒ
ኣጥፊአ ንኽምለስ ቤተይ።

***ተደጋጋሚ***

መጺአ ኣቦይ ተቐበለኒ /2/ኣነ
ጥፉእ ወድኻ።

2. ዝበልዖ ስኢነ ኣካለይ ጎዳእኩ
ኣብ ዘይፈልጦ ዓና ከሠርሕ ጀመርኩብጭንቂ
ከሠርሕ ለይቲ ምስ መዓልቲተስፋ ሰኣንኩሉ
ከም ጸልማት በዓቲ።

3. ዝበልዖ ነይብለይ ወይ ድማ ዝሰትዮ ሽዑ
ተረዳእኩ ናይ ቤት ኣቦይ ዕዮ መንፈሰይ
ክጭነቕ ሰላም'ውን ስኢነ ዓሪቐ ነበርኩ
ዘርሞ ዘርሞ ኮይነ።

4. ብገዛእ ድሌተይ ኃጢኣት ለሚደ መኻሪ
ዘይብለይ እኳ ዋላ ሓደ ብናይ ዓለም
ፍቅሪ ኣዝየ ተታሊለ
ሕይወተይ ወፌኹ ኣብ ዓለም ኮብሊለ።

5. ገጸይ'ውን መለሰኩ ናብ'ቲ ፍቑር ኣቦይክዕረቕ
ወሰንኩ ምስ ብሩኻት ስድራይ ኣቦይ መጺአ
ኣሎኹ ብጣዕሚ በዲለ ይቕሬታ ክሓትት ኣብ
ኣፍ ደገ ኮይነ።

6. ብታሕጓስ ሓኒቑ ገጸይ ሰዓመኒ ይቕሬታ
ብምግባር ንቤቱ ኣእተወኒሞይቱ ዝነበረ
ረኺበዮ ሞገስ
ስብሕቲ ኣምጽኡሉ ንብላዕ ንተሓጐስ።

## 28) ጐይታይ ኢየሱስ

***ተደጋጋሚ***

ጐይታይ ኢየሱስ መርምረኒ ካብ ኣበሳይ ሕጸበኒ
ብመንፈስካ ተመሊኤ ክስዕበካ ቀንዴለይኒዘ።

1. ነፍሰይ ካባኻ ርሒቓ
   ትነብር ኣላ ጠፊኣ
   ብሣህልኻ መሓረኒ
   ኢድካ ሰዲድካ ኣውጽኣኒ።

2. ኲሉ ኣብ ዓለም ዘሎ ርእየ ሓጐስ
   ዝህብ'ውን ስኢነ ድኅሪ ንፋስ
   ከም ምጉያይ'ዩ
   ጐይታ ኢየሱስ እንተዘይብሉ።

3. ትርጉም ሕይወት ዝረኸበሉ
   ሎሚ መልሲ ረኺበሉ ልበይ
   ንጎይታ ከፊተ ዕረፍቲ ሰላም
   ረኺበ።

## 29) መሓረኒ ጐይታይ ደንግጸለይ ኢኻ

1. ካባኻ ርሒቐ ከይርከብ ኣብ ውድቀትነፍሰይ
   ከይትጠፍእ ተኣሲራ ኣብ
   ኃጢኣት
   ፍርደይ'ውን ከይከውን ናይ ዘለዓለምሞት
   ጐይታይ ጠምተኒ ከምቲ ናትካ
   ምሕረት።

***ተደጋጋሚ***

መሓረኒ ጐይታይ ደንግጸለይ ኢኻ (2)ምሕረትካ ሃበኒ ክነብር ምሳኻ።

2. ብሣህልን ምሕረትን ጐይታይ ምሉእኢኻ
   መንከ ጠጠው ክብል ቆይሙ ኣብ
   ቅድሜኻ
   ናትካ ኢና ጐይታ ኣይትመንነናኣብጊዕካ
   ኢና ባዕልኻ ጓሰየና።

3. ተመስገን ክብለካ ስለ'ቲ ምሕረትካ
   እንትርፊ ምስጋና የልቦን ዘቕርበልካ ካብ
   መዓሙቕ ልበይ ምስጋናን ውዳሴንተቐበል ኦ
   ጐይታይ ሃሌሉያ ኣሜን።

## 30) ምስጋና ሃሌ - ሉያ

1. ናይ ዓለም መከራ ጭንቀት ምስ ፈተና ብኃይሊ
   ጐይታ ኢየሱስ ክንስዕሮ ኢና ንብዓትና
   ብመዝሙር ሓዘንና ብደስታከምዚቕይሮ
   ነኒሩና ጐይታ ... ምስጋና!

***ተደጋጋሚ***

ምስጋና ሃሌ ሉያ ምስጋና፥ ምስጋናንኢየሱስ ምስጋና!
ይግብኣካ'ዩ ኣምላኽና፥ ኣምላኽና
ዝኾንካ መድኅና /2/

2. ብብዝኒ ኃጢኣትና ጐይታ ኣይደርበየናን
   ኣምላኽና ብመዓቱ ኣይተቐበለናን
   እዚ ርኅሩኅ ኣምላኽ ናይ ሡራዊት
   ጐይታ
   ኣብ መስቐል ወዓለ ንምኽፋል ዕዳና፥ ....
   ምስጋና!

3. ኣብ ዓለም ከለኹ ንዓኻ ኣኽቢረ ብመከራ
   ክኃልፍ ንስምካ ጸዊዐ ዓለም ብምልኣታ
   እንተነዓቐትኒ ከቶ ዘይትጠልም ንስኻ
   ኣሎኻኒ ....
   ምስጋና!

4. ዓለም ብምልእታ ኣብ ኢድካ ዝኃዝካክብሪ
   ንስምካ ይኹን ኦ ክቡር ኣ
   ኣምላኽና
   ናይ ልቢ ዕረፍቲ ሰላም ዝሃብካና መሥዋዕትና
   ተቐበል ኦ ፍቐር ኣምላኽናምስጋና!

## 31) መንፈስ እግዚኣብሔር ቀብኣኒ

***ተደጋጋሚ***

ኣብ ክንዲ ሓሙኽሽቲ ዘውዲኣብ
ክንዲ ሓዘን ሓጐስ
ኣብ ክንዲ ጓሂ ምስጋናኣብ
ክንዲ ነውሪ ክብሪ
ኣብ ክንዲ ጸርፊ ሞገስ - ከበስርዓመት
ጸጋ እግዚኣብሔርን

መዓልቲ ሕነ ኣምላኽናን ከእውጅ - ለኣኸኒ

1. ንትሑታት ብስራት ክነግር ልቦም
   ንዝተሰብረ ክዝንን ንምሩኻት ሓራ
   ከውጽእ ንእሱራት ምፍታሕ
   ክእውጅንሕዙናት ኩሎም ክጸናንዕ
   መንፈስ እግዚኣብሔር ቀብኣኒ /2/

2. ኣእዋም ጽድቂ ኪበሃሉ
   ተኽሊ እግዚኣብሔር ኪስመዩ
   ዖናታት ቀደም ኪሓንጹ ፍሩስ
   ከተማ ኬሓድሱ ኣገልገልቲ
   ኣምላኽ ኪበሃሉ
   መንፈስ እግዚኣብሔር ቀብኣኒ /2/

3. በረኸት ኣምላኽ ኪለብሱ ዘለዓለማዊ
   ኪዳን ኪቕበሉ ዘለዓለማዊ ሓጐስ
   ኪረኽቡ ኣብ ርእሶም ኣኽሊል
   ኪደፍኡጽድቅን ምስጋናን
   ኬብቍሉ
   መንፈስ እግዚኣብሔር ቀብኣኒ /2/

## 32) ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ

***ተደጋጋሚ***

ኦ ኣምላኽ ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ
ጽኑዕ መንፈስ ድማ ኣብ ውሽጠይ ሓድስ።
/2/

1. ኦ ኣምላኽ ከም ሣህልኻ መሓረኒካብ
   ኣበሳይ ኣጸቢቕካ ሕጽበኒ
   ካብ ኃጢኣተይ ብደምካ ኣጽርየኒ
   ክነጽሕሲ ብስምዕዛ ኣጽርየኒ።

2. ኦ ኣምላኽ ኣይትደርብየኒ ካብ ገጽካእ
   ጐይታይ ኣይተግፈኒ መንፈስካምለሰለይ
   ድኣ ሓጐስ ምድኃንካ መሃረኒ በቲ
   ቅዱስ ቃላትካ።

3. ንኃጢኣተይ ካብ ገጽካ'ንዶ ከውሎምሉእ
   ሓጐስ ኪስምዓኒ ብተሎ ንመንፈስካ ኣብ
   ልዕለይ ኡፍ በሎክሽውን ንዕቤትካ
   ዝተዳሎ።

4. ኦ ኣምላኽ ኢኻ ኣምላኽ ምድኃነይ
   ዕልል ክብለልካ ፍታሕ በል ልሳነይ
   ከመስግነካ ኸፈት ከናፍረይ መሥዋዕተይ
   ንሱ'ዩ ተቐበለለይ።

***ተደጋጋሚ***

ኣነ ንኣኻ ጥራሕ በደልኩ
ኣብ ቅድሜኻ'ውን እከይ ገበርኩ። /2/

## 33) ኦ ኢየሱስ ፍቅርኻ ዓቢ'ዩ

1. ኦ ኢየሱስ ፍቕርኻ ዓቢ'ዩ
   ክሓስብ ከለኹ ንበይነይ
   ኣብ ጌተሰማኒ ኩሎም ገደፉኻ ንስኻ
   ግን ምእንታይ ተጨነቕካ።

***ተደጋጋሚ***

ይገርመኒ ይገርመኒ ምሕረትካእዚ
ኩሉ ካበይ ኮነለይ፤
ንዓኻ ምፍላጠይ ጥራሕ እዩ ሃብተይ
ኢየሱሰይ መድኅን ናይ ሕይወተይ።

2. ኣብ መስቀል ቀራንዮ ክትጭነቕ ከሎኻሰይጣን'ውን
   ሰለጦ ንጊዜኡ
   ድኃር ግን ተሳዕረ ምስ ኩሎም ጭፍራኡእ
   ኢየሱስ ናይ ዓወት ኣምላኸይ።

3. ንስኻ ፍቕርኻ ኣርኢኻኒኣነ
   ግን ሥርሒይ ረስዔ
   ተጻወትኩ ዓንደርኩ ቅኑዕ መሲሉኒግን
   ሕጂ ኣዕይንተይ ተኸፍተ።

4. ኣምላኸይ ኣይትፈለይኒ ነዘን
   ውጉዳት ዓመታተይ
   ንሰይጣን ክስዕሮ ኣብ ኣኽናፍካ ኣጽሊለድኃር'ውን
   ክነብር ምሳኻ።

## 34) ስምካ ሰላመይ ኮይኑኒ

1. ብስምካ ተሰምየ ኩሉ ኃሊፈዮ ኃይልታት
   ጸልማት'ውን ኩሉ ሰጊረዮእምነተይ ኮይኑኒ
   እቲ ኃያል ስምካ ኩሉ ሰጊረዮ ኣምላኸይ
   ብኣኻ
   ኩሉ ሰጊረዮ ኢየሱሰይ ብኣኻ።

***ተደጋጋሚ***
ስምካ ሰላመይ ኮይኑኒ ስምካ
ጽንዓተይ ኮይኑኒ ስምካ ደገፈይ
ኮይኑኒ ስምካ ረዲኤተይ
ኮይኑኒ።

2. ጸላእተይ ከሲሶም ንኽድምስሱኒ ካብቲ
ናትካ ጸጋ ጨሪሶም ከጥፍኡኒስምካ ምስ
ጸዋዕኩ ኩሎም ተበተኑ
ሓደ'ኳ ከይተረፈ ከምዘይነበሩ ኮኑ። /2/

3. ኣበይ'ሎ ኣምላኽካ ዝበሉኒ ኩሎም ዘይሰምዕ
ዘይዛረብ ከምኦም መሲልዎም ብስምካ ተሰምየ
ኣምላኸይ ምስ በልኩ ጸላእተይ ሓፊሮም ኩሎም
ተምበርከኹ።
/2/

4. ኃይለይ'ዩ እቲ ስምካ ካብ ኩሉ ዘዕርፈኒ
ብየማን ብጸጋም ንዝዋግኡኒ
ስምካ'ዩ እቲ ሰይፈይ ዓወት ዝረኽበሉክሳድ
ናይ ጸላእተይ ዝቖራርጸሉ ክሳድ ናይ
ጸላእተይ ዝመታትረሉ።

## 35) ኣምላኽ ሰማይ

1. ኣሽሓት ኣእላፍ መላእኽትኻ ይሰግዱ'ለውኣብ
ቅድሜኻ
ሥልጣንን ኃይልን ናትካ'ዩ ግርማን ክብርንእናበሉ
ንሕናውን ኣብዛ ምድሪ ስለ ዘይብልካመሳሊ
ነምልኽካ ተቓኒና ንባርኽካ ደው ኢልና።

***ተደጋጋሚ***
ኣምላኽ ሰማይ ንጉሥ ኩላ ምድሪ ኣምላኽ
ሰማይ ንጉሥ ኩላ ምድሪ ስምካ ይባረኽ ኣብ
ሰማይ ኣብ ምድሪ ስምካ ይባረኽ ኣብ ሰማይ
ኣብ ምድሪ።

2. ፍቓድካ ወሰን የብሉን ዕቤትካ ደረት የብሉን'ታ
መንግሥትኻስ ሕያው'ያ ዘይትነቓንቕ እውን'ያ
ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ የለን ቦታኻ
ዝትክእ
ዝፋንካ ንዘለዓለም ጸኒዑ ይነብር ኣሎ።

3. ኣታ ንፈትወካ ፍትውና ንባርኽካ ኣሎናስምካ
ምምስጋን ክብርና ንሱ'ዩ ዓቢ ሓጐስና።
ስለዚ ሱቕ ኣይንብልን ምምስካር
ኣይነቛርጽን
ከቢርካ ክንርኢ ከሎና ብኡ ትዓግብ
ሕይወትና።

## 36) ዓርከይ ኮይኑ ዝኃልየለይ

***ተደጋጋሚ***
ኣብ ሽግረይ ኣብ ሓዘነይ ዓርከይ
ኮይኑ ዝኃልየለይ ንኣዕይንተይ
እንካብ ንብዓትንሕይወተይ
እንካብ መዓት።

1. ኣይረኣኹን ኣነ ኽምኡ እሙን
ዓርኪ ብዘይክኡ ኣቦ ፍቕሪ
መፍቀርየይ ግዜ ሽግር
መዕቆብየይ።

2. ኣብ ጭንቀተይ ኣብ ሕስረተይኣብ
ውድቀተይ ኣብ ውርደተይ
ኣይገድፈንን ይርሕርሓለይ ይደርዘለይ
ንንብዓተይ።

3. ዘይነሓፈ ንሕይወቱ በጃ
ይሓልፍ ንጥሪቱ
ክሳብ መስቀል ከም ሰራቂ
ተበጀወለይ ኣቦ ጽድቂ።

4. ተሸጊሩ ምእንታና ደሙ
ዛርዩ ዘድኃነና
ሕሉፍ ፍቕሩ ገሊጹና
ካብ ኃጥያትና ኣንጽሕና።

## 37) ኣይደልን'የ ክፍለየካ

1. ካባኻ ርሒቐ ናበየ ዝኸይድ እንታይ'ከ
ከረክብ ካባኻ ዚበልጽኣይደልን/2/
ክፍለየካ
ሓንሳብ ንዘልዓለም መሪጸካ ሠናይካ
እንድዩ ለሚዱ ልበይ
ክፍለ ነይገብረለይ
ጽቡቕካ 'ንድዩ ለሚዱ ልበይ

ክፍለ ነይገብረለይ። /2/

***ተደጋጋሚ***
ኣይደልን'የ ክርሕቕ ካባኻ
ኣይደልን'የ ክፍለየካ
እንታይዶ ጽቡቕ ኣሎኒ'ዩ ኢየሱስ ብዘይካኻ፤
ጽባቐይ ክብረተይ ዝምክሓሉ ሃብተይ
ናይ ዘልዓለም ርስተይ ንስኻ
'ንዲኻ ኦ ኢየሱስይ
ንዘልዓለም ዘይትበርስ ሃብተይ።

2. ኣነ ንክኽብር ዝተዋረድካለይ ሕይወት
ንኽረክብ ንስኻ ሞትካለይሰላመይ/2/
ወሓዚ ጌርካዮ ብስንብራትካ ቁስለይ
ፈዊስካዮ
እዚ እንዳርኤኹ ኣነ ፈጺመ ነይፍለ
እንተደሌኹ'ኳ ነብሰይ ነይገብረለይ። /2/

3. ኣብ ሞንጎ ኣማልኽቲ ከማኻ ዝበለብዕቤቱ
ዝፍራሕ ገባር ተኣምራት ከማኻ/2/ ዝኸበረ
መን'ዩ
ልዕል ዝበለኽ እንታዋይ'ዩ፤
ንዝተበጀኻዮ ብምሕረት ትመርሕ
ነብሰይ ብፍተወታ ድሕሬኻ ትጠብቕ። /2/

4. ብዘይካኻ'ሞ መን'ዩ ካልእ ኣምላኽ፤እወ
ብዘይካኻ መንከ ኣሎ ከውሒ፤ካብ
ልበይ/2/ ኣፍቕረካ እየ ክገልጸልካ ፍቕረይ
ብዜማ ገይረ
ኦ ኣምላኽ ክብረይን ልበይን ኣንቂደን ሠናይካ
ከዘንቱ 'ምበር ካባኻ'ስ ነይፍለ። /2/

## 38) ሠናይ ኢኻ እወ ሠናይ

***ተደጋጋሚ***
ሠናይ ኢኻ እወ ሠናይ /2/ብባህሪኻ
ሠናይ ኢኻ
ሠናይ ድማ ትገብር ኣሎኻ።

1. ኣጉባዝ ይደኽሙን ይሕለሉን ኣባጽሕ'ውን
ሰንከልከል ኢሎም ይወድቁእቶም ንኣኻ
ዝጽበዩኻ
ኃይሎም እናበርትዐ ክደምቁ'ዮም ገና።

2. ኣኽራን ብነድሮም እንተንቀጥቀጡማያት
ዓፊሮም እንተተናወጹ
በዚ ሠናይካ ኣይልወጥን'ዩ ሰንደቕ
ዕላማኻ ፍቕሪ ኢዩ።

3. ሕማቕ ክትርኢ ኣይክእለልካንዩ ርሱዕ
ምዝካር ባህሪኻ እዩ ንጭኑቕ ሽጉር
ፍትሒ ተውጽኣሉልማድካስ ወትሩ
ሠናይ እዩ።

4. እቶም ንኣምላኽ ዘፍቅርዎ ከም
ምኽሩ'ውን ዝተጸውዑ ኩሉ
ነገር ንሠናዮም
ከም ዝድግፎም ኣይንጠራጠርን።

## 39) ታሪኽ ትቕይር

1. ታሪኽ ትቕይር'ምበር ኣይትቕየርን ኢኻነገር
ትልውጥ'ምበር ኣይትልወጥን ኢኻብዙኃት
ኢዮም ብኣኻ ዝተኸፍተሎም ኣነ'ውን ምስክር
ኢየ ካባታቶም። /4/

***ተደጋጋሚ***
ታሪኸይ ለዊጥካ ደው ኣቢልካኒ እዋይ ኣለኹ
ኣብ ቤትካ ተሰማሚዑኒ /2/
ተሰማሚዕኒ /2/ ኣዝዩ መቂሩኒ /2/ ኢየሱስ።

2. ንያዕቆብ ኣብ መንገዲ ተራኺብካዮ ንስሙ
ብእስራኤል ኢልካ ለዊጥካዮ ናተይ'ውን
ታሪኸይ ገላቢጥካዮ
በቃ ተቐዪረ ኩሉ ረሲዐዮ። /4/

3. ንሳውል ኣብ መንገዲ ተራኺብካዮ ብብርሃን
ጸዳልካ ታሪኹ ለዊጥካዮ ኣነ'ውን ምድሓንካ
ምስ ተገልጸለይ ሓዲስ ሰብ ኮይነ ኩሉ
መሊኡለይ። /4/

4. ነገራት ኩሉ እንተዘይሰለጠ ኩነታት'ውን
ኩሉ እንተተለወጠኣነስ ኣይስንብድን
ኣይናወጽን'የ
ንስኻ ኣለኻ'ንዶ እንታይ ከይከውን'የ። /4/

## 40) እራብ ናብ ዓይኒ ማያት

1. ኣምላኽካ ኣበይ ኣሎ ኢሎም ከጨንቑኒ ንብዓት
ተቐለብኩ ለይቲ ምስ መዓልቲ ቅድሜካ
ክኸውን መዓስ ኮን ክመጽእ

ነፍሰይ ነቲ ሕያው ኣምላኽ ትዘምር።

***ተደጋጋሚ***
እራብ ናብ ዓይኒ ማያት ከም እትናፍቕ ከምኡ ኸኣ
ነፍሰይ ኦ ኣምላኽ ትናፍቐካ'ላ፥ትናፍቐካ'ላ።

2. ነፍሰይ ስለምንታይ ትጉህዪ ኣሎኺ፤
ንምንታይ ኣብ ውሽጠይ ትህውኺኒ፤ስለ
ምድኃን ገጹ ግና ከመስግኖ'የ ተስፋኺ ኣብ
ኣምላኽ ጥራሕ ግበሪ።

3. ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ትጽበዮ ኣላከም
ቃሉ'ውን ተስፋ ትገብር ኣላ ኃለፋ'ቶም
ወጋሕታ ዝጽበዩ ሓለውቲነፍሰይ
ንእግዚኣብሔር ትጽበዮ ኣላ።

4. ኣዕይንተይ ናብ ኣኽራን አልዕል ኣለኹረዲኤተይ
ካበይ እዩ ዝመጸኒ፤ ረዲኤተይሲ ካብ'ቲ
ንሰማይን ምድርንዝገበረ እግዚኣብሔር እዩ
ዚመጸኒ።

## 41) ካብ ምሕረትካ ዝተላዕለ'ዩ

1. ካብ ምሕረትካ ዝተላዕለ'ዩ ደው ኢለ ዘለኹ
ምውጽኣይ ምእታወይ ብኣኻ ተሓልዩ ማዕበል
ኪገላበጥ ኪናወጽ ኣኽራናት ቅልጽምካ ተተርኢሰ
ኣለኹ ብህድኣት/ ዘመናት።

***ተደጋጋሚ***
ምሕረትካ'ዩ /4/ ፍቕርኻ'ዩ /4/
ኣብዚ ዘብጽሓኒ፤ ካባይ ዝኾነ ነገር የለን /2/
ብኣኻ'ዩ፤ ኩሉ ብኣኻ'ዩ /2/
ብኣኻ'ዩ ጸቢቑለይ፤ ብኣኻ ኮይኑለይ።

2. ፍትሐይ ካብ ገጽካ ይወጽእ
ብትርኢትካ እጸግብ
ብፍቅርኻ ተዓንጊለ መከራይ እርስዕ
ውሉደይ ክትብለኒ ኣባታዊ ፍቕርኻ
ምንባረይ ጸቢቑ ብምኳነይ ናትካ።

## 42) ከም ቃልካ ኦ ጐይታ

***ተደጋጋሚ***
ከም ቃልካ ኦ ጐይታ ንዓ ኣብ መንጎና
ኪዓኑ ክንርእዮ ዕርዲ ጸላኢና
ክንፍወስ ክንሓዊ ከዳንካ ተንኪፍና ሃረርታና
ፈጽም ድሌት ናይ ልባትና።

1. ቃሉ ይነብር'ዩ ዘልዓለም ኳዕ ኢሉ ይፍውስ
ይዝንን ንሕዝቡ ይሕሉ ድኻ ሃብታም
ኢሉ ከቶ ዘየዳሉ። /2/

2. ድያብሎስ ኪርገጽ ጭንቀት ተደምሲሱ ብግርማኻ
ምጻእ ሕሙማት ኪፍወሱ ሕዝብኻ ይደሰት
መንፈስካ ፈሲሱ። /2/

3. ድኑሳት ኪሓውዩ ዕዉራት ኪርእዩ ጸማማት
ኪሰምዑ ለምጻማት ኪነጽሑ ይገፈፍ ሕማምና
ንግርማኻ ርእዩ። /2/

## 43) ኣሎኒ ምኽንያት ኣሎኒ

***ተደጋጋሚ***
ኣሎኒ ምኽንያት ኣሎኒ ኣሎኒ
ውሬታ ኣሎኒ። /2/
ዘሚሮም ኢለ ኣይዝምርን'የ
ብልማድ ኣይኮንኩን ዘመስግን ኣነ። /2/ከም
ዘይተገብረሉ ስቕ ኣይብልን'የ ተጌሩለይ ኢዩ'ሞ
እዝምር። /2/

1. ልበይ ኣውዲቐ('ንድየ) ተደጊፈካ ከቶ
ኣይሰጋእኩን ብከኣልነትካ /2/
ኣየሕፈርካንን ተወኪለካ ኣመኪሕካኒ
ተመኪሐልካ /2/

2. ናይ መስቀል ፍቅሪ (ስራሕ)'ዶ ክጅምር፤ኣየን
ገዲፈ ኣየናይ ከገልጾ፤ /2/
ሓንቲ መዓልቲ('ኳ) ኢድካ ዘይብሉ
ኣይፈልጥን'የ ዘመነይ ኩሉ። /2/

3. ምኽሪ መ'ኺሮም ምስ ደርበዩኒ
እስኪ እንታይ ይኩን ሕልሙ'ዚ ሓላሚ
ምማቱ ኣይተርፎን'ዩ ጉድጓድ ተደርብዩ
እናተባህለ ግና ኣብ ክብሪ ተራእዩ ከይተፍጸመ
ሕልሙ ነይመውት

ዝወርሶ ኣለዎ ብዙኀ በርኸት። /2/

## 44) ንዓይ ብምኀራይካ

1. መዓልቲ ምድኃነይ ሎሚ ክባርኻ ስለ ዝኾንካለይ ሕይወተይ ጠበቓ እንዳጸዋዕኩኻ በልካኒ
ምግላጹ ስኢነ ዓቢ እዩ ኾይኑኒ።

***ተደጋጋሚ***
ንዓይ ብምኀራይካ፥ ንዓይ ብምፍቃርካንዓይ ብምድኃንካ፥ ክገልጾ ዘይክእል
ካብ ኣእምሮይ ንላዕሊ እዩ ጐይታ። /2/

2. ካብ ሞት ናብ ሕይወት ዘሰጋገርካኒ ኣብ ልዕሊ ሰይጣን'ውን ዓወት ዝሃብካኒዝመስለካ የለን ንዝዓደልካኒ
ናብ ዘገርም ብርሃን'ውን ዘምጻዕካኒ።

3. ካብ ዘልዓለም ጥፍኣት ኢየሱስ ዘድኃንካኒናብ ሃገር ሕያዋን ከኣ ዘምጻእካኒ
ልበይ ብምስጋና ኣፈይ ብዕልልታ ክዝምረልካ'የ ኣታ ኽቡር ጐይታ።

4. ሓደ ክልተ ኢልካ ዘይቁጸር እዝን እትን ኢልካ ዘይንገር ብዝገበርካለይ ውዕለታት
ክሳብ ዘለኹ'ውን ከመስግነካ'የ።

5. ኣብ ትሕቲ ምስጋና ብርሃን ተኾለዐብብዝኒ ጸላኢ ፈጺሙ ተዳህለ ብጭፍራ መላእኽቲ ኢየሱስ ከበረ
ኣብ ሰማይ ኣብ ኣርያም ዕልልታ ተሰምዐ።

## 45) ኣምላኸይ ዕጋበተይ ብኣኻ'ዩ

***ተደጋጋሚ***
ብዘይ ብኣኻ እንታይ ጽቡቕ ኣሎኒ ድዩ፤ ብዘይ ንስኻ እንታይ ጽቡቕ ኣሎኒ ድዩ፤ ኣምላኸይ ዕጋበተይ ብኣኻዩ
ኢየሱሰይ ትምክሕተይሲ ብኣኻ'ዩፍትወይ ደው ምባለይ ብኣኻ'ዩ ጐይታየ ሰላመይሲ ብኣኻ'ዩ።

1. ቀደምሲ ጐይታይ ብዛዕባኻ ሰሚዐ'የ ሕጂ ግና ኢየሱስ ዓይነይ ብርግጽ ርእያትካካባይ ገለ ሠናይ ዘይወጽእ እንከየሎ ኢየሱስ ንስካ ኩሉ ጽቡቕ <u>ትገብር። /7/</u>

2. ካብቲ በላዒ ብልዒ ምውጻእ ልማድካ'ዩ ታሪኽ ሕይወት ሰብ ምልዋጥ ናትካ'ዩ ንዓኻ ምርካብ ኩሉ ሠናይ ምርካብ'ዩ ትሕቲ በረኸት ልዕሊ መርገም <u>ምውጻእ'ዩ።</u>
<u>/7/</u>

3. ከም ዝጨንቀካ ኢድ ሰብ ከቶ ኣይተገልግለካን
ከይሃብካዮ ካብ ሰብ ጽቡቕ ሠናይ የለንምሉእ ጽቡቕ ውህበት ኩሉ ካባኻ'ዩ ዕጋበተይ ኩሉ ትምክሕተይ <u>ብኣኻ'ዩ። /7/</u>

4. ኣብ ልብኻ ካብ ተሓሰብኩ ይኣኽለኒኣብ ዓይንካ ካብ ከበርኩ ይኣኽለኒ
ኣብ ኣእዳውካ ካብ ተወቀጥኩ ይኣኽለኒ ኣብ ኣእዛንካ ካብ ተሰማዕኩ <u>ይኣኽለኒ። /7/</u>

## 46) ኢየሱስ ጸጋኻ እንተዘይበዝኃልና

1. ላዕልን ታሕትን ከርተት ዝበልናዮ ኣኺሉ ከም ብዋልታን ብጸጋን ሕይወትና ተኸሊሉከምቲ ኣባና ዘሎ ጸጋ ኣምላኽና ኮይኑልናብሓርነት ክንኣቱን ክንወጽእን ክኢልና።

***ተደጋጋሚ***
ጸጋኻን ምሕረትካን እንተዘይበዝኃልናኣብዚ ከመይ ኢልና ደው ምበልና ብሕይወት
ምንባርና ምዝማርና ምግልጋልና ኢየሱስ ምምስጋና
ካብ ጸጋኻ'ዩ ኾይኑልና መዓስ ብኽእለት ኃይልና።
ሓደ ሕዝብን ሓደ ኣካል ምዃንና ብሓጐስ ምእታውናን ምውጻእናን ምንባርና ድምጽኻ ምስማዕናን ኩሉ ካባኻ እምበር መዓስ ካባናኢየሱስ፥ ጸጋኻ እንተዘይበዝኃልና
እወ፥ ከም ሰዶምን ገሞራን ምመሰልና።

/2/

2. ንጉሥ ብሠራዊት ዝድኀን'ዩ ዝመስሎ'ቲ ኃያል ብኃይሉ ክናገፍ'የ ኢሉ'ሎ ኣነ ግን ብጸጋኻ ንኹሉ ሰጊረዮ

ንኹሉ ኃይሊ ኃጢኣት ብእግረይ ረጊጸዮ።
/2/

3. ኦ እግዚኣብሔር ኵራኻ ንቕጽበት ዓይኒእዩ
ምሕረትካ ግን ምሉእ ዕድመ ይጸንሕ'ዩ
ምሕረትካን ሣህልኻን ይስዕባና ኣለዋ
ከቶ ኣይተፈለየናን ናይ ጸጋኻ ሓለዋ። /2/

## 47) እንኮ ተስፋይ

1. ሃብቲ 'ንተሎ ክበርስ'ዩ፤ ዝና
እንተሎ ክኃልፍ'ዩ ፍልጠት
እንተሎ ግዝያዊ'ዩ፤ኢየሱስ ግና
ሕያው'ዩ
ኩሉ ኪኃልፍ ዘይኃፍ'ዩ።

***ተደጋጋሚ***
ኣብዛ ምድሪ ኣንኮ ተስፋይ <u>ኢየሱስይ</u>
<u>ኢኻ ረዳኢየይ። /2/</u>ዝምከሓሉ ሓበን
ኩርዓተይ
<u>ኢየሱስይ ኢኻ ሃብተይ ርስተይ። /2/</u>

2. ሰላም ፍቕሪ ዝነገሥ፤
መቕደስ ኣምላኽ ማዕከን ሕይወት
<u>ኣላትኒ ምውቅቲ ሕይወት /2</u>/ ኣላትኒ
ብልጽቲ ሕይወት።

3. ዕርደይ ኢኻ ካብ ጸላእተይ፤ቀርነይ
ኢኻ ንተጻረርተይ ዋልታይ ኢኻ
መናገፈየይ፤
<u>ዝምከሓሉ ሓበን ኩርዓተይ። /2/</u>

4. ረሲኣን'ውን እንተጠዓሞም፣ ድልየት-
ልቦም እንተመጸኣሎም፤ዕንባባ'ዩ ኩሉ
ክብሮም፤
ፀሓይ ምስ ወጸት የለን ምስኦም፤ ፀሓይ ምስ
ወጽአ የለን ኣብ ኢዶም።

## 48) ፍቓድካ ንዘለዓለም ጸኒዑ ይነብር

1. በይንኻ ኢኻ ኣምላኽ ነምልኸካ ኣሎና በይንኻ
ኢኻ ንጉሥ ንሰግደልካ ኣሎና በይንኻ ኢኻ
ጐይታ ንግዝኣካ ኣሎና በይንኻ ኢኻ ሥልጡን
ነኽብረካ ኣሎና።

ፍቓድካ ዘለዓለም ጸኒዑ ይነብር ዘንጊ
መንግሥትኻ ዘንጊ ቅንዕና'ዩከማኻ ዝበለ
ኣይርከብን እዩ
ኣዚኻ ዓቢ ኢኻ መወዳድርቲ የብልካን እዩ።

***ተደጋጋሚ***
ሃሌ ሉያ /3/ ኦ ሃሌ ሉያ ሃሌ
ሉያ ክብሪ ንስምካ /4/

2. በእላፋት ቅዱሳን ተኸቢብካ ዘሎኻ ኣብቲ
በረኸቲ ኣኽራን ትውደስ በይንኻሓደ'ኳ
ኣይመስለካን ፍጹም ኣይቀርበካንዘልዓለም
ትርኤ ደሚቕካን ገኒንካን
ኣብ ዘመናት ምሉእ በይንኻ ኢኻ ንጉሥጊዜን
ዘመናትን ኣይልውጠካን'ዩ
ፍቓስካ ፍሉይ'ዩ ማንም ዘይመስሎብኃይሊ
ግርማኻ ንኹሉ ትስዕሮ።

3. ብማኅሌት እስራኤል እትውደስ ኣምላኽቅዱስ
ቅዱስ ኃያል ዓቢ እትብሃል
ኣታ ክንደይ ድንቂ ግኑንን ሥልጡንንብምግላጽ
ክብርኻ ልሳን ኩሉ ይጭድርብሣህልን ምሕረትን
ዞፋንካ መሊኡ ርሕራሔኻ ድማ ንውሉድ
ወለዶ'ዩ
ሳላ ሥልጣን ዕቤትካ ጸላእትኻ ኹሎም
እናቃባጠሩ ይግዝኡኻ'ዮም።

## 49) ጐይታይ ብጸጋኻ እምበር

***ተደጋጋሚ***
ጐይታይ ብጸጋኻ እምበርኣነስ
ከቶ ኣይከእሎን
ኣምላኸይ ኣይትጨክነለይ።
ጐይታይ ብጸጋኻ እምበር
ብጸዕረይሲ ኣይከእሎን
ኣምላኸይ ኣይትጨክነለይ።

1. ብግብርናስ እንድዒ፤ ግብርናስ እንድዒ ከም
ለውሃትካ ኦ ጐይታይ፤ ለውሃትካ ኦጐይታይ
ሥጋና ሕሉል እዩ፤ ሥጋና ሕሉል'ዩ
መንፈስካ ኃይልና'ዩ፤ መንፈስካ ኃይልና
እዩ።

2. ኣብ ምውቕ ሕቑፊ ኣዲኡ፤ ምውቕ ሕቑፊኣዲኡ

ከም ዝደቀሰ ሕጻን፤ ከም ዝደቀሰ ሕፃን
ብብዝኂ ጸጋኻ፤ ብብዝኃ ጸጋኻ
ንነፍሰይ ኃሉ ኢኻ፤ ንነፍሰይ ኃሉ ኢኻ።

3. ሥጋና ሕሉል እዩ፤ ሥጋና ሕሉል 'ዩ ፍጹም
ኃይሊ ዘይብሉ፤ ፍጹም ኃይሊ ዘይብሉ
ወትሩ ጊዜ ንጭነቕ ፤ ወትሩ ጊዜ ንጭነቕ
ብስቓይ'ውን ንሓቅቕ፤ ብስቓይ'ውን ንሓቅቕ።

## 50) ኦ ጐይታይ ኣፍስሶ'ንዶ ንመንፈስካ

1. ኦ ጐይታይ! ኦ ጐይታይ! ኣፍስሶ
እንዶ ንመንፈስካ። /2/

2. ኦ ጐይታይ! ኦ ጐይታይ!
ትሕትኻ'ንዶ ኣምህረኒ። /2/

3. ኦ ጐይታይ! ኦ ጐይታይ! ጠምቶ
እንዶ ን ሕዝብኻ። /2/

4. ኦ ጐይታይ! ኦ ጐይታይ! ምሕረትካ
እንዶ ለኣኽልና። /2/

5. ኦ ጐይታይ! ኦ ጐይታይ! ኣብ
ዕዮኻ'ንዶ ኣጽንዓኒ። /2/

## 51) መፈንጠራ ተበትከ

***ተደጋጋሚ***
መፈንጠራ ተበትከ፥ አሀ ተበትከ፥ ንሕና'ውን
ኣምለጥና
እግዚኣብሔር ይመስገን ኣዚና ሰሲንና፤
ንምድሪ ክንመልአ ኢና
ንሱ'ዩ ራእይናን እምነትናን። /2/

1. እግዚኣብሔር ምሳና እንተዘይነብርሲ ሰባት'ውን
ተንሲኦም መጥፍኡና ብነድሪ ዕቡይ ማያት
ተንሂኡ ምወሓዘ ኣብ ልዕሌና
ፍጹም ካብ ልዕሊ ምድሪ'ውን መጥፍኣናእቲ
ንምምንጫት ኣስናኖም ዘይወፈየና
ናይ እስራኤል ቅዱስ ይባረኽ ኣምላኽና።
/2/

2. እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ተበጅይዎ እኮ'ዩንፍቓድ
ጸላእቱ ኣኅሊፉ ኣይህብን'ዩ
ከምቲ ደርሆ ንጨቓዊታ ሓቑፋ እትከናኸን
እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ከምኡ'ዩ ኣብዚ
ዘመን
እንካብ ጸላእትና ብኢየሱስ ድኂንና ኢና
ብጽድቂ ቅድስና ብኹሉ ዕለትና
ብዘይ ፍርሃት ንጐይታ ከነምልኾ ኢናብዘይ
ፍርሃት ንኢየሱስ ከነምልኾ ኢና።

3. እግዚኣብሔር ካብ ማኅደሩ ብቕንኣት ተላዒሉ
ንምስቁርቋር ዘበለ መወዳእታ ክገብረሉ
ድኻምና ወጺኡ'ዩ ክብሪ እግዚኣብሔር
ወጺኡልና'ዩ
ተንሂእና ክንበርህ ሕጅስ ጊዜና'ዩከካብ
ዝነበርናዮ እናተኣኻኸብና
ዓጽሚ ምስ ዓጽሙ ለጊቡ ኮይኑ'ወ ዓቢጭፍራ
ኢድ ናይ እግዚኣብሔር እወ ኣብ ማእከልና
ድንቅን ተኣምራትን'ውን ትገብር ኣላ።
************************

## 52) ከም ሰላምታ ቅዱስ ገብርኤል

***ተደጋጋሚ***
ከም ሰላምታ ቅዱስ ገብርኤል
ማርያም ክብሪ ዓሌት እስራኤል
ኃረየኪ ሥሉስ ፈጣሪ ክትዓርቅዮ
ሰማይ ምስ ምድሪ።

1. ብመን'ሞ ክንምስለኪ፤ ገነትዶ'ሞ
ሰማይ ክንብለኪ፤ ተስፋ ድኅነት
ብርሃን ሃገርኪ።

2. ምሳሌ ትንቢቶም ንነብያት ጸግኦም
ክብረቶም ንሓዋርያትተፈታዊት
እኖ ሰማእታት።

3. ደስታ ሰማይ ኃውቲ መላእኽቲሓበን
ኢኺ ንኹሎም መነንቲ
ኦ ንጽሕቲ እንካብ ኩለን ኣንስቲ።

4. እንካብ ጥንቲ ከብረት ንዓድናተቐበሊ
ጸሎት ምስ ምስጋና ንዒ ማርያም
ንዒ'ሞ ርድእና።

## 53) ፍቕርቲ ማርያመይ

***ተደጋጋሚ***

ፍቕርቲ ማርያመይ መማለዲተይ
ኣብ ጊዜ ሽግረይ ፍጥንቲ ረዳኢተይ።

1. ኲሉ ፍጡር ይብል ማርያም ኣደይ ብሕጋዊ
መስካሪ ቃል ዝተወልደ መስካሪ ቃል ካብ
ሰማይ ዝወረደ። /2/

2. ኣደ ቢሉ ውሉድ ንዓኺ ምስ ጸውዐዝነበሮ
ጭንቂ ኲሉ ምስ ረስዐ
ቃል ምስጋና ንኣምላኽ ኣስምዐ። /2/

3. ዘይከኣል እኳ ህያባት ድንጋገ
ዓባይ ፍጥረት ኢያ ፍጹም ዘይትጋገከብረታ
ዝነብር ፍጹም ከይኣረገ። /2/

4. ማርያም ኲሉ ፍጡር ኣደ እናበለዝጅምሮ
ኢዩ እግሪ ከይተኸለ
ንስኺ ዘይትገድፍዮ ሰማይ ከይተሰቕለ። /2/

5. እንካብ ሰማይ ላዕሊ ኣምላኽ ምስ ኣድመጸኲሉ
ምልኣት ባሕሪ ምስ መሬት ደንገጸ ሳላ ማርያም
እዩ ኲሉ ዝተሓንጸ። /2/

## 54) ኣይጽገብን ፍቕርኺ

1. ኣይጽገብን ፍቕርኺ /2/ ማርያም /2/ ከም
ወይኒ ናይ ቃና ከም መዓር ጽጌናይፍቕርኺ ኦ
ማርያም።

2. ምህልላና ስምዕዮ ንትምኒትና'ውንምልእዮ/2/
ሕዮ ማርያም ሕዮ፥ ሕዮማርያም ሕዮ
ማርያም ሕዮ፥ ማርያም ሕዮ።

3. ዝለመነ ረዲኤትኪ ዝተማሕጸነ ናባኺ /2/ወትሩ
ምስ ረኸበ ጸጋ ምስ ኣከበ ትምኒቱ ወትሩ
ጸገበ።

## 55) ኦ ማርያም ኣዴና ንዒ

***ተደጋጋሚ***

ኦማርያም ኣዴና ንዒ
ሕዙናት ኣጸናንዒ
ድኹማት ኣበራትዒ።

1. ኦ ምልእተ ጸጋ፥ ኮኾብ ናይ ወጋሕታ ንጽሕቲ
መሠረት፥ ናይ ድኅነት ምኽንያትሃብና ኢኺ
ትብዓት።

2. ወላዲት ኣምላኽና፥ ኪዳነ ምሕረትናጸጋ
በረኸትና፥ ንዒ ማርያምና ኪዳን ናይ
ድኅነትና።

3. ዓድሊ ጸጋኺ፥ ምርሕዮ ሕዝብኺ ርእይዮ
ሽግርና፥ ጸግዕና ንስኺ ኢኺኦ ማርያም
በጃኺ።

4. ከጠፍእ ኲሉ ሕሰም፥ ከኽብር ስም ኣምላኽለምንልና
ማርያም፥ ናይ ምንጪ ሰላም
ኦ ድኅነት ዓለም።

## 56) ካብ ኣምላኽ ለምንልና

***ተደጋጋሚ***

ካብ ኣምላኽ ለምንልና
ኦማርያም ኣዴና ሰላሙ
ከውርደልና ኣብ መላእ
ዓለምና።

1. በቲ ናትኪ ሕራይ ክርስቶስ ረኺብና
ካብ ናይ ሓጥያት ኣርዑት ሓራ ከውጽኣና
እንደገና ሎሚ ንልምን ኣሎና
ምሕረት ናይ ወድኺ ከተፍስሲ ኣባና።

2. ኣቲ እኖ ኣዳም ብኹሉ ንጽሕቲ ኩሎም
ምስ በሉኺ ካብ ኩለን ብልጽቲየሎን ኣብዚ
ዓለም ዘርከብ ንዓኺ ክርስቶስ እንሆ ፍረ ናይ
ከርስኺ።

3. ኦ ምልእተ ጸጋ ብርኽቲ ኣዴና ንዓኺ
ክንመስል ኣይትጋደፍና ናባኺ
ንምሕጸን ብኹሉ ልብና ባዕልኺ
ምልእዮ ኩሉ ሃረርታና።

4. ማኅበርና ባርኺ ኦ ማርያም በጃኺ
ብኅብረት ክንነብር ሓግዝና ኢኺ ክርስቶስ
ክንመስል ፍረ ናይ ክርስኺሕይወትና
ክንምሥርት ናብ ኢየሱስ ወድኺ።

## 57) ንማርያም ንለምና ከተማልደልና

***ተደጋጋሚ***
ንማርያም ንለምና ከተማልደልናኣዴና
ንበላ ደቀየ ክትብለና
ኣደ ኢየሱስና'ያ 'ቲ ዝሞተልና።

1. ብማርያም ምስ ማርያም ካብ ማርያምናብ ኢየሱስ
እዩ ዕላማና ቤቱ ንክንወርስ ንጽሊ
ኣሎና ፍቕርኻ ክንሓፍስ
ምስቶም ቅዱሳንካ ክብሪ ክንወርስ። /2/

2. ወይኒ እምበር የብሎምን ኢልኪ ምስ ሓበርኪ
ኣብዘይ ምዱብ ግዜ ቃልኪ ተሰምዓልኪየሱስ
ዝበለኩም ግበሩ እንዳበልኪ
ስለ ዝኣመንኪ ከም ዝሰምዓኪ። /2/

3. ማርያም ኣዴና ከምቲ ቃል ወድኺ ዝብልዎ
ኣይፈልጡንዮም ለምንሎም ኢኺናብ ኣምላኽ
ክምለሱ ክፈልጡ ዕቤትኪ ምሕረት ንክህቦም
ለዋህ ወድኺ። /2/

## 58) ንማርያም ንለምና

1. ኦ ማርያም ኣዴና ኣደ መድኃኒናንዓና
ደቅኺ ሰላምኪ ኣውርድልናብፍረ ናይ
ክርስኺ ጸግዕና ኩንናዋልታ ናይ
ሕሙማት መጸናንዒት ሕዙናት። /2/

***ተደጋጋሚ***
ንማርያም ንለምና ጸጋኣ ክትሰደልና ጸገምና
ነካፍላ ካብ ወዳ ከተማልደልና። /2/

2. መሳልል ድሕነትና ኦ ማርያም ንስኺ
ብእምነት ንጽሊ ተምበርኪኽና ናባኺ
ከተማልድልና ናብቲ ፍቑር ወድኺ
ንምሕጸነኪ ኣሎና ንሕና ድኹማት ደቅኺ።
/2/

3. ናይ ኣኽብሮት ስግደት ነቐርብ ናባኺስለ
ተርሕውልና ምሕረት ርህራሄኺ ዕልልታ
ተቐበሊ ካብ ፍቑራት ደቅኺ ንምርከሶ ኣሎና
ነቲ ፍረ ከርስኺ። /2/

## 59) ብጐይታ ዚያዳ ከቢራ

***ተደጋጋሚ***
ብጐይታ ዚያዳ ከቢራ ትነብር
ዘለዓለም ደሚቓ ጠበቓ ናይ
ፍጥረት ኣዳምኣዴና ማርያም'ያ
ማርያምእወ፥ ማርያም'ያ
ማርያም።
ሰማያት ጽላላ ገይራ ንኃጢኣት
ረጊጻ ኣብ እግራሳላኣ ክብረት
ለቢስና ርጎርጎቲ ኣደ ረኺብና
እወ፥ ኣደ ረኺብና።

1. ንኸድኅነና ጐይታ ምስ ደለየ እኖ
ኸትኮኖ ንማርያም መረጸብልጽቲ
ካብ ፍጥረት ኣዳም ምስ ኃጢኣት
ዘይብላ ኪዳን
ንማርያም ረኺብና ክብረት ለቢስና።

2. ርጎርጎቲ ኣደ ድሌትና ትፈልጥወዳ
ልኢኻ ጐደሎ ትመልእ ንግሥቲ
ኣፍ ደገ ሰማይ ብልጽቲ መሳልል
ሰማይ
ንማርያም ረኺብና ክብረት ለቢስና።

3. ጓል ሰብ ክነሳ ንሰብ ዘይመሰለት ብልጽቲ
ፍጥረት ጐይታ ዘየሕዘነትስልምቲ ከም
ፀሓይ ጨራ መድኃኒ ኣብ ከርሳ ጾይራ
ንማርያም ረኺብና ክብረት ለቢስና።

4. ምልእተ ጸጋ ኣምላኽ ዝወለደት
ኣብ ቅድሚ ጐይታ ሞገስ ዝረኸበትካብ
ኵሉ ኣዚያ ብልጽቲ
ንዕድመ ጐይታ ዘኽበረት ንማርያም
ረኺብና ተማልደልና።

## 60) ዮም ፍሥሓ ኰነ በእንተ ልደታ

**ተደጋጋሚ**

ዮም ፍሥሓ ኰነ /2/
በእንተ ልደታ ለማርያም } 2x
እንሆ ኮይኑ ደስታ /2/
ብናይ እግዝእትነ ማርያም ልደታ } 2x

1. ድንግል ተወሊዳ ፍሥሓ ኰነ
ንኣና እመቤትና ፍሥሓ ኰነ
ወጸት ካብ ቤት ዳዊት ፍሥሓ ኰነ ተስፋናን
ስንቅናን ፍሥሓ ኰነ
ምድሪ ተሓጒሰት ፍሥሓ ኰነ
ጸበባ 'ታ ሰማይ ፍሥሓ ኰነ
ከብቅዕ እንድዩ ፍሥሓ ኰነ
ንኣዳም ስቓዩ ፍሥሓ ኰነ

2. ድንግል እንክትወልድ ፍሥሓ ኰነ ሊባኖስ
ኣብርሀ ፍሥሓ ኰነ
ብሓጐስ ተመልአ ፍሥሓ ኰነ
እቲ ዓቢይ እምባ ፍሥሓ ኰነ
ናይ ሓና ናይ ኢያቄም ፍሥሓ ኰነ ሕልሞም
ተፈትሓሎም ፍሥሓ ኰነ ካብ'ቲ ብርቱዕ
ጸልማት ፍሥሓ ኰነ እታ ወርኂ ወጸት
ፍሥሓ ኰነ

3. እታ ወርኂ ቴከታ ፍሥሓ ኰነ
ወለደት ንፀሓይ ፍሥሓ ኰነ
ኣታኽልቲ ጽድቂ ፍሥሓ ኰነ
በቒለት ኣብ ቤት ዳዊት ፍሥሓ ኰነ
ዝናም ዝረአናላ ፍሥሓ ኰነ
ናይ ጽድቂ ደመና ፍሥሓ ኰነ
ድንግል ተወሊዳ ፍሥሓ ኰነ
ካብ ኢያቄም ካብ ሓና ፍሥሓ ኰነ

## 61) ንሱ ዝበለኩም ግበሩ

1. ንኢየሱስ ኣምላኽና በሉ ተኣዘዝዎ ንሕይወትኩም
ኰሉ ንዓኡ ኣወፍይዎ ማዕከን ናይ ልባትኩም
ንጐይታ ኣግዝእዎ። /2/

**ተደጋጋሚ** - ንሱ ዝበለኩም ግበሩ /2/
ኢየሱስ ዝበለኩም ኵሉ ግበሩ
ምሳኹም ኪኸውን እዩ።

2. ንዑ'ስከ ኣኀዋተይ ንመለስ ናብ ጐይታ
ንሱ ጥራይ እዩ ናይ ሕይወትና ዋልታ ልብና
ዚመልአ ብፍቕሪ ሃልሃልታ። /2/

3. ናይ ዓለም ከንቱነት ንድኅሪት ገዲፍኩም
(ኢ)የሱስ ዝበለኩም ኵሉ ተኣዚዝኩም ልብኹም
ክፈቱ ንጐይታ መድኀንኩም።
/2/

4. ሃገርና ክትመልእ ብናይ ጐይታ መንፈስናይ
ጐይታ ኽትከውን ኵላ'ውን
ክትሕደስ
ውሉድካ'ውን ኵሉ ናባኻ ኪምለስ። /2/

5. ተመስገን ንብለካ ኦ ልዑል ኣምላኽና ካብ
ሠይጣን ማእሰርቲ ኃራ ዘውጻእካንሰላምካን
ፍቕርኻን ኵሉ ዘልበስካና።
/2/

## 62) ተስፋ ኣይቆርጽን'የ

1. ኃጢኣተይ ከቢዱኒ ዓቢ ጽዕነትኮይኑኒ
ማርያም ኣማልድለይ ወድኺ
ኪምኅረኒ። /2/

**ተደጋጋሚ**

ተስፋ ኣይቆርጽን'የ /2/
ክሳብ ተማልድለይ ኣነ ኣብ ትሕቴኺ'የ። /2/

2. ሰይጣን እንተፈተነኒ ኢሉ ኬውድቐኒ
ርኅርኅቲ ወላዲተይ ንስኺ ኣሎኽኒ።
/2/

3. ብኃጢኣተይ ዚኣክል ኀልናይ
ከይወቕሰኒ
ንድኅሪት ከይምለስ ኣደይ ሓግዝኒ።
/2/

4. ኀልናይ ተሸቢሩ ሰላም'ውን ስኢነ እልምን
ኣሎኹ ኣብ እግርኺ ኮይነ።
/2/

## 63) ንማርያም ዝያዳ ሞገሳ

1. ክብረቱ ክምለስ እቲ ሕዙን ኣዳም

ንዓኺ ተዋህቦ ምልክት ኪዳንመድኃኒ
ክትወልዲ ክትዘርእሉሕይወት
ሓዘኑ ኪድበስ ክብረቱ ኪምለስ።

***ተደጋጋሚ***
ማርያም ዝያዳ ሞገሳ
ሰብ ክንሳ ፈጣሪ ጸይራቶ ኣብ ከርሳ። /2/

2. ካብ ኣንስቲ እስራኤል ማርያምተመሪጻ
ንፍቓድ እግዚኣብሔር ኣብ ልባ ሓኒፃ
ማኅፀና ንመሢሕ ኢየሱስ ተፈቒዱ ንዓና
ኪድብስ ካብ ሰማይ ወሪዱ።

3. ልብስኪ ድኽነት ስልማት ትሕትናኣምላኽ
ዝመረጸ ፍጽምቲ ትሕትናብኹሉ ውህበቱ
ሸለመኪ ክብሪ ንግሥቲ ትሕትና ማርያም
ሉል ባሕሪ።

ካብ ትሕትናኺ ...ትሕቲ ካብ
ምልኣት ጸጋ ......................ምልእቲ
ፍቓድ እግዚኣብሔር ..........ብምምላእኪ
ኣኽሊል ዓወት ..................ዓቲርኪ
ዚያዳ ኹሉ ፍጥረት ሞገስ'ውን ረኺብኪ።
/2/

<u>ማርያም</u> /3/
ዚያዳ ካብ ኩሉ ፍጥረት ደቂ ኣዳም።
/2/

ካብ ትሕትናኺ............

## <u>64) ማርያመይ ካብ ኩለን ዝኸበርኪ</u>

***ተደጋጋሚ***

1. ማርያመይ ካብ ኩለን ዝኸበርኪርኽሰት
ኣልቦ ካብ ኩለን ንጽሕቲኢኺ
ብሰማያዊ ፍቕሪ ዝተወግአ ልብኺ
ተዋሂቡኪ ኣሎ <u>ብልዑል ፈጣሪ /2/</u>።
ስለ ኩሉ ፍጡር ትነብዒንኃጥኣን
ምስ ወድኺ ክትዓርቂ
ማርያም ዕንቍ ባሕሪ
ዝለበስኪ ዘለዓለም ክብሪ ኣኽብረኪ'ሎኹ
ኣድንቐኪ'ሎኹ<u>ማርያም ክበሪ ወትሩ ንበሪ።</u>
<u>/2/</u>

2. ካብ ኩለን ደናግል ኣብሊጹ ኃረየኪ ማኅደሩ
ክትኮኒ ብቕድስና ቐብኣኪ ኣብ ምድርን
ሰማይን ንግሥቲ ሸመኪክብርን ምስጋናን
<u>ዘልዓለም ንዓኺ</u>
<u>/2/</u>።
ስለ ኩሉ ፍጡር ትነብዒ
ንኃጥኣን ምስ ወድኺ ክትዓርቂ
ማርያም ዕንቍ ባሕሪ
ዝለበስኪ ዘለዓለም ክብሪ
ኣኽብረኹ'ሎኹ
ኣድንቐኪ'ሎኹ
<u>ማርያም ክበሪ ወትሩ ንበሪ።</u>
<u>/2/</u>

3. ኣማልድነትኪ ወትሩ ንጽውዕ ስለ
ፍቐር ወድኺ ደገ ንጸንዕ ልብኺ ክፈቲ
ኣውያትና ኪሰምዕ
ጸጋ ኣልቢሱ <u>መንፈስና ኪጽንዕ። /2/</u>

ማርያመይ ካብ ኩሉ ...

## <u>65) ማርያም ኮኸብ ጽባሕ</u>

***ተደጋጋሚ***
ማርያም ኮኸብ ጽባሕ ጸዕዳ ጽጌረዳሓረገ
ወይኒ ኣይትረስዕና።

1. ብርሃን ዝለበስኪ መን ኣሎ ከማኺ፤
ኣይትረስዕና ኅሩያት ደቅኺ ንኽፍኣትና
ኣይትጠምቲ ኢኺ
ንኣና ደቅኺ /2/ ሃየ ሓደራኺሰላም
ኣውርድልና።

2. እዚ ጊዜ ሎሚ ጊዜ ናይ ፈተና
ንሃይማኖትና ከነደልድል ኢና
ሰላም ሃንቀው ንብል ተስፋ ከይቆረጽና
ዋሕስና ንስኺ ኣብ ኩሉ ግብርና።

3. ለምንልና ካብ ፍቁር ወድኺንኽፍኣትና
ኣይትጠምቲ ኢኺ

ንኣና ደቅኺ /2/ ሃየ ሓደራኺ
ሰላም ኣውርድልና።

## 66) ሰላም ሰላም ኦ ማርያም ኣዴና

**ተደጋጋሚ**
ሰላም ሰላም /2/ ኦ ማርያም ኣዴና ልመናኺ
ንኣምን ድኅነት የውህበና።

1. ደቀ መዛሙርቱ ብሓሳብ ምስ ተሳሕቡኣብ
   ቀረባ ጊዜ ምሕረት ረኺቡ።

2. ንዓና ንደቅኺ ኃጢኣትና ጽረግልና
   ካብ ወድኺ ሥርየት ድንግል ለምንልና።

3. ብሓና ብኢያቄም ኦ ማርያም ኣዴናንዒ
   ሎሚ መዓልቲ ባርኺ ማኅበርና።

## 67) ሰላም ንዓኺ ኦ ምልእተ ጸጋ

1. ሰላም ንዓኺ ኦ ምልእተ ጸጋ ኣምላኽ
   ምሳኺ ኦ ምልእተ ጸጋ ጥዑም መዓዛኺ
   ኦ ምልእተ ጸጋ።

**ተደጋጋሚ**
ኦ ምልእተ ጸጋ ድንግል ብነፍሲ ሥጋኣደ
ኣምላኽ ልዑል ድንግል
ድንግል ደናግል ፍቕርቲ ኣደ ጥዕምቲ።

2. ፈለግ ሰላም ኦ ምልእተ ጸጋ መቕደስ
   ስሉም ኦ ምልእተ ጸጋተሰፋ ዓለም
   ኦ ምልእተ ጸጋ።

3. ርኅርኅቲ ኅልና ኦ ምልእተ ጸጋ
   ማርያም ኣዴና ኦ ምልእተ ጸጋ
   ኣማልድልና ኦ ምልእተ ጸጋ።

4. ሃየ ሓደራኺ ኦ ምልእተ ጸጋ
   ንሕና ደቅኺ ኦ ምልእተ ጸጋ
   ኣታኽልቲ ኦ ምልእተ ጸጋ።

## 68) ብወድኺ ድኅነት ኮነ

1. ምስ ደለየኪ ንድኅነትና ፈጠረኪ
   ካብ ኢያቄም ሓና
   ንስኺ ኢኺ መማለዲትና ኢድኪ
   ዘርጊሕኪ ብጩራ ተስፋ
   ተቐበልና። /2/

**ተደጋጋሚ**
ብሰሪ ሔዋን ኃጢኣት መጸ ብወድኺ
ማርያም ድኅነት ኮነ ብወድኺ ማርያም
ሰማይ ተኸፍተ።ማርያም።

2. ዝተበሰርኪ ብገብርኤል
   ንኽትወልዲ ኣማኑኤል ሕራይ
   ኢልኪ ተቐበልክዮ
   ብትሕትና ከም ዝበልካኒ ይኹን በልክዮ።
   /2/

3. ኣገልገልክያ ንኤልሳቤጥ
   ከይደለኽዮ እቲ ኹሉ ዕቤትምስ
   በለትኪ ብርኽቲ ኢኺ
   ንእግዚኣብሔር ነፍሰይ ተዕብዮ እውን
   በልኪ። /2/

4. ኣብ ቀራንዮ ተሰቒሉ ኣኽሊል
   እሾኽ ኣስጠሙሉእዚ ኹሉ
   ምስ ረኣኺ
   ከም በሊሕ ኲናት ሠንጢቑ ወግኣኪ ኣብልብኺ።
   /2/

## 69) ኣብርህለይ

**ተደጋጋሚ** - ኣብርህለይ /4/ ኣደየ
ንዓኺ ፈሊጠ ከስተማቕሮ
ንሕይወተይ።

1. ስምኪ ጥዑም ብርኽቲ ኢኺ
   መጸናንዒት መሳልል ሰማይ
   እቲ ከርስኺ ማኅደር ኣዶናይ /2/።

2. ዘይፈልጡኺ ብዙኃት እዮም
   ኪፈልጡኺ ተገለጽሎም ማኅደር
   መንፈስ ቅዱስ
   ኣደ ኣማኑኤል እኳ ኢኺ።

3. እቲ ልብኺ ዘይጭክን ርኅሩኅ
   መምህር ጸሎት ወትሩ የዋህ
   ትሕትናኺ ንዓይ ኣብነት

እኖ መሢሕ መፍቀሪት ሰብ።

## 70) እኖ ዘልዓለም ፍቕሪ

***ተደጋጋሚ***
እኖ ዘልዓለም ፍቕሪ፣ ናይ ጌዴዎን ጸምሪንስኺ
መሣልል፣ ናይ ሰማይ ናይ ምድሪ።

1. ኬስተንትን ዝበለ፣ ኦ ማርያም ዕቤትኪፍጹም
   ኣይርከብን፣ ዝመስል ንዓኺ።

2. ንልምን ኣሎና፣ ብእምነት ናባኺ
   ጸጋኺ ኣፍስሲ፣ ንዓና ደቕኺ።

3. ርሕርሕቲ እኖና፣ ረድኤት ሃብና እኖ
   መድኃኒና፣ ሰላም ኣውርድልና።

4. ሕይወት ከም እንረክብ፣ ንፈልጥ ንኣምን
   ኣይትጋደፍና፣ ንዘልዓለም ዓለም።

## 71) ንግሥቲ

1. ሰማይ ትርኣሳ ምድሪ ትርጋጻ ንግሥቲ
ክርስቶስ ክትመስል ንሰማይ ፈሊሳ ንግሥቲ
እንካብ ዘርኢ ኣዳም ቀዳመይቲ ንሳ ንግሥቲ
ናይ መንግሥቲ ዘውዲ ብግርማ ለቢሳ ንግሥቲናይ
ላዕልን ናይ ታሕትን ሕያወይቲ ንሳ ንግሥቲ
ነፍሳትና ኣለወን ምሳኺ ኺነግሣ ንግሥቲ

2. ጭፍራ መላእኽቲ ብላዕሊ ዘመሩ ንግሥቲ ኣብ
ምድሪ ዘለዉ ምሳኹም ይኅበሩ ንግሥቲ መንክር ፈጣሪና
ዘይንገር ግብሩ ንግሥቲ
ንላዕልን ንታሕትን ብማርያም ጸንቢሩ ንግሥቲ ብፕዮስ
ኣቦና ሓቂ ተናጊሩ ንግሥቲ
ኵላቶም ቅዱሳን ጸሎቶም ሰሚሩ ንግሥቲ

3. ብፅዕቲ ይብሉኺ ኵላቶም ትውልዲ ንግሥቲ
ውዳሴኺ እዩ ዘይውዳእ ዓውዲ ንግሥቲ
ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ ከም ሲና ትነዲ ንግሥቲመዓዛ
ንዅሉ ናይ ፍቕሪ መንገዲ ንግሥቲ
ዋሕስና ንስኺ ኣብ ቅድሚ ፈራዲ ንግሥቲ
ካብ ኢዱ ኣውህብና ናይ ብፅዕነት ዘውዲ ንግሥቲ

## 72) ኪዳነ ምሕረት

ኪዳነ ምሕረት 'ዛ ሓላዊትና ኣብ
ትሕቲ ጽላላ ተኣኪብና ትምህርታ
ንቕስም ምስ ጥበብ ብርሃንን
ኵርዓትን ንወድ ሰብ።

***ተደጋጋሚ*** - ኮኾብና ንስኺ፣ ብርሃንና ንስኺ
ናባኺ ንምሕጸን ሕፃናት ደቅኺኣባና
ይስፋሕ እቲ ሓለዋኺ።

## 73) ምስጋና ንማርያም ምስጋና

*ተደጋጋሚ*
ምስጋና ንማርያም ምስጋና /2/
ዓዳሊት ጸጋታት ኣደ መድኃኒና፤ ንማርያም
ምስጋና።

1. ንዒ ኦ ማርያም ንዒ'ሞ ርድእና ንስኺ
   ኢኺ ርኅርኅቲ ኣዴና ሕርኽርኽ ዘይብላ
   ንጽሕቲ ኅልና።

2. ጸግዒ ኃጢኣተኛ ኣደ ጭኑቕ ኢኺ ብምሕረት
   ጠምትዮ ንዅሉ ሕዝብኺ ሥርየት ኣማልድሉ
   ካብ ፍቁር ወድኺ።

## 74) ወረባት ማርያም

1. ለኣዳም ተስፋሁ /2/
   ማርያም /3/ ለኣዳም ተስፋሁ። /2/

2. ማርያም ማርያም ማርያም /2/ስመኪ
   ጥዑም /2/ ማርያም።

3. ንዒ ንዒ ንዒ ማርያም /2/በበዓለኪ
   ባርክነ ዮም። /2/

4. ኣንተ ውእቱ ተስፋሁ ለኣዳም /2/ኣመ
   ይሰደድ /3/ እም ገነት።

5. ኪዳንኪ ኲነ /3/
   ለኃጥኣን ቤዛነ ኪዳንኪ ኲነ። /2/

6. ይኵነኒ /3/
   በከመ ትቤለኒ /2/ ይኵነኒ።

7. ሰዓሊ ለነ /3/
   ወልድኪ ከመ ይምሐረነ። /2/

   ለምንልና /3/
   ወድኺ ምሕረት ኺገብረልና። /2/

8. ይቤ እግዚእ ነዋ እምከ /2/ ንስኣ
እምየ ኣእትዋ ቤትከ። /2/

9. ማርያም ማርያም ማርያም ኣዴና /2/ ንሕና
ኢና ደቅኺ ንልምን ኣሎና። /2/

************************

## 75) ጸጋ ናይ ኣምላኽና

1. ጸጋ ናይ ኣምላኽና በረኸት ዝመልኦ ንሽጉር
ንጭኑቕ ካብ ሓጢያት ዜውጽኦ ካብኡ ምስ
እትርሕቕ ሽግር ይረኽበካ ኣብ ዓለም ትነብር
ክትኩብልል በይንኻ።

***ተደጋጋሚ***
ኣምላኽይ/2/ ዘይርሳዕ ተስፋታቱ ንትሕቲ
ነፍሲ ኣብ ገነት ዘእቱ። /2/

2. ንኃጥእ ኬድኅን ሕይወቱ ዘኀለፈእስኪ
ንጠምቶ ነቲ ደሙ ዘፍሰሰ
ንሕሰብ ንመርምር'ውን ብዛዕባ ሕይወትናኣብ
መስቀል ዝወዓለ መድኃኒ ኣሎና።

3. ብናይ ዓለም ፍቕሪ ኣይለወጥ ሓሳብና ንመለስ
ናብ ኣምላኽ ናብቲ ዝሞተልና ንሕይወትና
ነድኅን ኣይንርኣያ ሻላ
ሓዲግ ከይትተርፍ ብዘይ ኣምላኽ ኮብሊላ።

4. ኣምላኽይ ተመስገን ስለ'ቲ ምሕረትካ ናይ ደገ
ዘይኮነ ናይ ልቢ ምፍላጥካ ኣባኻ ዘጸግዕ
መንፈስ ስደደልና ኣምላኽይ ኃይሊ የልቦን
ኣይትፈለየና።

## 76) ፍቑር መድኅነይ እምካሕ ብኣኻ

1. እሙን ኣምላኽይ እምኻሕ ብኣኻ
ኣረኪበ'የ ሕይወተይ ንዓኻ
መድኅነይ ኢኻ ናይ ሕይወተይ ዋልታ
ብፍቕሪ ናተይ ሞትካ ኣብ ጎልጎታ።

***ተደጋጋሚ***
ፍቑር መድኅነይ እምካሕ ብኣኻ
ዋልታ ሕይወተይ ንስኻ ኢኻ።

2. ብዘይ ብኣኻ መንከ ኣሎኒ፧ኣብ ጊዜ
ጭንቀይ እትረድኣኒ
ተስፋ ቆሪጸ ንብዓት ከፍስስ
መድኅነይ መጸ ዓይነይ ኪደርዝ።

3. ለዋህ ኢየሱሰይ ዕረፍቲ ልበይ ከይፍለየካ
ንምሉእ ሕይወተይ መራሕ ሕይወተይ
ረኺበካ እየ ኣይፍለየካን መብጽዓ
ኣትየ እየ።

## 77) ከምልኾ'የ

***ተደጋጋሚ***
ከምልኾ'የ ነቲ ዓቢይ ጐይታ
ከምልኾ'የ ብፍጹም ዘይርታዕ
ከምልኾ'የ ነደቕቲ ዝነዓቕዎ
ከምልኾ'የ ነቲ ርእሲ መኣዝን።

1. ሓቐኛ ኣምላኽ ናይ ጥበብ ጐይታዝኾነ
ይኹን ፍጹም ዘይርታዕ ብሰብ ኣእምሮ
ኣይግመትን'ዩ ውርዱን ሥፍሓቱን
ኣይብጻሕን'ዩ።

2. ንፍቕሩ ርእየ ጥዒመ ኣሎኹንእኡ
ክስዕብ መዲበ ኣሎኹኣብቲ
መከራይ ባዕሉ እናመጸ
ይማጐተለይ መታን ከይቁጸ።

3. ጉድለተይ ኩሉ እናረኣየ
የመልክተኒ እናነሃየ ብፍቕሩ
እዩ ዝማረኸኒ
ኣብ መስቀል ሞይቱ ሕይወት ሂቡኒ።

4. ብዘይካ ንሱ ዓርኪ የብለይን ከምኡ
ዘፍቅሮ ከቶ ኣይረክብንናይ ልበይ
ሽግር ኩሉ ይፈልጦዝኸበደኒ ባዕሉ
ይቐንጥጦ።

## 78) ካብቲ ቕብኢ ዝተላዕለ

1. ናቱ ንክኸውን መዲቡኒ ናብኡ
ንኽቐርብ ጸዊዑኒ ብደሙ
ሓጺቡ ኣጽዲቑኒ ንዓይ'ወ
የሱሰይ ኣኽቢሩኒ።

ተማቓሊ(ት) ኮይነ ኣነስ ካብ ኃይልኻ
ተማቓሊ(ት) ኮይነ ካብቲ ኃይልኻ
ተማቓሊ(ት) ኮይነ ኢየሱስ ካብ ክብርኻ

ተማቓሊ(ት) ኮይነ ካብቲ ክብርኻ
ተማቓሊ(ት) ኮይነ ኣነስ ካብ ሥልጣንካ
ተማቓሊ(ት) ኮይነ ካብቲ ሥልጣንካ
ተማቓሊ(ት) ኮይነ ካብ ቅድስናኻ
ተማቓሊ(ት) ኮይነ ካብቲ ጽድቅኻ
ተማቓሊ(ት) ኮይነ ኢየሱስ ካብ ብህሪኻ
ተማቓሊ(ት) ኮይነ ካብቲ ባህሪኻ።

2. ካብቲ ቅብኢ ዝተላዕለ፥
ኣርዑት ካብ ክሳደይ ተሰባበረ። /2/ካብ ኢየሱስ ዝተላዕለ፥
ኣርዑት ካብ ክሳደይ ተሰባበረ። /2/

ኣብ ምድረበዳ ነፍሰይ ዓጊባ ነቲ ዘዕግብ ኢየሱስ ረኺባ። /2/
በረኸቱ ኣብ ልዕለይ እምብዛ በዚሑ ጐይቦታተይ ኩሉ ብዘይቲ መሊኡ በረከቱ ኣብ ልዕለይ እምብዛ በዚሑጐዳጕደይ ኩሉ ብዘይቲ መሊኡ።

ካብቲ ቅብኢ ዝተላዕለ፥
ኣርዑት ካብ ክሳደይ ተሰባበረ። /2/ካብ ኢየሱስ ዝተላዕለ፥
ኣርዑት ካብ ክሳደይ ተሰባበረ። /2/

3. ኣርዑት ናይ ኃጢኣት ካብ ልዕለይ ተሰይሩ
ብጐይታ ኢየሱስ በቲ ጻድቕ ደሙ። /2/ኣብ ሕይወተይ ገዚኡ እምብዛ ብጽድቁእርኢ ኣለኹ ብርሃን ብብርሃኑ። /2/

ካብቲ ቅብኢ ዝተላዕለ፥
ኣርዑት ካብ ክሳደይ ተሰባበረ። /2/ካብ ኢየሱስ ዝተላዕለ፥
ኣርዑት ካብ ክሳደይ ተሰባበረ። /2/

4. ኩሉ ይግዝኣካ ይንብርከኸልካ፥
የሱስ ጐይታ ይብል ተግባር ኣእዳውካ።
/3/

5. ኃያል ኢኻ'ሞ...... ኃያል እብለካ ጅግና ኢኻ'ሞ...... ጅግና እብለካ ንጉሥ ኢኻ'ሞ ..... ንጉሥ እብለካ ቅዱስ ኢኻ'ሞ....... ቅዱስ እብለካ ሥልጡን ኢኻ'ሞ..... ሥልጡን እብለካክቡር ኢኻ'ሞ ...... ክቡር እብለካ ዓቢይ ኢኻ'ሞ.......ዓቢይ እብለካ ኃያል ኢኻ'ሞ....... ኃያል እብለካ

ዕብየትካ ርእዩ ዘየኽብረካ፥ መን'ዩኸ ኢየሱስ ዘይፈርሃካ!ሥልጣንካ ርእዩ ዘየኽብረካ፥መን'ዩኸ ኢየሱስ ዘይፈርሃካ!ክብርኻ ርእዩ ዘየኽብረካ፥ መን'ዩ ኸ ኢየሱስ ዘይፈርሃካ!

6. ኩሉ ይግዝኣካ ይንብርከኸልካ
የሱስ ጐይታ ይብል ተግባር ኣእዳውካ።
/3/
ፍቕሪ ኢኻ'ሞ ..... ፍቕሪ እብለካኣቦ
ኢኻ'ሞ....... ኣቦ እብለካ
ጐይታ ኢኻ'ሞ... ጐይታ እብለካፍሉይ
ኢኻ'ሞ... ፍሉይ እብለካ
ዓቃል ኢኻ'ሞ... ዓቃል እብለካ
ለዋህ ኢኻ'ሞ...... ለዋህ እብለካ ከኣሊ
ኢኻ'ሞ...... ከኣሊ እብለካፍቅሪ
ኢኻ'ሞ...... ፍቅሪ እብለካ

ፍቕርኻ ርእዩ ዘየፍቕረካ፥
መን'ዩኸ ኢየሱስ (ዘየፍቅረካ) ዘይፈትወካ! /2/
ምሕረትካ ርእዩ ዘየፍቅረካ
መን'ዩኸ ኢየሱስ ዘይፈትወካ!ክብርኻ ርእዩ ዘየኽብረካ፥ መን'ዩኸ ኢየሱስ ዘይፈርሃካ!

## 79) ምስጋናኻ ኣብ ዓጸጽምተይ ሠሪጹ

***ተደጋጋሚ***

ምስጋናኺ... ኣብ ዓጸጽምተይ ሠሪጹ
ኣብ ልበይ'ውን ... ከም ዚነድድ ሓዊ ኮይኑ<u>ዘምር /6/</u> ይብለኒ'ሎ
<u>ጨድር /8/</u> ይብለኒ'ሎ <u>ዓልል /8/</u> ይብለኒ'ሎ <u>ዝለል /8/</u>
ይብለኒ'ሎ <u>ኣመስግን /8/</u>
ይብለኒ'ሎ<u>ወድስ /8/</u>
ይብለኒ'ሎ <u>ስገድ /8/</u>
ይብለኒ'ሎ <u>ኣምልኽ /8/</u>
ይብለኒ'ሎ

1. ተግባራትካ ኣብ ዓይነይ ቅጭል እናበለ ይረኣየኒ'ሎ ቅድመይ ደው ከም ዝበለ ከስተንትኖ ከለኹ ሓዊ የቃጽለኒ

ሽዑ ብኡን ብኡን እዋይ ምስጋናኻ
ይመልኣኒ
ዓልል፥ ዘምር፥ ዝለል እዋይ ስገድ'ውን
ይብለኒ።

2. መንፈሰይ ኣመስግን ኢሉ ይድርኸኒ ስቕ
ክብል እንተበልኩስ ልበይ ይነደኒኣብ
ውሽጠይ ይፈልሕ ከምቲ ሕቱም
ወይኒ
ክኽእሎ እንተበልኩስ ምኽኣሉ ኣብዩኒከናፍረይ
ደፊኡ እዋይ ቃሉ ይስዕረኒ።

ከዝምር እየ'ወ ንዓኻ ከዝምር እየ /2/ ክጭድር
እየ'ወ ንዓኻ ክጭድር እየ /2/ክዕልል >>
>>
ከመስግን >> >>
ክውድስ >> >>
ክሰግድ >> >>

## 80) በዓል ግርማ

***ተደጋጋሚ***

በዓል ግርማ በዓል ክብሪ
ሥልጡን ጐይታ ኣብ ሰማይ ምድሪግሩም
መካር፥ መስፍን ሰላም
ክበር ንገሥ ንዘለዓለም።

1. ስምካ ምስ ዚጽዋዕ ደው ዝብል የለን ዕርድታት
ይፈርስ ውዲታት ይበታተን።ኣብ ልዕሊ ኩሉ
ልዕል ዝበለ ስምካ ግሩም መካር ኢየሱስ
ጭራሽ የለን
ከማኻ።

2. ሰማይ ዝፋንካ'ዩ ምድሪ መርገጽ እግርኻክቡር
እግዚኣብሔር ሥልጡን ከም
ቀደምካ።
ከማኻ ዝበለስ ፍጹም ኣይተረኽበንሎሚ
ኮነ ጽባሕ ንዘለዓለም የለን።

## 81) ስለ ዓቢይ ግብርታትካ

1. ንዓመታት ብጸጋኻ ኣታቲኻና ትሰምዖ
ኔርካ ንድምጺ ጸሎትና ምላሽ'ውን ትህብ
ንሕቶና ኣይትንዕቐን ንድኹም ምስጋናና
ከም ዕጣን ትቕበሎ ንመዝሙርና።

***ተደጋጋሚ***

ስለ ዓቢይ ግብርታትካ ስለ ዓቢ ፍቕርኻ /2/
ምስጋናና ተቐበል ካብ ድኹማት ባሮትካ።
/2/

2. ብብዙሳ ፈተናታት እንክንውጠር
ዝጐተና በዚጉ እግርና ኪሓጽር
ጣዕሚ ዓለም ሽፊንዎ ኣዒንትና ኪዓውር
ምምላሽ ኣብዩ ልብና ኪተርር
ንስኻ ግን ኔርካ ብውሕጅ ተሳግር።

3. ብብርቱዕ ቅልጽምካ መሪሕካና
ብድሕሬና ብቕድሜና ከቢብካና
ንጐደሎና ኩሉ እናመላእካ ንድላይና
ብጽቡቕ እንዳጽገብካ
ኣብ'ዚ ዘብጻሕካና ነመስግን ንስምካ።

4. ንሕናስ ተኣምራትካ ዝረኣና ብፈውስኻ
ካብ ሕማምና ዝሓወናኣብ ቤትካ
ምጽንናዕ ዝረኸብና ንኹሉ ጸጋታትካ
ዝጠዓምና ዝገበርካዮ ኩሉ መስኻኽር
ኢና።

## 82) ገዓረይ ኩሉ

1. ገዓረይ ኩሉ
ንስኻ መልሲ ትህበሉ
ነገረይ ኩሉ
መፍትሒ ጐይታይ ትገብረሉ
ጉዳየይ ኮይኑ ጉዳይካ ኣምላኺይ ከመስግነካ(2)

***ተደጋጋሚ***

ፍ. . .ቕርኻ ኣምላኺይ ተዓጻጺፉ. .
.ስነትካ ኣቦይ ኃለፉ ኮይኑ
ከምቲ ዘፍቀርካኒ ኃለፉ ኩሉ ዝቐረብካኒእዚ'ዩ
ዘሎኒ መሥዋዕቲ ምስጋናይ ተቐበለኒ።

ተ. . . .መስገን ክበር አ ጐይታይ /2/

2. ምስቶም ቅዱሳንካ
ከዕርግ ጐይታ ምስጋና ኣብ ቤትካ
ዝስቶም ሕሩያትካ
ክመልኦ ጐይታ ምስጋና ኣብ ቤትካ

’ቲ ድምጺ ምስጋናይ ይብጻሕ ናባኻ
ጐይታይ። /2/

ሃ. . . . ሃሌ ሉያ ክበር ኦ ጐይታይ /2/

3. ክወጽአ ዝግበኣኒ
ሕጊ ነይሩ’ዩ ዚብርትዓኒ
ክገብሮ ዚግበኣኒ ብዙኅ’ዩ
ነይሩ ዝኸበደኒ
ንሕጊ ፈጺሙ ሕይወተይ ኣድኂኑ ብኽቡር
ደሙ። /2/

ተ. . . መስገን ክበር ኦ ጐይታይ። /2/

4. መሥዋዕቲ ርእሱ
ክኣቱ ፈትዩ ናብ መቅደሱከድኅነኒ’ሉ
ይማኅተለይ ጠበቓይ ኮይኑ
የሱሰይ ካህነይ ንሓዋሩ እህብ ምስጋናይ።
/2/

ሃ. . . . ሃሌ ሉያ ክበር ኦ ጐይታይ። /2/

## 83) ኣምላኸይ ብዙኅ’ዩ ውዕለቱ

1. እግዚኣብሔር ምድኃነይ’ዩ ኃይሊ
ሕይወተይ ንሱ በይኑ
ብመላእኽቱ እና ሓለወኒ ኣዒንቱ
ድማ ነይፍለያኒ።

***ተደጋጋሚ***
ኣምላኸይ ብዙኅ’ዩ ውዕለቱ
ይመልኣለይ ከምቲ መጠን ሃብቱ
ይሕልወኒ ብነበልባል መላእኽቱ
የንብረኒ ከም መጠን ምሕረቱ ኣብቲ ቤቱ።

2. ዕቤቱ ዘይምርመር ስለ ዝበሃገኒ
ብብዝኂ ስርናይ የጽግበኒ ሃብቲ
መንግሥቱ ኣዝዩ ዝለዓለ
ዘድልየኒ ይህበኒ ሓደ ከየጉደለ።

3. ኣብ ጸጽባሕ ምሕረቱ ሓድሽ’ዩ
ኣይውጻእን ካብ ዝሞቐ ቤቱ
ተብጅየካ’የ’ሉ ንዝመለሰኒ ብሓጐስ
እጭድር ነዚ መድኃኒ።

4. ምሕረቱ ብዙኅ’ዩ ክንደይ’ለ ክቐጽሮስለይ
ሓደ ወዱ መሥዋዕቲ ዝገበሮእዚ
ከይኣክል ኣቦይ ኮይኑኒ ብሥጋን
ብነፍስን ይከናኸነኒ።

## 84) ምሳኻ ምንባር ይሕሸኒ

1. ካብ መንፈስካ ናበይ ክኸይድ’የካብ
ገጽካሽ ናበይ ክሃድም’የ ሰማይ
ተደየብኩ ኣብኡ ኣሎኻመንጸፈይ
ንሲኦል እንተንጸፍኩእንሆ ንስኻ
ኣብኡ ኣሎኻ
ትነብር’ውን ኢኻ ሕያው እውን ኢኻ።

***ተደጋጋሚ***
ምሳኻ ምሳኻ ምሳኻ
ምንባር ይበልጸኒ
ጐይታየ ኣብ ቤትካ
ፈውሲ ኣለዎ ሕይወት ኣለዎ በረኸት
ኣለዎ ምጽንናዕ ኣለዎ።

2. ኣኽናፍ ወጋሕታ እንተወሰድኩ ኣብ
ወሰን ባሕሪ እንተተቐመጥኩ ኣብኡ ከኣ
ኢድካ ክትመርሓኒ’ያ የማነይቲ ኢድካ
‘ውን ክትሕዘኒ’ያጐይታየ ካባኻ ናበይ
ክኸይድ’የ ናበይ ክብል እየ ናበይ
ክሃድም’የ፧

3. ጸልማት ይኸውለኒ ለይቲ ይኩንእንተበልኩ
ንዓኻስ ጸልማት እኳ ኣይጽልምተካን
ጸልማትን ብርሃንን ንዓኻ ሓደ እዮምካባኻ
ርሒቐ ናበይ ኢየ ዝኸዶ፧ ጐይታየ ናይ
ዘለዓለም ቃል ኣሎካ ሕይወት ኣሎካ
ፈውሲ ኣሎካ።

4. ኣይኮንኩን ብገንዘብ ሕይወት ዝረኽብ
ኣይኮንኩን ብጥሪት ጸጋ ዝረክብ ኣይኮንኩን
ብፍልጠት ኃይሊ ዝረክብኣባኻ እንተ
ተወከልኩ’የ
ብኸምኡ ወይንን ጸባን ዝረኸበሉኣብ
ቤትካ እዩ ኣባኻ እዩ።

5. ጐይታይ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣሎካ
ጐይታይ ናይ ዘለዓለም በረኸት ኣሎካ ጐይታይ
ናይ ዘለዓለም ምጽንናዕ ኣሎካ

ጐይታየ ካባኻ ናበይ’የ ዝኸዶ፧
ናበ’የ ዘብሎ ናበ’የ ዝሃድሞ፧

## 85) ፍቕርኻ ማሪኹኒ

1. ክንደይ ይጥዕም ደሃይ ድምጽኻ ክንደይ
ይማርኽ ቆላሕታ ዓይንኻ ክንደይ
ይብርትዕ ሃልሃልታ ፍቕርኻክንደይ
የሕምም ምፍላይ ካባኻ!
ምቕራብ ምቕራብ ይሕሸኒ ኢየሱስ ናባኻ
ምልጋብ ምልጋብ ይሕሸኒ ኢየሱስ
ናባኻ።

***ተደጋጋሚ***
ፍቕርኻ፥ ፍቕርኻ ማሪኹኒ /2/ኣጥቢቑ
ኂዙኒ ልበይ መሊኡኒ
ካብ ቤትካ ከይርሕቕ ጸጋኻ ጥዒሙኒ። /2/

2. ፍትወይ ኣእዳውካ ይድረዛኒ ኢየሱሰይ
ኣእጋርካ ይብጽሓኒ ጐይታየ ኣብ
ውሽጠይ ተዛረበኒኣበይ ከም ትውዕል
ንገረኒ
ክኸይድ ክኸይድ ምሳኻ ክዓግብ ክዓግብ
ብኣኻ። /2/

3. ብናይ ፍቕሪ ድምጺ ጸውዓኒብገመድ
ፍቕርኻ ሰሓበኒ ኣብ
ጽምዋ በይነይ ርኸበኒ ኢየሱሰይ
ናይ ልበይ ኣዛረበኒ
ኣብ በረኻ ምሳኻ ክውዕል ብሓጐስ ልበይ
ከዕልል። /2/

## 86) ከመይ ዝበለ’ዩ ፍቕርኻ

1. ምስቲ ኃጥእ’ዩ ዝተባህለ ኢየሱስ ኣብ
ቤቱ መኣዲ ተኸለ
ምላሽ ኮይንዎም ከም ብዝኂ ለውሃቱ ርውየት
ኮይንዎም ከም ብዝኂ ለውሃቱ።

***ተደጋጋሚ***
ከመይ ዝበለ’ዩ ፍቕርኻ፧
ፍልይ ዝበለ’ዩ ፍቕርኻ ኣረ
ንበይኑ’ዩ ፍቕርኻ
ምስቶም ንዑቓት ትሰርዕ መኣድኻ።

2. ርውየቶም ኢኻ ነቶም ጽሙኣት ጽጋቦም
ኢኻ ነቶም ጥሙያት ሙቑቶም ኢኻ
ነቶም ዝቖረሩ ፍቕርኻ ርእዮም ጸጊቦም
ይነብሩ።

3. ዳርባ እምኒ እውን ኣይሓዘካን ጸሎት
ፈሪሳውያን ኣይዓገተካን ብዝለኣኽካለይ
ናይ ንብዓት ደብዳቤብምስጋናኻ
መሊእካዮ ልበይ።

4. ብፍልጠት ክእለት እንተዕዘምዘሙ
መርመርቲ ሕጊ እንተጉረምረሙ ኢየሱስ
ምግበኒ’ሎ ብፍቕሩ
ጌና ክመርሓኒ’ዩ በቲ ምኽሩ።

## 87) እቲ መወዳእታይ

1. ጾር ናይ ሰብ ትጸውር ባዕልኻ
ዝኸበዶም ይመጹ ናባኻ ኃይሊ
ዝደለዩ ኃይሎም ኢኻንሕቶኦም
ኩሉ መልሲ ኢኻ
ኣነ’ውን ነዚ ተረዲኤ እመጻካ ኣሎኹ /2/ጾረይ
ተሰኪመ።

***ተደጋጋሚ***
እቲ መወዳእታይ ጸቢቑ ክርኢ እደሊ ኣለኹ
/2/
መስቀለይ ከቢዱ ኣሃሃ ምጻሩ ስኢነ ኦሆሆ
ብውሽጥን ብደገን ኣሃሃ ኣይከኣልኩን ኣነ ኦሆሆ
ኃይልኻ ሃበኒ ንኹሉ <u>ክጾሮ /3/</u>
ሰማያዊ ምግላጽ ኣብ ልበይ <u>ኣንብሮ /3/</u>ኣብዚ
ከፉእ ዘመን ንክእመነካ እዚ’ዩ ድልየተይ
ናይዛ ምድሪ ጉዕዞይ ብዓወት ተፈጺሙ
ክርእይ መወዳእታይ።

2. መልክዖም ዘይፈልጦም ንፋሳት
ይደፍኣኒ ኣሎ ብዙኅ ማዕበላት
ምስትውዓል ሃበኒ ከለልዮ
እቲ ናትካን ዘይናትካን ክፈልዮ ካብ
ሰዶም ከይከፍእ እቲ ፍርደይ
እቲ መወዳእታይ ካብቲ መጀመርታይጐይታይ
’ጸብቐለይ።

3. ኣሚንካ ዝሃብካኒ ሕድሪ

ስምካ ከይልውጥ ብወርቂ ከም
ይሁዳ ልበይ ከይክሕደካደግፈኒ
ኢየሱስ ሓደራኻ
ኣዕጽምተይ ከይከተት ኣብ ሲኦልኣብቲ
<u>መዝገብ ሕይወት /2/</u> ነይሩ
ከይበሃል።

4. ኣእጋረይ ኣሰርካ ክኅዛ
ካብ መንገደይ ፍጹም ከየልግሳ ካብ
ትእዛዝ ከናፍርካ ከይዝንብልኣብ
መዝገብ ቃላትካ ክሰፍር ከም ኢዮብ
ብሓዊ ኃሊፈ
<u>ከም ወርቂ ክወጽእ /2/</u> ንኹሉ ስዒረ።

## <u>88) መቑሕ ናይ ዓለም ሰበሮ</u>

1. እጽሊ ኣለኹ ክነብር ምሳኻ ዝበለጸ
እዩ ምምካሕ ብኣኻ ኩሉ
ኪኃልፍ'ዩ ብዘይካ ቃልካ።

***<u>ተደጋጋሚ</u>***
መቑሕ ናይ ዓልም ሰበሮ
ንኹሉ ቃልካ መሃሮ
ሓልዮትካ ሃብ ጐይታይ
ብስምካ እውን ኣኅብሮ።

2. ኣባኻ መጺኡ ኅልናይ ዓረፈ ምህውታት ኣብ
ዓለም ኩሉ ተረፈ ብስምካ ጐይታይ ዓለም
እንሆ ተሰየፈ፡፡

3. ኢየሱስ ኢኻ ክንዲ ወይኒ ፍቕርኻ
ጌርካ ጥመረኒ ፍቕድካ ኩሉ
ክመልእ ኃግዘኒ።

4. ትርእያ ኣሎኻ ዓለም ብምልእታ ኣምላኽ
ኢኻ ናይ ኩሉ ጐይታ ዘይትወላወል
ኢየሱስ ጽኑዕ ዋልታ።

## <u>89) ጐይታ ኢየሱስ ኣብ ጊዜ ፈተና</u>

***<u>ተደጋጋሚ</u>***
ጐይታ ኢየሱስ ኣብ ጊዜ ፈተና ኣይትፈለየና
መንፈሳውነትና ሕማቅ'ዩ ዘሎ ኣረጊት ቤት ዑና /2/

1. ፍቕሪ ስኒት ጠፊኡ ኣብ መንጐና
ክፍኣት ተንኮል ወሪስዋ ልባትና ታቦት
ሰይጣን ኮይኑ ኣካላትና ረሲዕና'ዮ'ቲ ኣብ
መስቀል ምውዓልካ

2. ብኣፍ ጥራይ ኮይኑ ክርስትናብዘይ
ግብሪ ትህኪት ወሪሱና
ሕጂ ከይከውን ምጻኣት ናይ ጐይታና
ከይተዳለና ሓላፍ ዘላፍ ኮይና

3. ንዑ ኣኅዋት ንመለስ ናብ ጐይታና
ጽድቅን ቅንዕናን ሕቂ እናገበርና ሕያዋይ
እዩ'ቲ ፈቃር ኣምላኽና ክበር ተመስገን
ኣሜን ሃሌሉያ

> "ኦ ኣምላኽ ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ
> ጽኑዕ መንፈስካ ኣብ ውሽጠይ ሓድስ
> ካብ ገጽካ ኣይትደርብየኒ
> ቅዱስ መንፈስካ`ውን ኣይተግድፈኒ
> ሓጐስ ምድሓንካ ምለሰለይ
> ፈትየ ክእዘዘካ ደግፈኒ።"

## <u>90) ጉያይ ምስ ጀመርኩ</u>

1. ጉያይ ምስ ጀመርኩ ክጐዓዝ ንበይነይ ቀሊል
ገመትክዎ ንኹሉ'ቲ ናብራይ ንቅድሚት
ቀጸልኩ ከይበልክዎ ሕራይግን ረክብክዎ'ቲ
ሳዕቤኑ ዳኅራይ።

***<u>ተደጋጋሚ</u>***
ኢየሱስ ጓሳየይ እዩ፥ እወ
ኢየሱስ የፍቕረኒ እዩ፥ እወ
ኢየሱስ ካህን ሕይወተይ
ሕይወት'ውን ሂቡኒ ኪጓሲ ንነፍሰይ።

2. ናብራይ መሪሩኒ ክኹብልል እንከለኹ ኣብ
ጸልማት ተደርብየ ክበኪ እንከሎኹሓደ
ብርሃን ጨራ ብርሑቕ ረኣኹ ተስፋ ናይ
ሕይወተይ ካባኻ ረኸብኩ።

3. ንዓኻ ክርኢ ኢየሱስ፥ ክርኢ ንዓኻ
ክረክብ ኢየሱስ፥ ክረክብ
ኦ ኢየሱስ ኣብ ቤተይ ተረኸብ፥ ኣብ
ቤተይ
ከይጠፍእ እግሪ እግረይ ሰዓብ፥ እግሪ
እግረይ።

4. ኣይተጨክነለይ ኢየሱስ፥ ርሕሩሕ'ዩ ኣይትኮንነኒ
ኢየሱስ፥ መሓሪ'ዩ ኣይትጽልኣኒ'ውን ኢየሱስ፥
ፈቓር'ዩ ኣይትጥለመኒ'ውን ኢየሱስ፥
እሙን'ዩ።

## 91) ቀቢእካኒ ኢድካ ኣንቢርካለይ

1. ካብ ሓመድ ኣልዒልካ ዘንገሥካኒ ጐይታ፥
ቀቢእካኒ
ውርደተይ ኣርሒቕካ ብኽብሪ ሸፊንካ፥
ቀቢእካኒ
ድኻመይ ስዒርካ ብኃይሊ ኣዕጢቕካ፥
ቀቢእካኒ
ናይ መንግሥቲ ክህነት ኅሩይ ክኾነልካ፥
ቀቢእካኒ

***ተደጋጋሚ***
ቀቢእካኒ ኢድካ ኣንቢርካለይ ቅብእኻ
ኣፍሲስካ ኣብ ርእሰይቅልጽምካ የበርትዖ
ንኃይለይ
<u>መወዳእታይ ዓወት'ዩ ኮይኑለይ። ኣሜን። /2/</u>

2. ኣብ ከርሲ እኖይ ከለኹ ገና ከይሓሰብኩ፥
ቀቢእካኒ
ዕድመይ ውሑድ ከሎ መዓርገይ ንኡስ፥
ቀቢእካኒ
ኣብ መሮር ከለኹ ምስ መጓሰ ኣቦይ፥
ቀቢእካኒ
ደሊኻ ረኺብካኒ ንጉሥ ክኾነልካ፥ቀቢእካኒ

3. ኣብ በረኻ ይሁዳ ኣብ ኣኽራናት ሜዳ፥
ኣይኃደግካንን
ሳኦል ኪቐትለኒ ንነፍሰይ ኪደልያ፥
ቀቢእካኒ
ካብ'ዚ ኹሉ ኸርተት ወጺኤ ክነግሥ፥ቀቢእካኒ
ቅብኣትካ ምሳይ ነይሩ ኣይተፈለየንን፥
ኣይኃደገንን

4. ትንቢት ተፈጺሙ መንግሥቲ ክትህበኒ፥ቀቢእካኒ
ደኺመ ኃጢአ ዋላ እንተ በደልኩ፥
ትደልየኒ
ኣብ ስደት በረኻ ኣብቲ ውርደትሕስረት፥
ቀቢእካኒ
ንዅሉ ኃሊፈ ብዓወት ክድምድም፥
ቀቢእካኒ

5. ካብ ጸልማት ካብ ኃጢኣት ኣውጺእካኒጐይታ፥
ቀቢእካኒ
ንዓኻ ከገልግል መንፈስካ'ዩ ለካ፥ ረኺቡኒ
ካብ'ቲ ኸወጸሉ ዘይኽእል ዓዘቕቲ፥ ኣውጺእካኒ
ብቅዱስ መንፈስካ ጐይታ ረኺብካኒ፥ረኺብካኒ

## 92) ኣይክእሎን'የ ኣነ በይነይ

1. ብክእለተይ ብፍልጠተይ ብሥርሐይ
ብተግባረይ ብጥበበይ ብሓሳበይ
ኣይክእሎን'የ ኣነስ በይነይ ብዘይ
ብኣኻ ኃይሊ ዘይብለይ።

***ተደጋጋሚ***
ኣይክእሎን እየ ኣነ በይነይ ብዘይ
ብኣኻ ብዘይ ኃይልኻኣይክእሎን'የ
ኣነ በይነይ
ከም ቀደምካ ድኣ ንዓ ሥራሕ ኣብሕይወተይ።

2. ንበይነይ 'ተገዲፍካኒ ከርተት
ክብል 'ተሓደግካኒጸጋኻ
እንተግደፍካኒ
ኣይክእሎን'የ ኣነስ በይነይጸጋኻ
ደኣ ለግሰለይ።

3. ኣብ ጉንድኻ 'ተዘይጸነዐ ኣብ
ጽላልካ 'ተዘይኣጽሊለኣባኻ
'ተዘይተወኪለ ኣይክእሎን'የ
ኣነስ በይነይኣጽዋርካ ደኣ
ስደደለይ።

4. ብኽእለተይ ዝገብሮ ነይብለይ
ብስርሕይ ዘሥርሖ ነይብለይ
ብጥበበይ ዘምጽኦ ነይብለይ
ኣይክእሎን'የ ብዘይ ጸጋኻ
ኣፍስሰለይ ደኣ ኃይልኻ።

## 93) ኣይክእሎን'የ ፍቕሩ ክገልጾ

1. ፍቕሪ ናይ ኢየሱስ ዘገርም'ዩ ዓቢ
ነገር'ዩ መስተንክር'ዩ ኅሉፍ'ዩ መዘና
የብሉን ብምንታይ ክገልጾ እቲ
ፍቕሩ፧

***ተደጋጋሚ***
ኣይክእሎን'የ ኣነስ ናይ ኢየሱሰይ ፍቕሪክገልጾ
ሃሌ ሉያ/2/ ጥራይ ኢለ ከመስግኖ።

2. ብፍቕሩ ንዓይ ተበጅዩኒ ብለውሃቱ
ንዓይ ኣፍቂሩኒ ከመይሉ ኮይኑለይ
እዚ ዓቢ ነገርእዚ ኻበይ ዝመጸ ጸጋ
እዩ፧

3. ልበይ ኣንቂዱ'ዩ ናባኻ ሓጐስ
ረኺቡ ብምሕረትካእንታዩ'ሞ
ደስ ዘብለካ፤ ውዳሴ'ዩ ውዳሴ
እነሆልካ።

4. እንታይ ዝጽበዮ ኣሎ ካባይኩሉ ናቱ
ኢዩ ከይመልሰሉ እንታይ ኣሎ'ሞ
ደስ ዘብሎ፤ምስጋና'ዩ ምስጋና
እነሆ።

5. መግለጺ ስኢነሉ ፍቕሩ ፍጹም
ዓቢ'ዩ መስተንክር'ዩ እንታይ
ኣሎ'ሞ ዘቕርበልካ፤ዕልልታ'ዩ
ዕልልታ እነሆልካ።

## 94) ብኣምላኸ እመኑ

1. ብኣምላኽ እመኑ፡ ልብኹም ኣይሸበር
ብኣይ'ውን እመኑ፡ ልብኹም ኣይሸበርኣብ
ቤት ኣቦይ ኣሎ፡ ዝኣኽለኩም
ማኅደር። /2/

***ተደጋጋሚ***
እወ ጐይታይ ንስኻ ኢኻ ጸግዐይ
እንባይ ዋለታይ ቀርኒ ምድኃነይ ከውሒይ
ዕርደይ መናገፍየይ ዘሃድመሉ ልዕል
ዝበለ ከውለይ።

2. መንገድን ሓቅን፡ ሕይወትን ኣነ'የ ንዓይ
ዘረኣየ፡ ብሓቂ ነቦ ረኣየ
ዝለመንኩምዎ፡ ክገብረልኩም እየ። /2/

3. ኣይኃድገኩምን'የ፡ ክትኮኑ ዘኸታማት ሕያው'የ
ዘድኅን፡ እንካብ ኩሉ ኃማት ምሳኹም ኣለኹ፡
ኣብ ኩሉ ጸገማት። /2/

4. ትእዛዘይ ዚሕሉ፡ እዩ ዜፍቅረኒ ንቃላተይ
ዚሕሉ፡ እዩ ዜፍቅረኒ ማኅደርና ንሱ'ዩ፡ ኣነ
ምስ ኣዶኒ። /2/

5. ልብኹም ኣይሸበር፡ ልብኹም ኣይሰንብድ
መንፈስ ቅዱስ ኣሎ፡ ንኹሉ ዚእብድ
ሓዊ ነበልባል'ዩ፡ ንሰይጣን ዜሰንብድ። /2/

## 95) ኣብ እግዚኣብሔር ተስፋ ምግባር

1. ኣብ ሥጋ ኣይኹን ትውክልትናኩሉ
ንግዜኡ እዩ ዚጥብረና ኣምላኽና ግን
ኣምላኽ ፍቕሪ'ዩ
ናይ ጥበራ ኣይኮነን ናይ ሓቂ ፍቕሪእዩ።

***ተደጋጋሚ***
ኣብ እግዚኣብሔር ተስፋ ምግባር ሠናይ'ዩኩሉ
ነገር ናይ ከንቱነት ከንቱ እዩ እግዚኣብሔር ግና
ፍቕሪ እዩ እግዚኣብሔር ግና መጸናንዒ እዩ።

2. ኣብ እግዚኣብሔር ተማዕቆብ ልብኻ
ዝደልዮ ንሱ እዩ ዝህብ ኣብኡ
ኣማዕቁብ መንገድኻ ኣብኡ ተወከል'ሞ
ኩሉ ክሰልጠካ።

3. ንእግዚኣብሔር ሃዲእካ ተጸበዮ ግብሪ
ገበርቲ እከይ ኣይትመነዮ እቶም
ንእግዚኣብሔር ዝጽበይዎ
እዮም ንመንግሥቲ ኣምላኽ ዝወርስዎ።

4. ንእግዚኣብሔር ተዓጊስካ ተጸበዮ
ንሱ'ውን ጸሎትካ ክምልስ'ዩ ካብቲ
ረግረግ ጸብሪ ኣውጺኡ
ኣእጋርካ ኣብ ከውሒ ከቕምጠን'ዩ።

## 96) ድኅነት ብኢየሱስ'ዩ

1. ናይ ጐይታና ድኅነት ብቓሉ በጽሓናቅዱስ
መጽሓፍና'ውን ዘርዚሩ

ይገልጸልና።
እስኪ ንመልከቶ ወትሩ'ውን ንሕሰቦ ኢየሱስ
ጥራይ'ዩ ካልእ መድኅን የልቦን።

**ተደጋጋሚ**
ድኅነት ብኢየሱስ'ዩ ኣሜን! ኣሜን! (3)ካልእ
መድኅን የብልናን።

2. ብልቡ ዝለመነ ከይተጠራጠረ ይረክብ
ጻማኡ ፍጹም ከይሓፈረ።እስኪ ንመልከቶ
ወትሩ'ውን ንሕሰቦ
ኢየሱስ ጥራይ'ዩ ካልእ መድኅን የልቦን።

3. ጐይታና ነልኣዛር ካብ ሞት ኣተንሥአ ንሓንካስ
ፈዊሱ ንለምጻም ኣንጽሖ። ንብዙኃት ዕዉራት
ብርሃኑ ዝሃቦም ሓቀይና ክርስቶስ ጥራይ'ዩ
መድኅኖም።

## 97) ብተኣምራትካ የድንቐኻ

1. ሰማይ ምድሪ ብቓልካ ዝፈጠርካንወዲ
ሰብ ካብ ሓመድ ዝሠራሕካእስትንፋስ
ሕይወት'ውን ዝሃብካ! ሃሌ ሉያ ...

ኣብ መቕደሱ ነመስግኖ! ስለ
ኃይሉ ነመስግኖ! ብድምፂ
መለኸት ነመስግኖ!ብበገና
ነመስግኖ!
ብኸበሮን ብሳዕስዒትን ነመስግኖ! ብዕልልታን
ብጣቕዒትን ነመስግኖ!

**ተደጋጋሚ**
በሕዛብ ኵሎም ክበር ኢኻ
ብተኣምራትካ የድንቐኻ ኣጋንንቲ
ይደምሰሱ ብስምካ /2/።

2. ንምዉታት ብቓልካ ኣተንሢእካ
ንድዉያን ሕሙማት ፈዊስካ ነጋንንቲ
ብስምካ ኣውጺእካ!!! ሃሌ ሉያ ...

3. ናይ ናብራ ትርጉም'ውን ፈሊጠዮእምኒ
ልበይ ብቕጽበት ሰበርካዮ
ዘይቲ መንፈስ ኣብ ልበይ ኣፍሰስካዮ!!!ሃሌ
ሉያ ...

4. ክንደይ ጥዑም ኃያል ብርቱዕ እዩደገ
ምድኃን ዝኸፈተ ብስቕለቱ ንዘለዓለም
ይመስገን ኣብ ዙፋኑ።ሃሌ ሉያ ...

## 98) ምስጋናና ይብጻሕካ

1. ኃጢኣትና ተሰኪምካ ኣብ መስቀል
ተሰቒልካ
ሕማምና ኣርሒቕካልና ብዙኅ ተገረፍካ
ብደምካ ተፈዊስና ክርስቶስ ጐይታና ደቅኻ
ገበርካና ተመስገን መድኅንና።

**ተደጋጋሚ**
ምስጋናና ይብጻሕካ መድኅና፤ ምስጋና!ምስጋናና
ይብጻሕካ ምስጋና!
ካብ ሕሱም ጻላኢ ዘድኃንካና።

2. ነፍስና ኣድኃንካያ ካብ ዘለዓለም ሓዊዕረፍቲ
ዝሃብካና ክብርኻ ኸትርኢ ምስቶም ቅዱሳን
ናትካ ኣብ ላዕሊ ኣብ
ሰማይ
ኣቦ ሰላም ዘዕረፍካያ ጐይታና ተመስገን።

3. ካብዛ ኃላፊት ዓለም ደቕኻ ኣውጺእካና
ብፍቕርኻ ጸዊዕካና ኣብ ሕቝፍኻ
ኣንበርካና
ብጸጋኻ ድኂንና ዘለዓለም ኣምላኽናደቅኻ
ወረስትኻ ተመስገን ኣቦና።

## 99) ሃሌ-ሉያ ንስሙ ይኹን ምስጋና

1. ፍቕሩ ኣይልወጥን ቃሉ ኣይኣርግን ንዘለዓለም
ዓለም ክብሪ ንኣኡ ይኹን እግዚኣብሔር እዩ
መድኃኒየይ ክብረይፍቕረይ ክገልጸሉ ብቓና
መዝሙረይ።

**ተደጋጋሚ**
ሃሌ፡ ሃሌ፡ ሃሌ፡ ሃሌ- ሉያ

ንስሙ ይኹን ምስጋና።

2. ኣልፋን ኦሜጋን'ዩ ናይ ኵሉ መዓዛ ምሕረቱ
ዘይውዳእ ናይ ነፍሳትና ቤዛንኹሉ
ዚኽእል ጒድልነት ዘይብሉ
ሃሌ-ሉያ እናበልኩ ሞሳ ክመልሰሉ።

3. ሓልዮቱ ብዙኅ'ዩ ንዓይ ዝገበሮ
ክቡር ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ ኣሰፈሮ።ሃሌ-ሉያ ይኽበር ኤልሻዳይ ኣምላኽና እናበልኩ
ክዝምር ፈቐዶ ጐደና።

4. ፍጹም ክይወሰንኩ ሰዓታት ወይ ቦታዝነገርክዎ
ኵሉ ዘይርስዕ ጐይታ ዝለመንክዎ ኵሉ
ዘይጠልም ጐይታ ምስጋና ይግብኦ ምስ
ምሉእ ውዕለታ።

5. ሥራሑ ዓቢይ'ዩ ኣዝዩ ዜደንቕ ፍርዱ'ውን
ቅኑዕ'ዩ ፍጹም ዘይንቕነቕ።መሓርን ጸድቕን
ምሉእ ሕልውና ንኣኡ ጥራይ ይኹን ክብሪ
ምስ
ምስጋና።

## 100) ባህጊ ኣሎኒ ንምፍቃርካ

***ተደጋጋሚ***
ባህጊ ኣሎኒ ንምፍቃርካ ሃረርታ
ኣሎኒ ንምግልጋልካ።

1. ተመኒየዮ ሃረር ኢለዮ ክቐጸር ምስቶምኣባጊዕካ
/2/
ብምሕረትካ ጠምተኒ ኣቦይ ስማዕ ንልመናይ
/2/
ዓጸድካ ክሰብሮ እየ ክፍጽም ነቲ ትምኒተይ።
/2/

2. መንገደይ ኣቕኒዐ ዕጥቀይ ኣጽኒዐ ክንዓዝ ክመጸካ
ስጊምተይ ሓልዎ በካይዳይ ኩሉ ክምስክረልካ ምስ
ኩላቶም ቅዱሳንካ ክኸቦ ነቲ ዙፋንካ /2/ መዋዕለይ
ቆጺረ'የ ክበጽሓ ቅድስቲ ቤትካ።
/2/

3. ቃልካ ንጹር'ዩ ንልበይ መቃልሕ ዝሰደሉ
ክምልሰሉ /2/

ናይ ርትዒ ኣምላኽ ትበሃል፥ ኣቦ ሕያዋንትጽዋዕ
/2/
ተመስገን ዓዲልካና ኢኻ ሥጋኻ ንኽብላዕ።
/2/

## 101) ኣብ ጉዕዞና

1. ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ቅድሚ ኩሉሰብን
ነብይ ዝነበረ ብግብርን ብቓልን ንሞት
ዝተዋህበ ብዓበይትን ካህናትንኢየሱስ
ናዝራዊ ጌርና ኣርስትና መንገዲ ኤማሁስ
ንጐዓዝ ነበርና
በቲ ዝኾነ ኹሉ እናተዘራረብና።

***ተደጋጋሚ***
ኣብ ጉዕዞና ኣይኃደገናን ምሳና ኮይኑኣሰንዩና
ንልብና ብፍቅሪ እናንደዶ
ኤሸን ኤዘር ኮይኑ ኣብዚ ኣብጺሑና <u>ኤሸን ኤዘር /2/</u> ኮይኑ ኣብዚ ኣብጺሑና።

2. ኣንፈትና ነጸብቕ ንዝበለጸ ጉዕዞ
ፍታወይ'ዩ ኢሉ ኢየሱስ ዝኣዘዞ
ቦታ በረኸትና ኢየሩሳሌም ካብ ኮነትእኔና
ንጐዓዝ ንሱ ናብ ዝበሎ
ኃይሊ ንኽንለብስ ነቲ ዚስዕብ ዕዮነቲ ዓቢ
ስሙ ንዓለም ከነውርዮ።

3. ተንሢኡ'ዩ ንሱ ወጺኡ ካብ መቓብር
ብዛዕባ ዓወቱ እኔና ንምስክር
እወ ተንሢኡ'ዩ ተንሢኡ ብሓቂ
ኣብ መንጐ ኣምላኽ ሰብን ኮይኑ ዓራቒ ንኃጢኣት
ኣርኒቒ ኣምጺኡልና ጽድቂ።
/2/

4. ኣብ ተስፋ ምቕራጽና ኣጆኹም ዝበለና
ብምግላጽ ናይ ቃሉ ዘንደደ ልብና ክንድይብ
ዓቐበት ክንወርድ ቁልቁለት 'ቲ ዝሓንገረና
ከብጽሓና ናብ ዓወት ብምሉዕ ልብና ሎሚ
ነመስግኖ። /2/

## 102) ክርስትያን'የ ነይረ

***ተደጋጋሚ***
ክርስትያን'የ ነይረ <u>ኣይተብለኒ ጐይታ /2/</u>

እመላለስ'ውን ነይረ ኣይተብለኒ ኢየሱስ /2/ብኣኻ ጀሚረ ብመንፈስ ክድምድም ይኹነለይ ኢየሱስ። /2/

1. ከየሰልከየኒ ጉዕዞ ክርስትና /2/ ከይተታልለኒ
   ዓለም ብምልኣታ /2/ናይ ሥጋይ
   መብራህቲ ዓይነይውንዓምታ
   ብጸጋኻ ኢየሱስ። /2/

2. ከበርኩ ካብ ምባል ኣድኅነኒ ኢየሱስ /2/ቃልካ
   ተመጊበ ንድኅሪት ከይምለስ /2/ ከይርስዕ
   ኢየሱስ ዝሃብካኒ ድኅነት እለየኒ ጐይታይ።
   /2/

3. ኣእምሮይ ፍለዮ ካብ ናይ ሥጋ መደብ
   /2/
   ካብቲ ሠናይ ጉዕዞ ከይጠልቕ ናብኃጢኣት
   /2/
   ዓለም ጨካን'ያ ከይትድርብየኒኣብቲ
   ገሃነም እሳት። /2/

## 103) ሓደ ኢና ብመንፈሱ

1. ሓደ ኢና ብመንፈሱ ሓደ ኢና ብጐይታ
   /2/
   ብስሙ ዝኣመንና ክንነብር ኢና ምስጐይታ
   ሓደ ኢና. . .
   ሓደ ኢና ብመንፈሱ ሓደ ኢና
   ብጐይታ።

2. ብፍቅርና ይፍለጡ ኣኅዋት ከምዝኾንና
   /2/
   ኣሕዛብ ነዚ ይፍለጡ ናይ ክርስቶስ
   ምዃንና
   ይፍለጡ. . .
   ኣሕዛብ ነዚ ይፍለጡ ናይ ክርስቶስ
   ምዃንና።

3. ንቐጽል መንገድና ኢድ ንኢድተተሓሒዝና /2/
   ብኅብረት መንፈስ ቅዱስ እናተመገብናኢድ
   ንኢድ. . .
   ንቐጽል መንገድና ኢድ ንኢድ
   ተተሓሒዝና።

## 104) ከመይ'ሉ ኮነለይ

1. ከመይ'ሉ ኮነለይ ኢየሱስ ከፍቅረኒ ንዓይ
   ድኹም ሕሱር ፈትዩ ከቕርበኒዝረኣን
   ዝይረኣን ኩሉ ዝፈጠረ ከመይ`ሉ ኮነለያ
   ክብለኒ ወደየ።

***ተደጋጋሚ***
ተሓጉሰ ተመስገን፡ ተመስገን ኣምላኺይተዓዊተ
ተመስገን ተመስገን ኣምላኺይ።

2. ከመይ'ሉ ኮነለይ ብኣምላኽ ክናበብነፍሲ
   ብስጋ ኩሉ እናሃበ
   ካብ ጸላኢ ነፍሰይ ዓወተያ ዝይፈቱ
   ዓወት እናሃበ ኣብ ሰማይ ዘእቱ።

3. ከመይ'ሉ ኮነለይ ኣብ ዙርያ'ቱ ዙፋን
   ምስ ኩሎም ኣኅዋተይ ብሓጐስ ምምስጋን
   ኢየሱሰይ ዘለዎ እቲ ጥዑም ዓዲ ከመይ'ሉ
   ኮነለይ ክኸውን ወራሲ።

## 105) እንታይ'ሞ ክብል፣

1. ብሽግር ክጭንቅ ኣምላኽ ረዲኡኒካብ
   ኣዝቕቲ ጸልማት ኣናጊፉኒ ብዓቢ ብርሃኑ
   መንገዲ መሪሑኒ ኣብቲ ልሙዕ ሸኻ
   ኣውዒሉኒ ንኽለይ ፈቲሑ ደስታ
   ኣዕጢቑኒ።

***ተደጋጋሚ***
እንታይ'ሞ ክብል ስለቲ ውዕለቱ፣
ብምስጋና ጥራይ ክገልጾ ዕብየቱ
ንኸናፍረይ ምስጋና መሊእዎ ሕጅስ
ክዝምረሉ'የ ኣፈይ ከፊተ ስለ'ቲ
ዝገበረለይ ከመስግኖ'የ። /2/

2. በይነይ ከይመስለኒ ኣጸናኒዑኒ ኣብ
   ጊዜ ፍርሓተይ ኣተባቢዑኒኣነ'የ
   ኣምላኽካ ኣጆኻ ኢሉኒ 'ቲ
   ዘለኹ'የ ኢሉ ነጊሩኒ
   ብዘይጠፍእ ቆጥቋጥ ኣብ ሲና ተራእዩኒ።

3. ኣብቲ ምድረ በዳ ንሱ ነይሩ ምሳይኣብቲ
   ጎቦታት'ውን ነይሩ'ዩ ኣብ ጎነይ

ከይጠሚ ከይጸምእ ንሱ ይሓልየለይ ጸልማተይ
ቀንጢጡ ብርሃን ይገብረለይከሠርሕ ክዓዪ
ርእየዮ ኣምላኺይ።

4. ነቶም ዝጽበይዎ ሠናይ ይኾነሎም
ንክሕልውዎም መላእኽቱ የሰደሎም
ኣእዳዉ ዘርጊሑ ይቀባበሎም
ብውኑድ ተኣሚኖም ኣብ ብዙኅ ይሸሞምኣእምሮ
ዘይኃለኖ ሃብቲ የካፍሎም።

## 106) ግልጽ በል ጐይታ

1. ኃጢኣትና በዝኅ ከም ሰዶም ኣውያት
በርከተ ናይ ንጹሕ ደምክፋኣትና
በዝኅ ከም ገሞራ
ዓዲ ተጸቕጠት ብመከራ።

***ተደጋጋሚ***
ግልጽ በል ጐይታ ናባናይቅረ
በለልና ኣበሳና
ምሕረትካ ይፍሰስ ኣብ ልባትና
ብቕዱስ ደምካ ኣጽርየና። /2/

1. ብጻይ ንብጻዩ ኪቐትልዓርኪ
ንዓርኩ ከታልል
ጐይታ እንተዝመጽእ እንታይ ምበለ፤ነቲ
ግብርና መቓጸለ።

2. ሕጂስ ንመለስ ናብ ጐይታ ፍርዲ
ከይመጸት ኣብ መወዳእታኣይንዘናጋዕ
ንሕሰበሉ
ነዚ ግዜና ንሥርሓሉ።

3. ናይ ምሕረት ኢዱ ኣይሐጸረን
ከጥፍኣና ጐይታ ኣይጨከነን ይጽውዕ
ኣሎ ኢየሱስና ንመልሰሉ ብወገና።

4. ካብ ኣምላኽ ዜርሕቕ ዚፈልየናገጹ
ከይንርኢ ዘዕውረና ዝነደቕናዮ መንደቕ
ኃጢኣት ይዕኖ ይተኣለ ብንብዓት።

## 107) ኦ ጐይታይ ስማዕ

1. ኣበሳና በዝኅ ኃጢኣት'ውን ገበርና ዓለውትን
ክሓድትን ረሲኣንን ኮይንናትእዛዝካ
እናፍረስና ካባኻ ረሓቕና ንቓላት ልኡኽካ
ምስማዕ`ውን ኣበና።

***ተደጋጋሚ***
ኦ ጐይታይ ስማዕ ኦ
ጐይታይ ኣድህብ
ጐይታይ ይቕረ በል። /2/

2. በዲልናካ ጐይታ ከምኡ ክኂድናካ ከቶ
ኣየድሃብናን ኣብ ድምጺ ቓላትካኣፍረስና
ከሓድና ገሃስና ሕግኻ ኣይግበኣናን'ዩ
ከንስመ ሕዝብኻ።

3. ናይ ባርያኻ ስማዕ ጸሎት ምህለላኡ ስለ
ስምካ ኢልካ ሕነፅ ከተማኡ ምሕረትካ
ደኣ'ምበር ኣይትርአ ኣበሳኡምለሶ ንዓዱ
ከካብ ጐደቦኡ።

4. ንጥፍኣት ሕዝብኻ ገደብ ግበረሉ ንሕይወት
ኃዲጉ ከይጥፍእ ከይዓሉየሎን እናበለ
ከይዓርብ ፋሊሉ ተዓረቆ ጐይታ ገጽካ
ምለሰሉ።

## 108) ጸጋኻ ኣብዝኃለይ

1. መስኪንን ድኻን እየ
ሠናይ ምግባር ፍጹም ዝተሳእነኒንዓኻ
ከኽብር ዝደሊ
ጸጋኻ ብምልኣት ዘድልየኒ። /2/

***ተደጋጋሚ***
ኦጐይታ ጸጋኻ ኣብዝሓለይ /4/መንፈስካ
ኣፍስሰለይ።

2. 'ቲ ሠናይ ክገብሮ ዝደሊ ምግባሩ
ግን ፍጹም ዝተሳእነኒ ብዘይ መንፈስካ
ኃይሊ ዘይብለይምግዱር እየ
ደንግጸለይ። /2/

3. ኣብ ቤትካ ፍርሓት ስምካ ጠፊኡእዚ
እንታይ'ዩ ኣረ ምኽንያቱ፤

ኩልና ሕቖና ሂብናካ
ነናብ መንገድና ዘንበልና። /2/

*ተደጋጋሚ*
አ ጐይታይ ጸጋኻ ኣብዝሓልና /4/
ፍርሓት ስምካ ኣሕድረልና።

4. ንዓኻ ከነኽብርሲ ጸጋኻን
ኃይልኻን ሃበና
ኣኽሊል ሕይወት ብዓወት ክንጭብጥ
መወዳእታና መታን ክጽብቕ። /2/

## 109) ኣብ'ቲ ቅዱስ ቤትካ

1. ንዑ ንኣምላኽ ብሓጐስ ንዘምረሉ ንኽውሒ
ምድኃንና ብኃባር ንጨድረሉኣብ ዝፋኑ
ኽንበጽሕ ብምሉእ ምስጋና ክንዝምረሉ ኢና
ብጥዑም ቃና።

*ተደጋጋሚ*
ኣብ'ቲ ቅዱስ ቤትካ ዘመላልሰና ብመንፈስ
ኃይሊ ጽድቂ ፍጠረልና።

2. ኣብ ልዕሊ ኹሉ ኣምላኽይ ንጉሥ'ዩ
ጠፈር ሃዋህው እውን ምስክር'ዩ ባሕሪ'ውን
ናቱ'ዩ ንሱ ዝፈጠሮ ንቖጽ ምድሪ'ውን
ጥሉል ዝገበሮ።

3. ንጽምእቲ ነፍሲ ብጽጋኡ ኣዕጊቡ ንጥፍእቲ
ነፍሲ ናብ ሠናይ ሲሒቡ ንሱ ኣምላኽና'ዩ
ንሕና ድማ ሕዝቡኣብቲ ልሙዕ ሸኻ
ኣጽጊቡ ኣዕጊቡ።

4. ኣምላኽ ምሳና'ዩ ከቶ ኣይንፈርሕንሰብከ
እንታይ ኺይገብረና ፍጹም
ኣይንርዕድን
ኣብ ትሕቲ ኣኽናፉ ክንሕቆፍ ኢናእቲ
እኩይ ኃይሊ'ውን ፍጹም
ኣይቀርበናን።

## 110) ውሽጣዊ ሰላም

1. ኣምላኽ የለን ክብል ብልበይ ክርበሸ ኃጢኣት
ከቢዱኒ ንድሕሪት ክጉተት /2/ንስኻ ግን
ኣምላኽይ ረዳኢ ድኹማት
ኣድኅነኒ ካብቲ ናይ መንፈስ ጭንቀት። /2/

*ተደጋጋሚ*
ውሽጣዊ ሰላም ናይ መንፈስ ዕረፍቲ
ዘይጠፍእ ብርሃን ምሳካ'ዩ ዘሎ
አ ኣምላኽ ሰማይት ምሳካ'ዩ ዘሎአ
ንጉሥ ነገሥታት።

ሃሌ ሉያ /4/

2. መንፈሰይ ኪጭነቅ ሰላም'ውን ስኢነ ላዕልን
ታሕትን ክብል ዕረፍቲ ስኢነ /2/ኣይረኽብኩን
የሱስ ከማኻ ዝበለ ፈቲሕካዮ ኢኻ ጸገመይ
ዘበለ። /2/

3. ንስኻ ካብ ኮንካ 'ቲ እሙን መድኅነይየሱሰይ ካብ
ኮንካ ንዓይ ረዲኤተይ /2/ንዓይሲ ከማኻ መን
ኣሎኒ
ሎምስ ከስዕበካ ምሳኻ ይሕሸኒ። /2/

4. ዘሕለፍክዎ ሕማቕ ብጽቡቕ ከሒሰበቲ
ሠናይ ቆፎይ መሊኡ /2/ ንሰማያዊ ሃብቲ
መንገደይ ኣጠጢሐሰማያዊ ሰላም ብሓጐስ
ከጽበ። /2/

ሃሌ ሉያ /4/

## 111) ስብሓት ይኹኖ

1. ከመይ ዝበለ 'ቦ እዩ፧
ናይ ምሕረት ጐይታ እኳ'ዩ ንደቁ
ሰላም ኣዳልዩ ዚጸንሕ መፍቀሪ'ዩ
ኣዝዩ ዚርሕርሕ።

*ተደጋጋሚ*
ነቲ ኣቦ ሰላም ኣምላኽ ነቲ
ኣቦ ምሕረት ኣምላኽነቲ
መጸናንዒ ኣምላኽ ስብሓት
ይኹኖ። /3/

2. ዓቢይ ዓቢይ ዓቢይ'ዩናይ
ሰላም ኣቦ እኳ'ዩ
ኣባኡ ዚውከል ከቶ ኣይሓፍርን ንስሙ
ዚጽውዕ ኹሉ የመስግን።

3. ለዋህ ለዋህ ለዋህ'ዩ መጸናንዒ
ጐይታ እዩ ንዝሓዘነ ልቢ
ዜሕጉስ እዩ

ንዝጠመየት ነፍሲ ዜዕግብ እዩ።

4. ኵሉ እንኪድርብየካ
   ኵሉ እንኪጸልኣካ
   ንሱ ግና ናተይ እዩ ዚብለካ ስለዚ
   ንጐይታ ክብሪ ሃቦ ኢኻ።

## 112) ጐይታይ ናይ ሰላምካ መሣርሒ

***ተደጋጋሚ***

ጐይታይ ናይ ሰላምካ መሣርሒ ግበረኒ። /2/

1. ጽልኢ ኣብ ዘለዎ ፍቅሪ ከምዘእቱ ግበረኒ
   በደል ኣብ ዘለዎ ይቕረታ ከምዘእቱ ግበረኒ።

2. ክርክር ኣብ ዘለዎ ስምረት ከምዘእቱ ግበረኒጌጋ ኣብ ዘለዎ ሓቂ ከምዘእቱ ግበረኒ።

3. ጥርጥር ኣብ ዘለዎ እምነት ከምዘእቱ ግበረኒቅብጸት ኣብ ዘለዎ ተስፋ ከምዘእቱ ግበረኒ።

4. ሓዘን ኣብ ዘለዎ ሓጐስ ከምዘእቱ ግበረኒ
   ጸልማት ኣብ ዘለዎ ብርሃን ከምዘእቱ ግበረኒ።

## 113) ኃለፉ ኣለዎ

1. ከሓስብ ክጭንቕ እናነባዕኩ ንባዓተይ
   ይደርዝ ብበረኸቱ ስለይ ይኃልፈለይ
   ይብጀወለይንዓይ ምፍቃሩሲ ኃለፉ
   ኣለዎ።

***ተደጋጋሚ***

ኃለፉ ኣለዎ /2/ ኣምላኸይ ፍቕርኻ
ኃለፉ ኣለዎ <u>የሱሰይ ፍቕርኻ</u> /2/ በይኑ'ዩበይኑ
/2/
<u>ኣብ ውሽጢ ልበይ /2/ ዓሕሪ ፈጢሩ</u>
<u>የንድደኒሎ።</u> /2/

2. ስለይ ንኽትብል መስቀል ዝወዓልካ ምእንታይ
   ኢልካ'ውን ደምካ ዝረሃጽካኣምላኸይ
   ፍቕርኻ ብሓቂ ፍሉይ'ዩ ኃለፉ ኣለዎ
   ጐይታ'የ ፍቕርኻ።

3. ንዓይ ንባርያኻ ኣፍቂርካኒ'ኻ
   ስለ ፍቕረይ ኢልካ ብዙኅ ተሳቀኻ
   ከሳዕ ኣብ መስቀልውን ሕይወትካ ዘኅለፍካኃለፉ
   ኣለዎ ኣምላኸይ ፍቕርኻ።

## 114) መደምደምታ ሕጊ

***ተደጋጋሚ***

*መደምደምታ ሕጊ ፍቕሪ'ያ ፍቕሪ*
ናይ ሰላም *መሠረት* ጽብቅቲ ግብሪ። /2/

1. ፍቕሪ ዓቃል ለዋህ ዘይብላ ጃህራ ምልክት
   ኅውነት ናይ ኅብረት ስፍራየዋህነትን
   ድንጋጸን'ዩ ኣሰራ
   ንልበሳ ኩላትና ሃዬ ሓደራ።

2. ቋንቋታት ናይ ሰብን መለእኽትንክዛረብ
   ዝኽእል እንተ ዝኸውን
   ፍቕሪ እንተ ዘየላ ጭልጭል ከምዝብል
   ምኾንኩ'ውን ነይረ ጥራይ ጸናጽል።

3. ትንቢት እንተ ዝህልወኒ ነይሩ ንፍልጠት
   ዝገልጽ ኩሉ ምስጢሩ ንኣኽራን ዘግዕዝ
   እምነት'ውን ድማኣይምጠቐመንን ፍቕር
   እንተ ዘየላ።

## 115) ኢየሱስ ጸግዒ ዋልታይ

***ተደጋጋሚ***

ኢየሱስ ጸግዒ ዋልታይመስቀሉ
ዕላማይ
ደሙ ማይ ሕይወተይ ሥጋኡ
ፈውሲ ሕይወተይቃሉ መግቢ
ሕይወተይ።

1. ንሱ ንዓይ ኃይለይ እዩ ንሱ
   ንዓይ ደገፍ እዩ ንሱ ንዓይ
   መድኅን እዩንሱ ንዓይ
   ፈውሲ እዩ።

2. ኣብ ዝኸዶ ምሳይ እዩ ኣብ
   ዝድቅሶ ምሳይ እዩ ኣብ
   ዝሠርሖ ምሳይ እዩ የሱስ ነዓይ
   ሕይወት እዩ።

3. መድኅነይ በጃይ እዩ

መስቀሉ ድኅነተይ እዩ
ብደሙ ሓጺቡኒ
ሥጋኡ ፈዊሱኒ።

4. ኣብ ሓጐሰይ ምሳይ እዩኣብ
ፈተናይ ምሳይ እዩእሱ
ነዓይ ተስፋይ እዩ ኢዩሱስ
ሰላመይ እዩ።

4. ንሱ ነዓይ ፍቕሪ እዩ ንሱ
ንዓይ ኃይለይ እዩ ንሱ ንዓይ
ክብረተይ እዩንሱ ንዓይ
ጸግዐይ እዩ።

## 116) ተበጅዩኒ እዩ'ሞ

***ተደጋጋሚ***
ተበጅዩኒ እዩ'ሞ ኣይፈርሕን እየኩሉ
ግዜ ምስ ጐይታይ'የ
ካብ ኣምላኸይ ኩቶ ኣይፍለይን እየ።

1. ብማያት ክኃልፍ ኣይክጠልቕን'የ
ብውሕጅ ክሳገር ኣይክጥሕልን'የ <u>ብሓዊ</u>
<u>ክሓልፍ ኣይክነድድን'የ</u>
<u>ሃልሃልታ ሓዊ'ውን ኣይከህምኾንን'ዩ። /2/</u>

2. በጸምእ ክዓዛዝ ኣይክጸምእን'የ ጥሜት'ውን
እንተኾነ ኣይከጥቅዓንን'ዩ<u>በጸድፍ ክኸይድ</u>
<u>ኣይክወድቕን'የ</u>
<u>ኣሿኽ መንገዲ'ውን ኣይክወግኣንን'ዩ። /2/</u>

3. ናይ ዓለም ነገራት ኣይክስዕረንን'ዩ ሓሳርን
መከራን ኣይከጨንቐንን'ዩ <u>ንጐይታ</u>
<u>ረኺበ የለን ዝጎድለኒ</u>
<u>ኣብ ጉዕዞ ሕይወተይ እውን ዘሰንየኒ። /2/</u>

4. ጓሳ ሕይወት ረኺበ መሪሕ ናይ ሕይወተይንስሙ ጸዊዐ
ክረግጽ ጸላእተይ
<u>ኣብ ንጉሥ ሰማያት ኣነስ ክምዕቆብ'የ</u>
<u>ናይ ዘልዓለም ርስቲ እውን ክወርስ'የ። /2/</u>

## 117) እንታይ ኂዘ እቑም ኣብ ቅድሜኻ፧

***ተደጋጋሚ***
እንታይ ኂዘ እቑም ኣብ ቅድሜኻ
ኦ ጐይታይ ደስ ከብለካ ጽድቀይሲ
መርገም ጨርቂ'ዩ ምስ ትገልጾስ
ጉደይ ብዙኅ'ዩ።

1. ትምክሕተይ ኢኻ ናይ ጽድቀይ ፍረክርኢ
ኣይከኣልኩን ገጽካ ደፊረ
ናይ ናተይ ነገር ኩሉ ገዲፍካ ሕይወት
ክረክብ ኣፍስስ መንፈስካ።

2. ዋግ ዝወቅዖ'ዩ ሕይወተይ ኩሉሰላም
ዘይህብ ጣዕሚ ዘይበሉ እንታይ ኂዘ'ሞ
እቲ ዝቐርበካ፧ኣየናይ እዩ ደስ ዘብለካ፧

3. ኣይተኻኣለንን ሠናይ ክገብር
ኣብ ጭቃ ኃጢኣት ወትሩ ኽንገርግርብኣይ
ምኽንያት ስምካ ፈኹሱ ብኽፉእ ግብረይ
ቤትካ ረኺሱ።

## 118) ጐይታየ ኣፍቂርካኒ ኢኻ

***ተደጋጋሚ*** ፍቅርኻ
ዓቢይ እዩከሓስበ
ዘገርም እዩ
ክገልጾ ኣይክእልን'የ
ጥራይ ተመስገን። /2/

1. ጐይታየ ኣፍቂርካኒ ኢኻ
ጐይታየ ጸዊዕካኒ ኢኻ
ጐይታየ ደሊኻኒ ኢኻ
ጐይታየ ፈቲኻኒ ኢኻ።

2. ጐይታየ ኣጽኒዕካኒ ኢኻ ጐይታየ
ተኸናኺንካኒ ኢኻ ጐይታየ
ለዊጥካኒ ኢኻ ብመንፈስ
ኣጠሚቕካኒ ኢኻ።

3. ካብ ዓለም መንዚዕካኒ ኢኻ
ካብ ጸልማት ኣውጺእካኒ ኢኻ ብገጽካ
ኣብሪህካለይ ኢካ ተመስገን ኣታ
ሕያው ጐይታ።

4. ዚመጽዕ ንኩሉ ግዕዞይ ጐይታየ
ኣኽእለኒ ኢኻ ከይሕለል ከይጭነቕ
ከይወድቕደገፍ ድኣ ኩነኒ ኢኻ።

## 119) ምስ ቆረርኩ ጸጋ ተልብሰኒ

1. ካብቲ መንገዲ ምስ ኣልገስኩካብቲ
ደንበኸ ምስ ረሓቕኩ ብምሕረትካ
ስኒብካኒ
ናብ ምዉቅ ቤትካ መሊስካኒ።

***ተደጋጋሚ***
ምስ ቖረርኩ ጸጋ ተልብሰኒ
ምስ ጸማእኩ ማይ ሕይወት ተስትየኒምስ
ደኸምኩ ኃይሊ ትህበኒ
ሕያዋይ ጓሳ ኮይንካኒ።

2. ማይ ምስ ጸማእኩ ተርውየኒ ካብ
ኩሉ ድኻመይ ተዕርፈኒ ብኢደይ
ኂዝካ ትመርሓኒ
እቶም ዕቡያት ማያት ከየጥሕሉኒ።

3. ካብ ባርነት ግብጺ ናብ ሓርነትናብ
ዘደንቅ ብርሃን ኣስጊርካኒ
ንጸላኢ ኣብ ትሕተይ እንዳቐጥቀጥካ
መንገደይ ብዓወት እንዳመራሕካ።

## 120) መዲበ'የ

1. ነቲ ዝሞተለይ ብሉጽ መፍቀርየይብሕስራን
ኃሊፉ ዘብዘን ክብረተይከጸብቖ ዓሰበይ
ዝገደፈ ኩሉ መታን ከገልግሎ ክስዕብ
ኣሰሩ።

***ተደጋጋሚ*** *መዲበ'የ*
*መዲበ'የ*
ንየሱስ ከገልግሎ መዲበ'የ ንዓለም
ንዒቐ ኣብ ፍቅሩ ጠቢቐከመላለስ
ብኣኡ መዲበ'የ።

2. መደበይ ገረየ ከገልግል ንዓኻ እሕጐስ
ብምርኣይ ዘገርም ሥራሕካ
ከመስግን ብመዝሙር ምስቶም ቅዱሳንካከውርዮ
ኣብ ዓለም ዛንታ ናይ ፍቅርኻ።

3. ከተኽለን ኣዒንተይ ኣብ ክሉል ክብርካክሳዕ
ትቅበላ ነፍሰይ ኣብ ሕቑፍኻ ኣይኣቱን ምስ
ዓለም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ
ኣምላኸይ ዕጫይ ዝሃብካኒ ጸጋ።

4. ኣብ ባህ ዘብል ቦታ ዕጫ ካብ በጽሓኒካብ
ጽዉዕ ንዓይ ከም ሰብ ቆጺሩኒ እህቦ
ሕይወተይ ክብሕታ
ብዘይ ተሜራቲ ባዕሉ የሱስ ጐይታ።

## 121) ጐይታየ እንታይ ክህበካ፤

1. ኦ ኢየሱስ ኣብ ግዝኣትካ በእላፋት
ቅዱሳት ተኸቢብካ<u>ትነብር ኣሎኻ</u>
<u>ኣብ ዝፋንካ</u>
<u>ኣብቲ ዓቢይ ዝፋን ናይ በይንኻ። /2/</u>

***ተደጋጋሚ***
ጐይታየ እንታይ ክህበካ፤ ኣምላኸይ
እንታይ ከቐርበልካ፤የሱሰይ ስለቲ
ፍቅርኻ
እንታይ እየ'ሞ ዘቅርበልካ፤ /2/

2. ንባርያኻ ሠናይ ገበርካሉ
በረኸት ጸጋ ኣፍሰስካሉ
<u>ብሓጐስ ደስታ መላእካዮ</u>
<u>ሾሽም ልቡ ባዕልኻ ጼርካዮ። /2/</u>

3. ሓደ ክልተ ኢልካ ኣይጽብጸብንፍቕርኻ
ፍጹም ኣይጽገብን <u>ዘገርም'ዩ እቲ</u>
<u>ጽዋኤኻ</u>
<u>ነቲ ፋንፉን እንዲኻ ኣፍቂርካ። /2/</u>

4. ክበድል ኣነ እብድለካ
ከቐይም'ሲ ኣነ አቐይመካ
<u>ይቕረ ትብለለይ ብፍቕሪ እንዳጠመትካብሓሳበይ</u>
<u>ኣይግለጽን ፍቅርኻ። /2/</u>

5. እንታይ እየ'ሞ ዝህበካ፤
ዓብይ'ዩ እቲ ለውሃትካ
<u>ሰለዚ ዓቢ ርሕራሔኻ</u>
<u>ዕልልታይ ተቐበለኒ ጐይታ። /2/</u>

## 122) ብላግጺ ጽኒና

1. ብላግጺ ጽኒና መንፈሰይ ተሰይሩ መኻን
ብምኺነይ 'ቲ ናብራ መሪሩ ኣብቲ ኽቡር
ቤትካ ዝለመንክዎ ጸሎት

ፍረ ኣውሂቡኒ ብዘገርም ቅጽበት።

***ተደጋጋሚ***

ብሓዘን ብጓሂ ዝነበረ ንብዓተይ
ሕጇ ካብ ብዝኒ ሓጐስ ይፈስስ ካብ ዓይነይመን
ምኽንካ ርእይየ ተደነቐ ልበይ ኤልሻዳይ ምኳንካ
ጥዒማቶ ነብሰይ። /2/

2. እሓውይ ዶ ኾን ኢለ ገንዘበይ ወዳእኩ ኣሎ ናብ
ዝተባህለ ናብ ኩሉ እናኸድኩ ደመይ እናፈሰሰ
ኃይልኻ ኣሚነ
ክዳንካ ተንኪፈስ ካብ ቁስለይ ድኂነ።

3. ኣብ ልዕሊ ጸበባይ ሽግር ገጢሙኒ
መበለት ኣብ ምኽነይ ሓደ ወደይ መይቱኒሓዘነይ
ፈሊጥካ ሬሳይ ኣተንሣእካ ንሕዝንቲ ነፍሰይ
ብሓጐስ ፈንጫሕካ።

4. 'ቲ ቲፈትዎ ኃወይ ሓሚሙ ኢለ ጸዋዕኹኻክሳዕ
ዝመውት'ውን ተሃንጠኹ ምምጻእካ ሞይቱ ምስ
ጨነወ ተስፋይ ምስ ቆረጽኩደበኽ ኢልካ ደኣ
ተኣምራትካ ረኤይኹ።

## 123) ኦ ጐይታይ መሓረኒ

***ተደጋጋሚ***

ኦ ጐይታይ መሓረኒ፣ ብምሕረት ጠምተኒ
እምለስ ኣሎኹ ኣብ ቤትካ ይሕሸኒ
ከም ውሉድካስ ይትረፍ ከም ግዙእካ ቑጸረኒከም
ውሉድካስ ይትረፍ ከም ባርያ ቑጸረኒ።

1. ድላይካን ትእዛዝካን ጐይታይብምጥሓሰይ
ኣብ ቅድሜኻ ኃጢኣት ወትሩብምግባረይ
በዲለካ'ሎኹ ክርስቶስ ኣምላኸይ።

2. ኣምላኸይ ኣቢሰ ከምኡ'ውን በዲለ
እምብዛ ርኂቐ ካባኻ ኮብሊለ እነብር
ነበርኩ ብዓለም ተታሊለ።

3. ንነፍሰይ ካብ ኃጢኣት ኣብ ክንዲዘርኅቓ
ትኺድ ገደፍክዋ ኣብ ናይ ጥፍኣትጭቃ
ነበረት ተዋሒጣ ኣብ ደልሃመት
ጠሊቓ።

4. ብጽሒተይ ኂዘ ናብ ርሑቕ ጠፋእኩ
ብዕብዳን ብስኽራን ነፍሰይ ኣራኸስኩ
መሲሉኒ ነበረ ሓራ ዝወጻእኩ።

5. ንበደለይ ኩሉ ንድኅሪት ደርበኻዮ
ንባርያኻ ካብ ጥፍኣት ጐይታይ መለስካዮ
ሓድሽ ሕይወት ሂብካ ፍጹም
ለወጥካዮ።

## 124) ሳሙኤል

1. ኣብ ሕይወት ዓለም እንክመላለስብናይ
ዓለም ነገር እንክግደስ
ሓደ ጊዜ ፈጣሪ ጸዊዑኒ
ሕልናይ ተኸፍተ ንድምፁ ሰማዕኩ።

***ተደጋጋሚ*** - ሳሙኤል ሳሙኤል /3/
ናብ ሕዝበይ ክልእኸካ'የ።

2. እታ ለይቲ ድቃስ ስኢነ ሓደርኩስመይ
ዚጽውዕ ድምጺ ሰማዕኩ መን ይኸውን
ብምባል ነቓሕኩ ጸዋዒየይ ንክፈልጥ
ቀልጢፈ ተንሣእኩ።

3. ከም እንደገና'ውን ድምጺ ሰማዕኩ
ኮነታት ክፈልጥ ተለዓልኩ ተመሊስካ
ደቅስ እውን ተበሃልኩ
ንርእሰይ ብምጥባር ክድቅስ ፈተንኩ።

4. ሃንደበት ኮነኒ ተጨነቕኩ ሸበድበድ
እውን በልኩ ናበይ እየበልኩ
ነገሩ ኣሕሰበኒ ዕድመይ ቆጸርኩ
ኦ እግዚኣብሔር ተዛረብ'ውን በልኩ።

***ተደጋጋሚ*** - ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ /3/
ኦ እግዚኣብሔር ተዛረብ።

## 125) ንመን ክንልእኽ ኢና፧

**ተደጋጋሚ**

ንመን ክንልእኽ ኢና፥ መን ኪኸደልና እዩ፧ዚብል
ድምፂ ሰማዕኩ፥ ኣነ'ውን እነኹ በልኩ። /2/

1. ኣብ ክርሲ ኣዴኻ ክይሓነጽኩኻ
ፈለጥኩኻ
ካብ ማሕፀን ኣዴኻ ክይወጻእካ ቀደስኩኻ
ነሕዛብ ነቢይ ኽትከውን ድማ መደብኩኻ ኪድ
ሕጂ'ውን መጓሰይ ሓሉ ኢኻ።

ጸዊዕካኒ ሰማዕኩኻ
መረጽካኒ ደለኹኻ
ክኽተሎ መንገድኻ።

2. እግዚኣብሔር ንኽይትፈርሕ ይሕልወካእዩ
ናብ ዝለኣኽካ ኵሉ ቦታ'ውን ይመርሓካ'ዩጐይታ
ንኽናፍርካ ኪቐብእ እዩ
ንቓላቱ ኣብ ኣፍካ ኬንብር እዩ።

ጸውዒትካ መሊሰዮ
ድልየትካ'ውን ፈጺመዮ
መንገድታትካ ኂዘዮ።

## 126) መንገደይ ኵሉ ኢየሱስ ምሳኻ

1. ናይ ዘለዓለም ሕይወተይ ኢኻ
መዕቆየይ ናተይ
ክሳብ መጨረሻ እኸይድ ንኣኻተኸቲለ
መንገደይ ኵሉ ምሳኻ ክሳዕ
መፈጸምታ
ክኽተለካ'የ ናይ ሕይወተይ ዋልታ።
/2/

**ተደጋጋሚ**

መንገደይ ኵሉ ኢየሱስ ምሳኻ /3/
ክሳብ መጨረሽታ ክኸይድ } /2/
ጐይታይ ምሳኻ።

2. ኣብ መከራይን ኣብ ስደትን ኣብዜፍርሕ
ማዕበል
ንዓኻ ኣሚነ እጽበ ብሕይወት ኽነብርናይ
ልቢ ሰላምን ደስታን ኵሉ ዝሃብካኒ
ንኣኻ ኣሚነ እጽበ ሓደራ ኣሎኒ። /2/

3. ዜሰናኽለኒ የሎን ካብ ትሕቲ ኣኽናፋ
ዚወስደኒ ኃይሊ የልቦን ካብ ኢዱ መንዚዑ
ሰይጣን ድማ ካባኻ ኪፈልየኒ ኪሓስብካብ
ናትካ ፍቕሪ ፍጹም ንኣይ ኣይፈልየንን። /2/

4. ሓጐስ ከም ዘይብለይ እፈልጥ ካባኻተፈልየ
ነገር ግን ተስፋ ዘይብሉ ክርተትክኽውን'የ
ግን ክሳብ መፈጸምታ ምሳኻ
እንተኸድኩ
ኣብ ሰማይ ናይ ሓጐስ ቤት ከም ዘሎእፈልጥ።
/2/

## 127) ኣ ብዙኅ ምስጋና

**ተደጋጋሚ**

ኣ ብዙኅ ምስጋና፣ ኣ ብዙኅ ኣምልኾ፣ኣ
ብዙኅ ዝማሬ፣ ኢየሱስ ይኹን ንኣኻ።

ኣ ኣሽሓት ምስጋና፣ ኣ ኣሽሓት ኣምልኾ፣ኣ
ኣሽሓት ዝማሬ፣ ኢየሱስ ይኹን ንኣኻ።

ኣ ኣእላፍ ምስጋና፣ ኣ ኣእላፍ ኣምልኾ፣ ኣ
ኣእላፍ ዝማሬ፣ ኢየሱስ ይኹን ንኣኻ።

ምዝማረይ ንኣኻ እምበር ኢየሱስ ንመን ደኣ'ሞ፧
/2/
ደው ምባለይ ንኣኻ እምበር ኢየሱስ ንመን ደኣ'ሞ፧
/2/
ንእስነተይ ንኣኻ እምበር ኢየሱስ ንመን ደኣ'ሞ፧
/2/
ይግብኣካ እዩ ይግብኣካ። /4/

1. ንኃይለይ ሓዲስካለይ
ጸሎተይ መሊስካለይ
ንንብዓተይ ደሪዝካዮ /2/
ውሽጠይ ሓጐስ መሊእካዮ።

2. ውድቀተይ ዚምነዩ ሓፈሮምዶ
   ኣይተመልሱን፤
   ኣምላኸይ ኣቐምካኒ /2/
   ጸግዕን ዕርድን ኮይንካኒ።

3. ኣብ በረኸቲ እመላለስ ዝተባህለኒ
   መታን ክወርስ
   ዕርዲ ሰይጣን እናፍረስኩ /2/
   ብኣምላኸይ ኣዕሪፈ ኣሎኹ።

## 128) ህያብ ኣሎኒ ዘቕርቦ

ህያብ ኣሎኒ ዘቕርቦ /2/

ህያብ ኣሎኒ ዘቕርቦ፤ መሥዋዕቲ ንኣኻ ዝህቦ

/2/

1. ብኽፉእ ተግባረይ ቀስቲ ኵናት
   ኣልዒለ
   ኣድምየዮ ኣካልካ ኣብ ጐድንኻወርዊረ
   <u>ደምን ማይን ኣዛሪኻ ሓጺብካ ዝባነይ</u>
   <u>ተኣምራትካ ኣርኢኻኒ ፈዊስካ ንቑስለይ።</u>
   <u>/2/</u>

***ተደጋጋሚ***
ምስጋናይ ምስጋናይ ንኣኻ ኣምልኾይ
ኣምልኾይ ንኣኻ ምግልጋለይ ምግልጋለይ
ንኣኻ /4/ኽትከብረሉ ሕይወተይ ንስኻ
ክትነግሠሉ እህቦ ንኣኻ
ሕንፃ ልበይ ማኅደርካ ግበሮ ሕጉስ
ሕይወት ብኣኻ ከኅልፎ።

2. ጻዕብ ኣድጊ ኾይነ ብኃጢኣት ተኣሲረቃንዛ
   ሕማመይ በርቲዑ ንረድኤትካ ክጽበ
   <u>ኣብ ምዱብ ጊዜኡ ማእሰረይ ፈቲሕካ</u>
   <u>ተወጢሕካ ኣብ ዝባነይ ብኣይ ኽትከብር</u>
   <u>መሪጽካ። /2/</u>

3. ዕዮኻ ርእየዮ ኣብ ሕይወተይ ተኣምር
   መናድቕ ናይ ልበይ ሕንፃ ኾይኑ ኪነብር
   <u>ድልዱል ሠረቱ ንስኻ ኣጽኒዕካዮ</u>
   <u>ሓዳፋት ናይ ልበይ ጐይታ</u>
   <u>መሊእካዮ። /2/</u>

## 129) ሕጽረት ቃላት'ዩ እምበር

ከመስግነካ እደሊ'ሎኹ ክውድሰካ እደሊ'ሎኹከኽብረካ እደሊ'ሎኹ። ንዘለዓለም።

/3/

***ተደጋጋሚ***
ሕጽረት ቃላት እዩ እምበር ትኽስታ የብለይን/4/ እዚ
ኹሉ ሠናይካ ምስቲ ኵሉ ሓልዮትካ መስፈሪ
ኣይርከቦን ጐይታይ ዓሚቑ'ዩ እቲፍቕርኻ
እዚ ኹሉ ሠናይካ እቲ መስተንክር ግብርኻ መስፈሪ
ኣይርከቦን (ኢ)የሱስ ዓሚቑ'ዩ እቲ ፍቕርኻ።

1. ክብሪ ምስጋና ስግደት ንኣኻ
   ውዳሴ ዕልልታ ኣምልኾ ኣብ ዝፋንካ
   ንዘለዓለም
   ሕይወት ዘለኩም ኵልኹም ፍጥረታት
   ኣክራናት ጐቦታት ወሓይዝ ሩባታት
   ኣመስግንዎ።

***ተደጋጋሚ*** - ሕጸረት ቃላት እዩ'ምበር ...

ከመስግነካ እደሊ'ሎኹ ... ሕጽረት

ቃላት እዩ'ምበር ...

2. ምሕረቱ ዘይውዳእ ሥልጣኑ
   ዘይድፈር
   ዕብየቱ ዘይምርመር ልዑል ኣምላኽና
   ንወትሩ ይኽበር
   ሕይወትና ኣንጽሓዮ ልብና ኣንቅሓዮ ብጸጋኻ
   መሊኡ ብመንፈስካ ተሓዲሱ ኬመስግነካ

***ተደጋጋሚ*** - ሕጸረት ቃላት እዩ'ምበር ...

## 130) ኢየሱስ ጸዊዑካ

1. ግራውተይ ዓቢ እዩ ሰፊሕ ውጉድ
   ኮይኑ ንሕዝበይ ዚመርሕእጽውዓካ
   ምሳይ'ውን ክትሠርሕ

ቃል ወንጌለይ ኣብ ኩሉ ኪበጽሕ።

/2/

***ተደጋጋሚ***
ኢየሱስ ጸዊዑካ፣ ከሎኻ ኣብ ከርሲ'ዴኻ
ክትዘርእ ቃል ኣምላኽካ፣ ከተገልግል ተመሪጽካ
ኢየሱስ ጸዊዑኪ፣ ከሎኺ ኣብ ከርሲ'ዴኺ
ክትዘርኢ ቃል ኣምላኽኪ፣ ከተገልግሊ
ተመሪጽኪ።

2. ብዙኃት እዮም ንኣይ ዝሰኣኑመሪጸካ
ኣነ ብእዋኑ
እእዝዘካ ቓላተይ ክትፍኑ
ፋሕ ከይብል መጓሰይ ንበይኑ። /2/

3. ኦ ኣምላኽይ ክመርሕ ኽጓሲ የድልየኒ እዩ
ናትካ ልግሲ ከይዓርበኒ ጊዜ'ውን
ከይመሲ ኣልብሰኒ ናይ ጸጋኻ
ልብሲ። /2/

4. ከጕዓዝ'የ ጸጋኻ ለቢሰ ኽጓሰይ'የ
ሕዝብኻ ከይህሰኃይልኻ ሃበኒ
ንኽይደክም
ብስምካ ንቓድሚት ንኽስጕም። /2/

## 131) ኣነስ መዋርስትኻ እየ

***ተደጋጋሚ***
ንስኻ ንኣበሳይ ብደምካ ትፍውስ
ንኹሉ ሕማመይ ብመንፈስ ተሕዊ }
/2/
ሽዑ ንሕይወተይ መሊስካ ትሕድስ ሕይወተይ
ብሓጐስ ንስምካ ትውድስ። /2/

1. ፍቕርኻ ኣብ መስቀል ገለጽካለይንስለ
ድኅነተይ በኻ ኃለፍካለይ ሥጋኻን ደምካን
ወፊኻለይ
ዘለዓለም ከይጠፍእ ኪዳን ኣቶኻለይ።
መስቀለይ ጎዘ ኽስዕበካ ሓግዘኒ
ድኹም'የ ኣነ ኣብ ስጕምተይ ኣጽንዓኒ
'ተወደቕኩ ኽትንሥእ ኃይልኻ ሃበኒቃልካ
ንእግረይ መብራህቲ ይኹነኒ።

/2/

ንስኻ ንኣበሳይ ብደምካ ትፍውስ ...
ፍቕርኻ ኣብ መስቀል ገለጽካለይ ...

2. ምሕረት ኣምላኽይ መስቀልካ ርእየ ኣብቲ
ቅዱስ ቤትካ ተኹስኲሰ ዓብየ (ኢ)የሱሰይ ኣነሲ
መዋርስትኻ'የ ኣምላኽይ ኣነሲ ወራሲትካ እየ
} /3/
ጐይታየ ኣነሲ መዋርስትኻ'የ
ኤልሻዳይ ኣነሲ ወራሲኻ እየ። /2/

## 132) ወዲ ዳዊት መሓረኒ

1. ጸጋኻ ከይርኢ ዓይነይ ተሸፊነ
ኣብ ብርሃን ከይነብር እኔኹ ተደፊነኣብ
መንገዲ ቖይመ 'ጽበየካ 'ሎኹኢድካ
ዘርግሓለይ ክርኢ 'ደሊ 'ሎኹ።

***ተደጋጋሚ*** - ወዲ ዳዊት መሓረኒ /3/
ብቐትሩ ጸልሚቱኒ። } /2/

2. ናይ ሕዝበይ ጭራሕ ሰሚዐ ኦ
ጐይታይ
ከባቢየይ ክርኢ ምሕረትካ ኣፍስሰለይናይ
ልማኖ ናብራ ኩቶ ሰልኪዩኒ ራኅርኃለይ
ጐይታ ናፃ ኣውጽኣኒ።

3. 'ዚ ናይ ጸልማት ናብራ ናተይዕውርነት
ካብ ፍጡር ምልማን ምጽባይምጽዋት
ሰልኪዩኒ ጐይታ 'ምሕጸነካ 'ሎኹገጽካ
ምለሰለይ እጭርሕ ኣሎኹ።

4. ድኂነ እናበልኩ ሞሳ ኽመልሰሉ ኣዒንተይ
በሪሁ ኣካለይ'ውን ኵሉዚፈልጡኒ
ይእመኑ ምፍዋሰይ ርእዮም
ናትካ ኃያልነት ፍቕርኻኣስተንቲኖም።

## 133) ሃሌሉያ ክብል

1. ሃሌሉያ ክብል ኢየሱስ ዘብቃዕካኒ
ንገጽካ ኽርኢ እውን ዘኽኣልካኒ

ኣብ በይነይ ከሎኹ ዘይትፍለየኒኣብ
ጉዕዞ መንገደይ ብሰላም ትመርሓኒ።

ሃሌሉያ /3/ ስገዱሉ። /2/

2. ምሳኻ እንከሎኹ መን'ዩ ዘፍርሃኒ፤ንስኻዶ
ኣይኮንካን 'ቲ ፈቃር መድኃኒ!
ኣብቲ ድቕድቕ ጸልማት ኄዝካ
ትመርሓኒ
ኣብ መንጐ ጸላእተይ ዋልታ ትኾነኒ።ሃሌሉያ
/3/ ወድስዎ። /2/

3. ተመስገን ክንደይ ጥዑም ለዋህ
ኣምላኽ ኢኻ
'ቲ ኹሉ በደለይ እኳ ዘይጸብጸብካ ኣነስ
ኵሉ ገዲፈ ክቐርብ ናባኻ ንድኹም
ኀልናይ ኃይሊ ኹኖ ኢኻ።

ሃሌሉያ /3/ ኣምልኽዎ። /2/

4. ኃይሊ ናይ ጸላኢ ኪዓኑ ኽንርእዮ ኢናዙፋን
ናይ መቕደስካ ኽትገዝእ ንዓለምና
ብኽቡር ኣቕሳልካ ኢኻ ዝዓደግካና ናይ
ካልእ ኣይኮንናን ኢየሱስ ገንዘብካኢና።

ሃሌሉያ /3/ ዓልሉሉ። /2/

## 134) ሕዝበይ ይጠፍእ ኣሎ

1. ካብ ነቢያት ጀሚሩ ናብ ሓዋርያት
ዝጸንሐ ወንጌለይ ንብዙኀ ዘመናት
ሕጂ'ሽ ወንጌለይ ኣበይ ኣሎ፤ ሕዝበይ
ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ ኣሎ።

**ተደጋጋሚ**

ሕዝበይ /3/ ይጠፍእ ኣሎ ሰኣን ፍልጠትንመን
ክልእኽ'የ መንከ ኪኸደለይ እዩ፤ /2/
ጐይታ ንዓይ ንድኹም ባርያኻ ልኣኸኒ
ክኸደልካ ቅብኣኒ ብዘይትኻኣትብዓኒ
ብመንፈስካ

ንዓይ ንድኹም ባርያኻ ኣቑመኒብጸጋኻ
ኣነ ክኸደልካ ክለኣኸካ።

2. ብብዙኀ ማእሰርትን ስቓይን መከራን ዝመጸ
ወንጌለይ ብብዙኀ ጸበባ
ነዚ ቃለይ ኪብሉ ኃሊፎም ቅዱሳን ናይ
ሎሚ ክርስቲያን ትግሃሉ ነዚ ቓል።

3. ኣብ ጊዜ ሓዋርያት ዝነበራ ነፍሳት
ዝተመስከረለን ብዙኃት ኣእላፋት
ሎሚ ግን ወንጌለይ ዘይፈለጣ ነፍሳት
ዘይሰምዓ ኣለዋ ነዚ ቃል ብሥራት።

4. ብፍላጥ ዘይፍላጥ ንሰይጣን ዜምልኻናብ
ዚመጽእ ጥፍኣት ዜምርሓ ኣለዋመን ደኣ
ኬውጽኣን'ዩ ካብ ዘለውኦ ናብራ፤
ሕዝበይ ስበኽ ወንጌል ኣውጽኣየን
ሓራ።

## 135) ኣምላኸይ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ

1. ንማርያም መግደላዊት ካብ ምንዝርናንስምዖን
ካብ ገፋፊ ዓሣ
ንማቴዎስ ካብ መኽፈሊ ቀረጽንዘኬዎስ
ካብ እንዳ ተገውቲ መሪጽካ።

**ተደጋጋሚ** - ንስኻ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ
ኢየሱሰይ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ
ሕይወተይ ጥዒማትካ
ንስኻስ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ።

ኣምላኸይ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ ..

2. ነታ ሳምራዊት ሰበይቲ ኣብ ጽምኢማያ
ንሓማት ስምዖን ዓሦ ሓሚማ ኸላነታ
መበለት ኣብ ሞት ናይ ወዳ ነዞም ኲሎም
ኣብ ከምዚ ኸልዉ ኣፍቀርካ።

3. ንሥጋይ ካብ ዓዘቕቲ ኃጢኣት ንነፍሰይ ካብ
ግዝኣት ናይ ጸልማት

ንሕይወተይ ካብ ዘለዓለም ጥፍኣት
ዝተበጀኻያ (ኢ)የሱስ ፍቕሪ ኢኻ።

4. ናይ ውሽጠይ ብፍጹም ትፈልጦ
ንሸኽመይ ቀንጢጥካ ተራግፎ ንጭንቂ
ልበይ ከም ጸሎት ትርእዮ
ንድኻመይ'ውን ኩሉ ትርድኦ።

5. ሰብ ነቲ ክቡር ይሓሪ ይደሊ ንስኻ
ግን ነቲ ድኹም ትሓሪ ባህርያትካ
ፍሉይ'ዩ መስተንክር ፍቕርኻ ሓሲበስ
እኔኹ እዘልል።

***ተደጋጋሚ*** - ንስኻ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ ...

ስለ'ቲ ፍቕርኻ ዕልል /3/ ዕልል'ውን እብል ስለ'ቲ
ሓልዮትካ ዕልል /3/ ዕልል'ውን እብልስለ'ቲ
ሠናይካ ዕልል /3/ ዕልል'ውን እብል።ዕልል /3/
ዕልል'ውን እብል። /6/

## 136) ጐይታይ ናበይ'ሞ ክኸይድ'የ፧

1. ሕጂ ሽግረይ ጊዜያዊ እዩ ከምኡ'ውን
ሓጐሰይ ኃላፊ እዩነቲ ዘይኃልፍ
ንምቕባል እጽዕር ኣሎኹ
ብትብዓት።

***ተደጋጋሚ*** - ጐይታይ ናበይ'ሞ ክኸይድ'የ፧
ሕይወት ከም ዘሎካ ርእየ'የ ሽግር
መከራ እንተ መጸ } /2/ጐይታይ
ካብ ገጽካ ኣይከይድን።

2. ኵነተይ ኵሉ ትርእዮ ኢኻ መሓሪ
ርኅሩኅ ኣምላኽ ኢኻምስ'ቲ
መከራይ ክቐርበካ ኣባይ ፈጽሞ
እቲ ድላይካ።

3. ዓለም ሓጐሱ ከም'ዚ እዩ
ሎሚ መሊኡ ጽባሕ ከንቱ'ዩነዚ
ብምሕሳብ ነቺሐ ይቕረታ
እልምን ተደፊአ።

4. ኣብ መጨረሻ ክዕወት'የ ሓኪም
ናይ ነፍሰይ ረኺበ'የደጊም
ካልኣይ ከይሓምም
ኣንጽሓኒ ብናትካ ደም።

## 137) ኦ ኢየሱስ ኣብ ቅዱስ ቊርባን

***ተደጋጋሚ***
ኦ ኢየሱስ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ዘሎኻ ንሰግደልካን
ነመስግነካን ኣሎና። /2/

1. እንካ እዚ ሥጋይ'ዩ ንድኅነትካ እዩ እንካ እዚ
ደመይ'ዩ ንድኅነትካ እዩ ኢልካ ብልግሲ
ዝወፈኻለይ ኢየሱስ ብእምነት ከም
ዝቕበል ግበረኒ።

2. ብመለኮትን ሥጋን ንድኅነት ዝቕምካደመይ
ዚሰቲ ሥጋይ ዚበልዕ ምሳይ'ዩኢልካ
ዝተዛረብካዮ ሕይወት ንኽረክብ
ምሳኻ ከም ዝኃብር ግበረኒ።

3. ኣነ ርጉም ክፉእ ኣባኻ ክቐርብ ከመይ'ሉ
ኮነለይ ኦ ልዑል ኢየሱስብደምካን
ብሥጋኻን ክትሕሉ ክትናቢ
ክንደይ ብዓል ዓቢይ ምሕረትኢኻ'ሞ።

4. ጾሩ ዝኸበዶ ናባይ ይምጻእ ከዕርፎ
ኢልካና ኢኻ'ሞ ኢየሱስ ኃላዪ እኔኹ
መጺአ ዝኸበደኒ ኀዘ
ሃየ ጾረይ ኣራግፈለይ ኢየሱሰይ።

5. ንዓ ኢየሱሰይ ኣብ ውሽጠይ ኮይንካሥራሕ
ንዓ ኢየሱሰይ ኩነኒ መማኸርቲ ንዓ
ኢየሱሰይ ኩነኒ ፈዋሲ ተቓለሰለይ
ምስ'ቲ ርኹስ ጸላኢ።

## 138) ዝጸምአ እንተሎ

***ተደጋጋሚ***
ዝጸምአ እንተሎ ናብ ጐይታ ይምጻእ ንደሙ
ይስተ፥ ሥጋኡ ይብላዕ። /2/

1. ለዋህ ጐይታ ኦ ርኅሩኅ ኣምላኽ
በጃ ዝኃለፍካ ኃጢኣትና ንምኽሓስ

ልባትና ለውጦ ብክፍኣትና ክንጠዓስ

/2/

2. ንድኅነት ነፍስና ሕጂ'ውን ተሠዊዕካ ብልዑኒ ስተዩኒ ምእንታኹም'የ ኢልካሕይወት ምስ ተረፉ ንኣና እናዓደልካ

/2/

3. ዝኸበዶ እንተሎ ናባይ ይምጻዕከዕርፎ ከበዱ ቆንጢጦ መንፈስ ራህዋከልብሶ ኢልካ ኢኻ ኦ ጐይታይ ኣበሳና ደምስሶ

/2/

4. ጸሚአ ከመጽእ ናባኻ ኦ ጐይታይ ማይ ሕይወት ዘለዓለም ኪፍልፍል ካብ ከርሰይ

ምሕረትካ ሃበኒ ጐይታይ ደንግጸለይ

/2/

## 139) ኪንገር ዘይከኣል

***ተደጋጋሚ***

ኪንገር ዘይከኣል ጸጋ ምስ በረኸትሕጂ ክረኽበካ ኢየሱስ ብእምነት።

1. ሥጋይ እውነተይና ብልዒ'ዩ ደመይ እውነተይና መስተ'ዩ ብልዑኒ ስተዩኒ ዝበልካ ምልኣዮ ልባትና ብብርሃንካ።

2. ኃጢኣተይ ኣንጽሕ ብጸጋኻ ጐይታይ ሓግዘኒ ባዕልኻ ድኹም እየ ኣነ ፍጡርካ ከይዝንግዕ ኃዘኒ ብኢድካ።

3. ንድኅነተይ መታን ኪኾነኒ ብብዝኒ መንፈስካ ዓድለኒ ክቕበል ኦ ጐይታይ ኣብቅዓኒብመንገዲ ጽድቂ ምርሓኒ።

## 140) ሕጂ መጺአ ኣሎኹ

1. ረአ'ሞ ተመልከት ንኹሉ ሕይወተይንኣኻ ዘበቅዕ ሓንቲ'ኳ ዘይብለይ ብሕፍረት ዚኣክል ርእሰይ ኣድኒነእነብር ኣሎኹ ንበይነይ ኮይነ።

***ተደጋጋሚ***

ሕጂ መጺአ ኣሎኹ ክረኽበካ ኦ ጐይታይ ንሕይወተይ ሓድሶ ብቕዱስ መንፈስካ። /2/

2. እንቋዕ ረኺብክዎ 'ቲ ሕያዋይ ጓሳብዘይካኡ የልቦን ንልበይ ዚመልሳካብ ሕጂ ንደሓር ምሳኻ ኽነብር ንኹሉ ሕይወተይ ንኣኻ ከመስል።

3. ንስኻ ዘይብሉ ኵሉ ኸንቱ እዩ መንፈስካ ዘይብሉ መንገዲ ጥፍኣት'ዩሎሚ'ውን ኣፍስሶ ኣብ ልዕሊ ሕዝብኻ

ከይጠፍእ ከይኮነን ስኢኑ ኃይልኻ።

## 141) ሕይወተይ ሓደራ

1. ጐዕዞይ ምስ ዚብርትዕ ኣብ ማእከል በረኻትሕቲ መስቀልካ'የ ኢየሱስ ሃበኒ

ኃይልኻ።

***ተደጋጋሚ*** ሕይወተይ

ሓደራ /2/

ንኣኻ ኺይክሕድ ኢየሱስ ኣብ ጊዜ መከራ።

/2/

2. ጐይታይ ሓልወኒ ንድኹም ወድኻደቂሰ ከይተርፍ ኢየሱስ ምርሓኒ

ባዕልኻ።

3. ውግኣይ ምስ ወዳእኩ ኣኽሊል ኪቕበል'የ ንልበይ ቀይሮ ጐይታይ ምሳኻ ኺነብር።

## 142) ምስጋና ንኢየሱስና

1. መንፈሱ እናፍሰሰ ዝመልኣናናቱ ሰላም ሂቡና። ሃሌሉያ ነመስግን ብኽብሪ ንኣምላኽናነቲ ዝሞተልና።

***ተደጋጋሚ*** - ምስጋና ምስጋና ንኢየሱስና ይግብኦ ምስጋና። ሃሌሉያ

ሰላሙን መንፈሱን ብምፍሳሱ
ዝመልአ ልባትና።

2. ሓደስቲ ፍጡራት ዝገበረናበቲ
ደሙ ሓጺቡ። ሃሌሉያ
ርኽሰትናን ኃጢአትናን ደምሲሱልና
ጽድቂ ኣልቢሱና።

3. ክርስቲያን ኃወይ ኪጨንቐካ ሰይጣን
እንተ ፈተነካ፡ ሃሌሉያ
ናብ መስቀል ጠምት ናብ ጐይታኻሓራ
ኬውጽኣካ።

4. ንኸንቱ ኣይኮነን 'ዚ ጒያና
ኣብ ሰማይ ቤት ኣሎና። ሃሌሉያ በኢድ
ሰብ ዘይተሓንጸት ከተማና ሓዳስ
ኢየሩሳሌም።

5. ዕልል ንበለሉ ደስ ኢሉና
ፈቃር መድኅን ኣሎና። ሃሌሉያ
ሥልጣንን ክብርን ይወድሶ ኣሜን
ሃሌሉያ።

## 143) ምርሓና ጓሳና

1. ትርጉም ዘለዎ ናብራ ምንባር መሃረና ናይ
ሰላም ንጉሥ፣ ንገሥ ኣብ ውሽጢልባትና።

***ተደጋጋሚ*** - ምርሓና ጓሳና ኢየሱስ ተስፋና
ጸኒዕና ክንጽበያ ሰማያዊት
ቤትና።
/2/

2. ክቡር መድኃኒና መምህርና መሪሕና
ኃለዋኻ ኣይግደፈና እንኪዝሕል
ጒልበትና።

3. ክንፈርሕ ክንደክም ክንትክዝ ኃዚንናአ
ጐይታ ብመንፈስካ ኣጸናንዓና።

4. ከይጽምሉ ሕይወትና ኣፍስሶ በረኸትካ
ኣለምልመና ብጸጋኻ ኽንቀውም
ንከብርኻ።

5. ኃይሊ ጸላኢና ንኽየጥቅዓና
ኢየሱሱይ እምባና ኣይትፈለየና።

## 144) ታሪኽ ናይ ሕይወትና ኢኻ

1. ታሪኽ ናይ ሕይወትና ኢኻጐይታ
ናይ ሕይወትና ኢኻጸጋ ናይ
ሕይወትና ኢኻ <u>ንዓ ሎሚ
ናባና። /2/</u>

2. ኃይሊ ...
ዕርዲ ...
ዋልታ ...
<u>ንዓ ሎሚ ናባና። /2/</u>

3. ኣቦ ...
ክብሪ ...
ሰላም ...
<u>ንዓ ሎሚ ናባና። /2/</u>

4. እምነት ...
ተስፋ ...
ፍቕሪ ...
<u>ንዓ ሎሚ ናባና። /2/</u>

5. ብርሃን ...
መዝገብ ...
ሕይወት ...
<u>ንዓ ሎሚ ናባና። /2/</u>

6. መንፈስ ... ሓቂ
... መጸናንዒ
...
<u>ንዓ ሎሚ ናባና። /2/</u>

## 145) ካበይ ናበይ፧

***ተደጋጋሚ***
<u>ካበይ ናበይ 'ቲ ጉዕዞ ናበይ /2/</u>
ካበይ'ዩ'ኽ መበገሲና
ናበይ'ዩ'ኽ ጉዕዞ ሕይወትና <u>ኣጎዋት
ኣይንዓሹ ንኃዝ ኣምላኽናደጊም ሕጅስ
ይኣኽለና። /2/</u>

1. <u>ኣጎዋት ንመለስ ናብ ኣምላኽናእወ
ናብ ኣምላኽና /2/</u>

ይቕሬታ ንሕተት ተደፊእናእወ
ተደፊእና
ናብ ጐይታ ንቕረብ ተሓዲስናእወ
ተሓዲስና።

***ተደጋጋሚ***
<u>ካበይ ናበይ ’ቲ ጉዕዞ ናበይ /2/</u> ካብ
ኦም ሕይወት ትንፋስ ዘሪእናናይ
ዘልዓለም እምባ ደዪብና
ኣጎዋት ቤት ኣሎና <u>ቤት ኣምላኽና /2/</u>።

2. <u>እስከ ንዘክር ጉዕዞ ኣምላኽናእወ</u>
<u>ጉዕዞ ኣምላኽና። /2/</u>
ካብ ላዕላይ ሰማይ ናብዛ ዓለምእወ
ናብዛ ዓለም
መስቀልና ጾይሩ ፍቕሩ ኣርእዩእወ
ዘድኃነና።

***ተደጋጋሚ***
<u>ካበይ ናበይ ’ቲ ጉዕዞ ናበይ /2/</u> ቅዱስ
መጽሓፍ እዩ ህያብ ኣምላኽናመበገሲና
ምዕራፍ ጉዕዞና
<u>ኣጎዋት ኣይንዓሹ ንሓዝ ቃል ኣምላኽናቃሉ</u>
<u>እዩ ሕይወት ንዓና። /2/</u>

3. ቅዱስ መጽሓፍ ኢዩ ህያብ ኣምላኽናእወ
ህያብ ኣምላኽና
መበገሲና ምዕራፍ ጉዕዞናእወ
ምዕራፍ ጉዕዞና
<u>ናብ ጐይታ ንቕረብ ሕይወት ለቢስና</u>
<u>ሕጅስ ይኣኽለና /2/</u>።

***ተደጋጋሚ***
<u>ካበይ ናበይ ’ቲ ጉዕዞ ናበይ /2/</u> ካብ
ኦም ሕይወት ትንፋስ ዘሪእናናይ
ዘልዓለም እምባ ደዪብና
ኣጎዋት ቤት ኣሎና <u>ቤት ኣምላኽና /2/</u>።

## <u>146) ጸጋ ምሕረቱ ዘልበሰና</u>

1. እዚ ኩሉ ንዓይ ዝገበርካለይ ሕይወትካ
ምእንታይ ዝወፈኻለይኣሰር ናትካ
ሓበርካኒ
ንቤትካ ከኣቱ ኣሰነኻኒ
<u>ኣነ እሞ እንታይ ከገብረልካ</u>
<u>ተመስገን ተመስገን ኣምላኽ እብለካ</u>
<u>/2/</u>።

***ተደጋጋሚ***
ጸጋ ምሕረቱ ዘልበሰና ምልክት
ድኅነት ኮይኑ ናባና
ካባና`ዩ ናባና`ዩ (ኢ)የሱስ ኣሎና።

2. ኩሉ ግዜ ክመላለስ ቤትካኣብ
ፈተና ክጽውዕ ንስምካ
ድምጸይ ሰሚዕካ`ወ ከም ትረድኣኒኦ
ኣምላኺይ ምሉእ ተስፋ ኣሎኒ <u>ክብርን</u>
<u>ምስጋናን ይግባኣካ</u>
<u>ኣማን ብኣማን ንስኻ ሕያው ኢኻ</u>
<u>/2/</u>።

3. ዘይንፈልጥ ንጐይታ ምርካብና ዓይንና
በርሀ ብናይ መንፈስ ባናዕልል ዕልል
መድኃኒ ረኺብና
ዕልል ዕልል ብንጹሕ ደም ተሓጺብና
<u>ቀሪቡ`ዩ መዓልቲ ፍርድና</u>
<u>ንዳሎ ክርስቲያን ተሓዲስና /2/</u>።

## <u>147) ሓጺር`ዩ ዕድሜና</u>

1. ሓጺር`ዩ ዕድሜና ልክዕ ከም ናይሣዕሪ
ገንዘብ ከይነምልኽ ኣብ ክንዲ ፈጣሪኩሉ
ክተርፍ`ዩ ከንቱነት ናይ ሥጋ ኣጎዋተይ
ንመለስ ናብ ጐይታ ብኣጋ።

***ተደጋጋሚ***
ካብ ወርቅን ንሩርን ናይ`ዛ ዓለም ኣብ
ቤቱ ይሕሸና <u>ንዘለዓለም /2/</u>።

2. *ኃላፊት`ያ ሥጋና* መዋዕል ሓጺር`ዩዓለም
ምስ ትምኒቱ ኩሉ ኃላፊ`ዩስንቅና ንኣከብ
ኣብ`ዛ ዓለም ግናይመዝገብ ከነጥሪ ኣብ`ቲ
ላዕላይ ሰማይ።

3. ልብና ከይንስለብ ብመስከርቲ ሲኦል
ብኩሉ ጉዕዞና ንክርስቶስ ንምሰል ዓስብና
ክንቅበል ካብቲ ብሩኽ ኣቦ ናይ ሥጋ
ገዲፍና ንጐይታ ንስዓቦ።

4. ርእስና ንመርምር ካብ መንፈሳዊዑረት
ጽባሕ ከይንወድቕ ናብ ጸልማት
ደልሃመት
ራህራሓልና የሱስ እንዳበልና ንጨርሕ
ከምቲ ሃብታም ሰብኣይ ጽባሕ ከይንስከሕ።

5. ናትና እንብሎ ከይሀልወና የሩሳሌም
ትኹን ቀንዲ ኣተኩሮናብዕለተ ፍርዲ
ከንቀውም ብየማኑ
ናብ ክብሩ ክንኣቱ ምስቶም ቅዱሳኑ።

## 148) ኦ ማራናታ

ኦ ...ማራናታ /2/ ኦ ...ማራናታ /4/

1. እንዳረአኹ ከም ዘይረአኹ ኮይነ ኃሊፈካ /2/
እንዳሰማኩ ዘየሰማዕኩ ኮይነ ርሒቐካ
/2/

***ተደጋጋሚ***
ንስለየ ኣነ በዳሊኻ ንነፍሰይ
እንዳሓሎኻ ጽቡቕ መሲሉኒ
ርሒቐካ
ፍትወይ ግን ርጎሩጎ ኢኻ።

2. እንዳሬኹ ውጉኣት ኣእዳውካ ሓሊፈካ
/2/
እንዳሬኣኤኹ ዝፈሰሰ ደምካ ራሒቀካ
/2/
እንዳሰማኩ ዝግዕር ድምጽኻ ሓሊፈካ
/2/
እንዳሬኣኤኹ ዝተወግአ ጎንኻራሒቐካ
/2/

3. ከም ሑጻ ባሕሪ በዚኑ ክፍኣተይ
ከቢድ`ዩ መቐሕ`ሲ መቐሕ ናይ
ኃጢኣተይ /2/
ኦ ኣምላኽ ስማዕ ንስሓይ ጣዕሳይ
ኣይትደርብየኒ ኣብ ሃገረ ምውታንብሰሪ
ኃጢኣተይ መርገም ረኺበ ብፈተና ናይ
ሰይጣን ተኸቢበ ጽቡቕን ክፉእን ብዙኅ
ተዛሪበ

ጐይታ ናይ ሠራዊት ብኣኻ`የ ዓጊበ /4/።

## 149) ጣዕሳ በደለይ

1. ደሃይካ ከይሰምዕ ጸመምኩ ብርሃንካ
ከይርኢ`ውን ዓወርኩኣይትፈለየኒ
እጠዓስ ኣለኹ
ደጊም ውሉድካ ምኧን መሪጸ`ለኹ
/2/

***ተደጋጋሚ***
ዘይወጽእ ጣዕሳ ጣዕሳ በደለይ
ኀደገለይ ሕማቕ ኣመለይ /2/
ሓሳብካ ይምላእ ሃሌሉያ ጐይታይ /4/ኦ
ጐይታይ ጸጋኻ ኣፍስሰለይ
ብምልኣት ልቢ ክመላለስ ኣብ ቤትካኦ
ጐይታይ ጸጋኻ ኣፍስሰለይ ንውሉድ
ወለዶ ክወርስ ርስትኻ።

2. መሲሉኒ እጋገ ነበርኩ ብኽልተ
ነገራት ተገዛእኩ
ኣብ ኃይልታት ጸልማት`ውን ሰገድኩ
ኣይትፈለየኒ እጠዓስ ኣሎኩ /2/

***ተደጋጋሚ***
ዘይወጽእ ጣዕሳ ጣዕሳ በደለይ
ኀደገለይ ሕማቕ ኣመለይ /2/
ሓሳብካ እመልእ ኣሎኹ ሃሌሉያ ጐይታይ
/4/
ኦ ጐይታይ ጸጋኻ ኣፍስሰለይ ብምልኣት
ልቢ ክመላለስ ኣብ ቤትካኦ ጐይታይ
ጸጋኻ ኣፍስሰለይ ንውሉድ ወለዶ ክወርስ
ርስትኻ።

3. ብጸጋኻ ተሰንጠቐ ልበይ ብፍቕርኻ
ኪቃጸል ኣካለይስቓይካ ኪኸውን
ስቓየይ
ጀሚረዮ`ለኹ ጸዋዕታ ሕይወተይ /2/

## 150) ክዝምረሉ`የ ክቓንየሉ`የ

1. ኣብ ግዜ ንእስነተይ ንሱ ካብ
ኣፍቀረኒ
ምስ ኩሉ ድኻመይ ንዓይ ተቐቢሉኒ

ጐይታ ይደሊ`ሎ ኣብ ዘመን
`ንእስነተይ
ንሱ ጥራይ ክሕዛ ነዛ ዕሽል ሕይወተይብጊዜ
ኣብቂዑ'ዩ እዋን ቁልዕነተይ ኢየሱስ ካብ
ደለያ ነዛ ድኽምቲ ነፍሰይ
ደጊም`ሲ ሕጂ እንታይ ከይጎዘኒ ንሱ`ኳ
ፈትዩ ፍቕሩ ካብ ኣርኣየኒ።

***ተደጋጋሚ***
<u>ክዝምረሉ`የ፤ ክዝምረሉ /2/ ነዚ ንጉሥ ክብሪ ክዝምረሉ ነዚ ንጉሥ ክብሪ ክቓንየሉ /2/ክቓንየሉ'የ፤ ክቓንየሉ /2/</u>
<u>ነዚ ንጉሥ ክብሪ ክቓንየሉ</u>
<u>ነዚ ንጉሥ ክብሪ ክዝምረሉ /2/</u>

2. ምስ ዓለም ሥጋ ሰይጣን ፍጹም ተባቲኽና
ክፉእ መዓልትታት ከይበጽሐ ኣባና እዚ
ኹሉ ከይመጸ ኣብ ሎሚ ከሎና ንእስነት
ኃሊፉ`ዩ ዘብቅዓሉ ጕብዝናናንኢየሱስ
ነኽብር ትእዛዙ ኣብ ልብና ኣምላኽ
ይሕሸና ምስኡ ከንብረና ንሱ ጥራይ ከቢሩ
ከንርኢ ኣብ ሕይወትና
ከምታ ፍትሕቲ ዒሉ ክብረትክህበና።

3. ንፍቕርኻ ድምጸይ ከስምዕ ኣካለይ ክርስቶስ
ካብ ፈተወ ከድኅነኒ ንዓይ ክዘልል`የ ክዕልል
ብዘሎኒ ዓቕመይ እንታይ`ዩ ዝዓግተኒ
ካባኻ ዝፈልየኒ፤

## <u>151) ኦ ጐይታይ መሓረኒ</u>

***ተደጋጋሚ***
ኦ ጐይታይ መሓረኒ፣ ብምሕረት ጠምተኒ
እምለስ ኣሎኹ ኣብ ቤትካ ይሕሸኒ
ከም ውሉድካስ ይትረፍ ከም ግዙእካ ቑጸረኒከም
ውሉድካስ ይትረፍ ከም ባርያ ቑጸረኒ።

6. ድላይካን ትእዛዝካን ጐይታይብምጥሓሰይ
ኣብ ቅድሜኻ ኃጢኣት ወትሩብምግባረይ
በዲለካ'ሎኹ ክርስቶስ ኣምላኸይ።

7. ኣምላኸይ ኣቢሰ ከምኡ'ውን በዲለ
እምብዛ ርኊቐ ካባኻ ኰብሊለ እነብር
ነበርኩ ብዓለም ተታሊለ።

8. ንነፍሰይ ካብ ኃጢኣት ኣብ ክንዲዘርኅቓ
ትኺድ ገደፍክዋ ኣብ ናይ ጥፍኣትጭቃ
ነበረት ተዋሒጣ ኣብ ደልሃመት
ጠሊቓ።

9. ብጽሒተይ ኂዘ ናብ ርሑቕ ጠፋእኩ
ብዕብዳን ብስኽራን ነፍሰይ ኣራኸስኩ
መሲሉኒ ነበረ ሓራ ዝወጻእኩ።

10.ንበደለይ ኵሉ ንድኅሪት ደርበኻዮንባርያኻ
ካብ ጥፍኣት ጐይታይ መለስካዮ
ሓድሽ ሕይወት ሂብካ ፍጹም
ለወጥካዮ።

## <u>152) ኣምላኽና ምሳና`ዩ</u>

1. ኣምላኽ ንዓና መዕቀብን ኃይልንብጸበባ
ፍጡን ረዳኤትን
ስለዚ ምድሪ እንተተገልበጠት
ንሕናስ <u>ኣይንፈርሕን። /3/</u>

***ተደጋጋሚ***
ኣምላኽና ምሳና`ዩ ኢየሱስና ምሳና`ዩ
<u>ድኅነትና`ውን ካብኡ`ዩ /2/</u>
ከበር ከበር ኣምላኸየ
ከበር ከበር ኢየሱሰይ
ኃልዮትካስ ኣይተፈለየናን። /2/

2. ኣኽራን ኣብ መዓሙቕ ባሕሪእንተተናወጹ
ማያቱ እንተሃመመን እንተዓፈረን እኽራን
ብነድሮም እንተኣንቀጥቀጡንሕናስ
<u>ኣይንሕለልን። /3/</u>

3. ንውግእ መወዳእታ ይገብረሉ`ዩ ንቐስቲ
ንኹይናት ይቐራስሞም`ዩንሠረገላታት
ብሓዊ የንድዶም

ኣማኑኤል <u>ኣማኑኤል። /3/</u>

4. ጐይታ ሠራዊት ምሳና`ዩኣምላኽ
   ያዕቆብ እምባና`ዩ
   ነታ ማኅደር ልዑል ዘሕጉስ ሩባ`ሎስለዚ
   <u>ብሓጐስ ንዘምር። /3/</u>

5. ህድእ በል እሞ ኣነ ኣምላኽ እየ
   ብዘይካይ`ውን ካልእ ኣምላኽ የለንኣብ
   ማእከል ኣሕዛብ ልዕል ክብል`የኣብ
   ምድሪ <u>ልዕል ክብል`የ። /3/</u>

## <u>153) ብናይ ዓለም ፍቕሪ</u>

***<u>ተደጋጋሚ</u>***

ብናይ ዓለም ፍቕሪ ኣዝየ ተታሊለ
ብገዛእ ድሌተይ ኃጢኣት ለሚደ }/2/
መኻሪ ዘይብለይ እኳ ወላ ሓደ
ዝመክር ዘይብለይ እኳ ወላ ሓደ።

1. <u>ኣብ ዘብሎ ኣብ ዝኸዶ ይጠፊኣኒስኢነ</u>
   <u>መንገዲ ዚመርሓኒ /2/</u>
   ለካ ነገር ስለ ነገር ዘይኮነ ዚፍጸም
   ቆጸርኡ ኃልዩ`ዩ ኩሉ ዜኸትም።

<u>እግዚኣብሔር ግን /4/</u>

ንዝደልዮ ኣብ ዝደሊዮ ብዝደልዮ ይሠርሕ
/2/
ከምቶም ሰብ ተስፋ ሕይወተይ ረኺበኃለፋ/2/

ኣጀኺ ነፍሰይ ኣይትፍርሂ ኢኺ ንእግዚኣብሔር
ኣምላኽ ግበሪዮ ዋልታኺ።

***<u>ተደጋጋሚ</u>***

ብናይ ዓለም ፍቕሪ ኣዝየ ተታሊለ. . .

2. <u>ኣብ ዘብሎ ኣብ ዝኸዶ ይጠፍኣኒ /2/</u>

ኣምላኽ ሓቂ ኣምላኽ ፍቕሪ
ዝኾንካ መኸበሪ }/4/
ከመስግነካ ኮይነ ኣመስጋኒ ከዝምረልካ
ኮይነ ዘማሪ።

## <u>154) ኣብ ክንዲ’ቲ ሠናይ ዝገበረለይኩሉ</u>

***<u>ተደጋጋሚ</u>***

ኣብ ክንዲ’ቲ ሠናይ ዝገበረለይ ኩሉ ንእግዚኣብሔር
እንታይ ውሬታ ክመልሰሉ፧

1. ንነፍሰይ ካብ ሞት ንዒንተይ ካብንብዓት
   ነእጋረይ ካብ ምውዳቅ ኣድኂካየን
   ኢኻ`ሞ
   ነፍሰይ እግዚኣብሔር ሠናይ
   ገሩልኪ`ዩ`ሞ
   ተመለሲ ዕረፊ ደጊም ኣመስግንዮ።

2. ንስኻ ኢኻ ዕርደይ ኣምላኽ
   መድኃኒየይ
   ኩሉ ዘግዛእካለይ ዝውከሎ ዋልታይንስምካ
   ከማሱ ሠናይ ገበርካለይ ውዕለትካ ዘይቁጸር
   እዩ ተመስገን ኣምላኸይ።

3. ዓርከይ’ዶ ክብለካ ወይስ መዳርርተይ
   ንቤተይ መጺእካ ትገብር ደሃየይ ጽዋዐይ
   ጀርቢቡ ብዘይቲ ሓጐስካ ኣብ ኢድካ እዩ
   ኩሉ እንታይ ክኽፍለካ፧

4. ብሕይወት ክሎኹ ንኣኻ እዝምር ካልእ
   የብለይን ውዕለትካ ዝነግር ክገልጾ
   ኣይክእልን ንሠናይ ተግባርካኣምልኾ
   ኣቕርብ ነቲ ክቡር ስምካ።

## <u>155) ንቓልካ እምብዛ ኣፍቂረዮ</u>

1. ንቓልካ እምብዛ ኣፍቂረዮ
   ካብ ወርቅን ብሩርን መሪጸዮ ነፍሰይ
   ብናፍቖት ንቓልካ ትጽበዬ
   ንስጉምትታተይ ኣብ ቃልካ ኣጽንዓዮ።

***<u>ተደጋጋሚ</u>***

ቃልካ ንዓይ ሕይወት`ዩ
ቃልካ ንዓይ ፈውሲ`ዩ ቃልካ
ንዓይ ሓጐስ`ዩ

ቃልካ   ንዓይ ብርሃን'ዩ።

2. ቃልካ ክሕሉ ባህጊ ኣሎኒ ሓለፋ
ጸላእተይ የለብመኒ ሓለፋ
መምህራነይ የምህረኒ
ሓለፋ ሽማግለታት ኣእምሮ ይህበኒ።

3. ምሕላው ቃልካ ግደይ'ዩ በልኩ
ብሕይወት ክነብር ንቓልካ መረጽኩ
ብምሉእ ልበይ እደልዬ ኣለኹ ሃረርታይ
እዚ'ዩ ንቓልካ ክሕሉ።

4. ቃልካ ንዘልዓለም ጸኒዑ ይነብር እሙን
ምኳንካ ንኹሉ ይምስክር ኣነ'ውን ሎሚ
ሕያው ምስክር'የ ንቓልካ ብመዝሙር ጌረ
ክዝምር'የ።

## 156) <u>ኦ ሰሚዑ ዚእዘዝ ልቢ ሃበኒ</u>

1. ቃልካ ኣንቢበዮ ተማሂረዮ
ትእዛዛትካ ኩሉ ኣጽኒዐዮ
እዚ ኩሉ ግን ኣይተጠቐምኩሉን
ጐይታ
ትጉህ ልቢ ሃበኒ በጃኻ።

***<u>ተደጋጋሚ</u>***

ኦ እግዚኣብሔር
<u>ሰሚዑ ዚእዘዝ ልቢ ሃበኒ</u> /2/
<u>ኣሚኑ ዚትግብር ልቢ ሃበኒ። /2/</u>

2. ጐይታ ተዛሪብካ ምዒድካኒ
እቲ ቅኑዕ መንገዲ ሓቢርካኒ
ንግዚኡ ሰሚዐ ተቐቢለካ ንሓዋሩ
ዚሰምዕ ልቢ ሃበኒ ጐይታ።

3. ዝሰማዕኩዎ ከም ማርያም ክዓቅር
ዝተማህርክዎ'ውን ኩሉ ክገብር
ንክብረኻ ዝኸወን መንገዲ ክመርሕ
ኣኽእለኒ ጐይታ ክብርትዕ።

## 157) <u>ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ</u>

1. ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ
ንመንገደይ ብርሃን'ዩ ንጽድቕኻን
ፍርድኻን ዚሕሉማሕላ እዩ
ኃይለይን መዝሙረይን
እግዚኣብሔር እዩ ንሕይወተይ
ዚናቢ ድማ ንሱ'ጥራይ እዩ።
<u>ብጐይታይ ኣይሓፍርን ክመላለስ ናብ ቤቱ</u>
<u>ንጐይታይ ከገልግሎ ክኸውን</u> መዋርስቱ።
/2/

2. ናብ ጐይታና ንምለስ ይቐሬታኡኪ ህበና
ብሰሪ ኣበሳና ሞይቱልና ኣብክንዳና
ሞይቱ'ውን ኣይተረፈን ሕያው እዩ
መድኃኒና
እንካብ ሞት'ውን ተንሢኡ ሓድሽ
ሕይወት ሃበና
<u>ኩሉ እዩ ዝከኣሎ ሓንቲ ዘይስኣኖ</u>
<u>ሰለ'ቲ ዓቢ ፍቕሩ ኃቢርና ነመስግኖ። /2/</u>

3. ብቃልካ እትፈጥር ጐይታይ ንስኻኢኻ
ኣየናይ ፍጡር እዩ ዚወዳደር ንኣኻ
ኣእምሮን ናጽነትን ዝሃብካ
ንፍጡርካ
ኣምላኽ የለን'ውን ይብሉ
ከይሓፈሩ ንኣኻ
<u>ፍጥረት ዓለም ምስክር ዝገልጽ ህላወ</u>
<u>ክፈልጡኻ ዘይደልዩስ ኣምላኽ የለን ይብሉኻ።</u>
<u>/2/</u>

4. ቃላተይ ዘይሰማዕኩም ብኣይ'ውን
ዘይኣመንኩም
ኣምሂረኩም እየ ኣነ'ስ ኣብነት'ውን
ኮይነኩም
ነዚ እንተ ዘይኣመንኩም ከቶ
ኣይትድኅኑን ኢኹም
<u>ኣብነቱ ንከተል ምስማዕ ቃል ቅዱስ ወንገል</u> <u>ኪህበና</u>
<u>እዩ ዓስቡ ናይ ቅድስና ኣክሊል። /2/</u>

## 158) ሳላ ኢየሱስ እቲ መድኃኒ

1. ደበና ኮይኑ'ውን ኣዒንተይ ተዓመታ
/2/
ጎይታ ከንቅሐን ኣርሕቀን ከጥምታ /2/ሳላ
ኢየሱስ እቲ መድኃኒ
ሳላ ክርስቶስ እቲ ሓላዪሳላ
ኣዶናይ እቲ መርሃዊ
ብርሃን ረኣየኒ።

2. ሰይጣን ከጥቅዓኒ ዕርዱ ከጨንቀኒ /2/
ኢየሱስ ሰለ ሰሙ እንባ ይኾነኒ /2/
ሳላ ኢየሱስ እቲ መድኃኒሳላ
ክርስቶስ እቲ ሓላዪሳላ
ኣዶናይ እቲ መርሃዊ
እንባይ ዝኾነኒ።

3. ኲሉ ክርሕቀኒ በይነይ ክመስለኒ /2/
ክርስቶስ ረኺብኩ ዓርኪ ዝኾነኒ /2/
ሳላ ኢየሱስ እቲ መድኃኒሳላ
ክርስቶስ እቲ ሓላዪሳላ
ኣዶናይ እቲ መርሃዊ
ዓርኪ ዝኾነኒ።

4. እቲ ንጹሕ ዝገብሮ ነጻ'ውን ዝልቡ
/2/
ልበይ ከፈቱለይ መንፈሱ ከእቱ /2/ሳላ
ኢየሱስ እቲ መድኃኒ
ሳላ ክርስቶስ እቲ ሓላዪሳላ
ኣዶናይ እቲ መርሃዊ
መንፈስ ዝሃበኒ።

5. ኣነ እኔኹ ድሮ ንጐይታ ስዒበ
/2/
ናይ ኢየሱስ ምኧነይ ጌና ክምስክር'የ
/2/
ሳላ ኢየሱስ እቲ መድኃኒሳላ
ክርስቶስ እቲ ሓላዪሳላ
ኣዶናይ እቲ መርሃዊ
ትብዓት ዝሃበኒ።

6. ክብሪ ነቲ ልዑል መድኃኒ
ምስጋና ይኹን ምስ ክብሪ
ስለቲ ዝሃበኒ ክብሪ /2/

## 159) ምስጋና ሆይ ምስጋና

1. ምልኣት ልቢ ጥበብ ዘልበስካናምስጋና
ሆይ ምስጋና በመንገዲ ሓቂ
ዝመራሕካና ምስጋና ሆይ ምስጋና
ሕይወት ክንለብስ ብርሃን ዝሃብካናምስጋና ሆይ
ምስጋና
ኣብ ቅዱስ ቤትካ ፍቕርኻ መገብካና
ምስጋና ሆይ ምስጋና።

***ተደጋጋሚ***ምስጋና
!!!
ምስጋና ሆይ ምስጋና /3/
ምስጋና ንልዑል ፈጣሪ ምስጋና
ከኣሊ ኲሉ ምስጋና
ንልዑል መድኀና ምስጋና ኣብዚ
ዘብጻሕካና።

2. ንሕማምና ፋውሲ ዝኾንካና
ምስጋና ሆይ ምስጋና
ካብ ፀሓይን ንፋስን ዘጽለልካና
ምስጋና ሆይ ምስጋና ንድካምና
ዕረፍቲ ዝሃብካና ምስጋና ሆይ
ምስጋና
ካብ መገሻና ብሰላም ዝመለስካናምስጋና ሆይ
ምስጋና።

3. ጽኑዓት ልቢ ዝገበርካና ምስጋና
ሆይ ምስጋና ንድኀነትና ሕይወት
ዘወፈኻልናምስጋና ሆይ ምስጋና
መጓሰኻ ዝገበርካና ምስጋና
ሆይ ምስጋና
ደቂ ብርሃን ኽንከውን ዘብቃዕካናምስጋና ሆይ
ምስጋና።

## 160) ጐይታ ከም ሕያው ቃላትካ

1. እቲ ኣብ ሓዋርያት ዝነበረ መንፈስሕጂ'ውን
ኣፍስሶ ኦ ሕያው እግዚኣብሔር
ከም ሕያው ቃላትካ ንጽበ ኣሎና ብመንፈስ
ቅዱስካ ምላእ ንሕይወትና።
/2/

***ተደጋጋሚ***

ጐይታ ከም ሕያው ቃላትካ
ኣፍስሰልና ንመንፈስካ
ዘርግሓልና ንኣእዳውካ ግለጸልና
ንኽብርኻ። /3/

2. ብኃይልን ክእለትን ምርሓና ኦ ጐይታ
ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ክመጽእ ሕዝብኻ
ንስኻ ኽትከብር ነጊሥካ ክትረኤስምካ
ንኽምስገን ኣብ ማእከል ጉባኤ። /2/

3. ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሥራሕከም ቀደምካ
ሕይወትና ለውጦ ብቅዱስ መንፈስካ
ብኽብርኻ ግለጽ ብግርማኻ ውረድንዓ
ኣብ ሕይወትና ንበይንኻ ንገሥ። /2/

4. (ኢ.)የሱስ ስለ ስምካ መንፈስካ ኣፍስሰልና
ስምካ ንኽነግሥ ንምሉእ ዘመና
መንፈስ ቅዱስ'ዩ ንዓኻ ዜኽብር
ንዝሞተ ሕይወት ሕያው'ውን ዚገብር። /2/

## 161) ስምካ ይኽበር

1. እንታይ እሞ ክብል'የ እንታይየ'ኸ
ዘቐርቦ ውዕለትካ ካብ ዓቕመይ
/2/ንላዕሊ'ዩ ኮይኑ።

*ተደጋጋሚ*

ካብ ሓመድ ኣልዒልካሰብ
እንዲኻ ትገብር
ንዝተረስዐ ልብኻ ዝዝክር ስምካ
ይኽበር እግዚኣቢሔርስምካ
ይኽበር ንዘልዓለም ስምካ ይኽበር
ባህ ኢሉካ ክቡር መስዋእተይ
እንካ ተቐበል
ስምካ ይኽበር እግዚኣቢሔር(8)

2. ከናፍረይ ንስምካ ከውርዮ'የን
ሥራሕካ ዝገበርካለይ በዚኑ /2/
ምስጋናይ ክህበካ።

3. ሰላመይ ከም ወሓዚ
ቤት ሓጎስ ጌርካዮ ዙሪያይ ጸጋኻ
ዘልዓለም /2/
ከስፉሕፍሕ ኣብ ዘርኣይ።

## 162) ምስጋናይ ተቀበል

1. ከመስግነካ'የ ኢየሱስ ከምልኽካ
ክሓስብ ከለኹ ልዕል ክብለካ
ቃላት'የ ዝስእን ክገልጽ ውዕለትካ
ዝብሎ ይጠፍኣኒ ገለ
ከምዘይፈልጠካ/ገለ ከም... ዝብኞዓካ
ኮይኑ ኣይኮነን እቲ ዘቕርበልካ
ማለተይ ኮይኑ'ዩ ስኢነ'ውን
ዝመልሰልካ
ተመስገን እብለካ ንሱ ኮይኑ ዓቕመይ
ዝያዳይ ትፈልጦ ሃረርታ ናይ
ልበይ። /2/

***ተደጋጋሚ***

ተመስገን (3) እብለካ /4/
ደጋጊመ ተመስገን እብለካ
ከም ጥዑም ሽቶ ተቀበሎ ኢኻ /2/ ምስጋና እዩ
ናይ ድኹም ባርያኻ። /2/

2. ብጭልፋ ካብ ባሕሪ ካብቲ ውዕለትካ
ክገልጽ ኣይከኣልኩን ዓቢይ ኮይኑ ሥራሕካ
ብፍቕሪ ንብዓተይ (ኢ.)የሱስ ምስደረዝካ
ልበይ መሊእካዮ ብሓጐስ
እልልታ/ብሓጐስ እልልታ እጭድር'ዩ
እዘልል ጐይታ ንኽብርኻፍጹም
ኣይርብርብን ክዝምር ንስምካኣዝዩ ፍሉይ
ኮይኑ እቲ ዝገበርካለይ ተመስገን ጥራይ'ዩ
ንሱ'ዩ
ምላሸይ። /2/

3. ድኹም ፍጥረት ኮይነ ወትሩ ዘጕህየካ ብኽብሪ ኣልዒልካኒ ኣብቲ ቅዱስ ቤትካ
እንዳበደልኩኻ ስለይ ዝጸለኻ
ኣየ ናተይ ኣምላኽ'ሲ ኣረ ፍሉይ
ኢኻ/ኣረ ፍሉይ ኢኻ
እንታየ እሞ ክብል እንታይክቅርበልካ
ጨኒቁኒ'ዩ ዘሎ መግለጺ ፍቕርኻ ውዳሴ ምስጋና እቲ ዘሎ ኣብ ልበይኣቕርቦ ኣለኹ ናባኻ ፍትወይ። /2/

## 163) ቤትካ ሰላመይ'ዩ

1. ዓቕለይ ጸቢቡኒ ካብ ዓቕን ክሽገር ነፍሰይ ኣዋዲቐ ኣቲየ ኣብ መዋጥር ንስኻ ግን ኢየሱስ ሰዲድካለይ ኢድካስሒብካ ኣውጺእካኒ ውሉደይ እንዳበልካ /2/።

***ተደጋጋሚ*** ቤትካ
ሰላመይ'ዩ
ቤትካ'ስ ዕረፍተይ'ዩ
ቤትካ ኩሉ'ዩ
ስለዚ ጐይታይ ከምልኽካወሲነ
ወሲነ ክነብር ምሳኻ
ንዘልዓለም (ኢ)የሱስ ኣብ ሕቍፎኻ።

2. ተግባረይ ከፊኡ መርገም በዚጉኒ ሄፎም እንዳመዘዙ ሰባት ከጥፍኡኒዘርሞ ዘርሞ ኾይነ ከይርሕቕ ካብ ቤትካ
ፈቃር ኢየሱሰይ ምጻእ ሓደራኻ /2/።

3. ብባሕሪ እንተኸድኩ ትጥሕልመርከበይ ብመሬት እንተኸድኩ ይጠማመር እግረይ
ሓንሳእ ንሓዋሩ መሪጸ ንቤትካ ብሓጐስ ክነብር ምስቶም ቅዱሳንካ
/2/።

4. ሎሚስ ባህ ኢሉኒ ውሉድካ ምኳነይእቲ ዘድልየኒ ኩሉ መሊኡለይ ንቤትካ መሪጸ ሕቍፎኻ (ኢ)የሱሰይ ልበይ ተሓጒሱ ኣሜን ኣሰይ ኣሰይ
/2/።

## 164) ኣሜን ሃሌሉያ

ኣሜን ሃሌሉያ(4) ኢልና ነመስግኖ።

1. እግዚኣብሔር ክቡር ጐይታ ነመስግኖገባር ተኣምራት እዩ እሞ ነመስግኖ
ናይ ጐይቶት ጐይታ እዩ ሃየነመስግኖ
ናይ ኣማልኽቲ ኣምላኽ እዩ እሞ ነመስግኖ
ካብ ዘለዓለም ንዘለዓለም ዚነብር
ነመስግኖ
ናይ ነገሥታት ንጉሥ እዩ ብኃባር ነመስግኖ።

***ተደጋጋሚ***
ኣምላኽ ሰማያት /2/ ምስጋና ይኹኖ /2/ኣሜን
ማራናታ /2/ ምስጋና ይኹኖ /2/
/2/

2. ንሰማይን ምድርን ዘቖመ ነመስግኖ ንፀሓይ ኣብ ላዕሊ ዘብረቐ ነመስግኖ ንከዋኽብቲ ብለይቲ ዘብርሀ ነመስግኖንወርኂ ብጸልማት ዘብርሀ ነመስግኖ ብርሃን ይኹን ንዝበለ ብኡንት
ነመስግኖ
ንሰብ ዝፈጠረ ኣጎዋት ነመስግኖ።

***ተደጋጋሚ***
ንጉሥ ሰማያት /2/ .....

3. ኣምላኸይ በቲ ኲሉ ጽቡቕ ዝሠራሕካንእለት ናተይ ኢኻ ኣነ'ውን ናትካ ጐይታየይ በቲ ኩሉ ህያባት ፍቕርኻ ከውሒ ልቢ ናተይ ክፈቶ ባዕልኻ ዘለዓለም ሓግዘኒ ክኸውን ምሳኻ ኣመስግን ኣለኹ በቲ ኩሉ ሠናይካ።

***ተደጋጋሚ***
ክቡር ሰማያት /2/ .....

4. ኢየሱስ ዝሃበና ናይ መንፈስ ናፅነትወረስቲ ኽንከውን ናይ ዘለዓለለም

ሕይወት
ንሰማይ ከኸይድ ንሰይጣን ሲዒሩ
ተሰኒዩ ኣይፈልጥን እዩ'ቲ ኵሉ ተግባሩ
ናብ ጐይታና ንቕረብ ኪህበና በረኸቱ
ንኽብሩ'ውን ንስገደሉ ንግርማ ኣኽሊሉ።

**_ተደጋጋሚ_**
ቅዱስ ሰማያት /2/ .....

ኣሜን ሃሌሉያ /8/ ኢልና ነመስግኖ .....

## 165) ናትኻ ምኧነይ የሐጒሰኒ'ሎ

**_ተደጋጋሚ_**
<u>ናትኻ ምኧነይ የሐጒሰኒ'ሎ። /4/</u>

1. ዓሪፈ ክነብር ኣብ ሕቑፍኻ ናትኻ ምኧነይ የሐጒሰኒ'ሎ ክቡር ሰብ ክኸውን ኣብ ቅድሜኻናትኻ ምኧነይ የሐጒሰኒ'ሎ።

2. ስመይ ኣብ ሰማይ ተጻሒፉ ናትኻ ምኧነይ የሐጒሰኒ'ሎ ካብ ኣሕዛብ ንዓይ ኃሪኻኒ ናትኻ ምኧነይ የሐጒሰኒ'ሎ።

3. ኣርዑት ካብ ክሳደይ ሰቢርካለይ ናትኻ ምኧነይ የሐጒሰኒ'ሎ ኃራ ክኸውን ኣውጺእካኒ
ናትኻ ምኧነይ የሐጒሰኒ'ሎ።

4. ሰላም ኣብ ዘይብሉ ሰላም ሂብካኒናትኻ ምኧነይ የሐጒሰኒ'ሎ ህድኣት ኣብ ዘይብሉ ህድኣት

ሂብካኒ
ናትኻ ምኧነይ የሐጒሰኒ'ሎ።

## 166) እንታይ ይሰኣነካ ድዩ፧

**_ተደጋጋሚ_**
<u>እንታይ ይሰኣነካ ድዩ እግዚኣብሔር፧ /4/ነገር ኵሉ ኣብ ቅድሜኻ ቀሊል (3) /2/።</u>

1. እዚ ዘይከኣል'ዩ ኦሮማይ ዝተባህለ ዘይሰገር ዓቢ ቀላይ
ኣነ ግና ሰጊረዮ፤ ኣምላኸይሲ እንታይ ይጨንቆ፧
ኵሉ ኣብ ኢዱ ኣብ ኢዱ'ዩ /2/ኵሉ ኣብ ኢዱ ኣብ ኢዱ'ዩ /2/

2. ካብ ሓዊ ምንጋፍ ናትካ እዩ ካብ ሞት ምትራፍ'ውን ናትካ እዩ ነፍሰይሲ ርእያትካ ገለ'ኳ ከም ዘይጨንቀካ
ስለዚ'ያ ተኽብረካ /2/ ስለዚ'ውንተምልኽካ /2/

3. ኣብ'ቲ ብርቱዕ ምንዋጽ ዘለዎ ነእምሮይ ሰላምካ ገዚእዎ <u>ለውሃትካ ይበልጽ ካብ ሕይወትድምጽኻ ኣለዎ ዕጋበት። /2/</u>

## 167) ከም ቃልካ ኣእምሮ ሃበኒ

**_ተደጋጋሚ_**
ከም ቃልካ ኣእምሮ ሃበኒ
ኣነ'ውን ብሕይወት ክነብር'የ። /2/

1. ብሕይወት ኪነብር ቃልካ'ውን ክሕሉ ትእዛዝካ ከኽብር ኣብ መንገደይ ኵሉ ኢየሱሰይ ነዓ ንውሉድካ ሓሉ
ካባኻ ርሒቐ መታን ከይዓሉ።

2. ንስጉምተይ ኣብ ቃልካ አጽንዓዮ ጸኒዐ ክርከብ ኣብቲ ናትካ ዕዮ ኢየሱሰይ ንዓ ልመናይ ስምዓዮ
ልበይ ንቓላት ምድኃንካ ይጽበዮ።

3. እቶም ንቓልካ ዘፍቅሩ ሰላም ኣለዎም
መንፈስ ቅዱስ እውን ይገዝእ ንልቦምኣብ ሕይወቶም ኵሉ ብርሃንካ ይመርሖም ንዘለዓለም ዓለም ትኸውን ዋልትኦም።

## 168) ኣበርትዓኒ ብመንፈስ

1. ኣብ ናይ ጽዮን ጉዕዞ ኣሎ ብርቱዕ ቃልሲ
   ሕይወተይ ዝጎሉ ምስ ድኅነት ናይነፍሲ
   ኣነ ኣይክእልን ብኢደይ ክዋጋእ ጐይታ
   ኣበርትዓኒ ብመንፈስካ ምጸእ
   ኃይሊ ሃብ ጐይታ ኢየሱስኃይሊ ሃብ
   ኃይሊ ሃብ ብመንፈስካ ንኽብርኻ።

2. ናይ ነፍሰይ ሃረርታ ፈላጢ ጉዳያንስኻ
   ኢኻ (ኢ)የሱስ ጐቦኣን እምባኣን
   ፍቕርኻ ይሕሸኒ ኩሉ ሓዲገ'የ
   ኢየሱሰይ ገጽካ ብሓቂ ናፊቐ
   ንዓ ምራሕ ንገዛኻ ንዓ ምራሕንዓ ምራሕ ንገዛኻ ኢየሱስ።

3. ተጐዓዝቲ ጽዮን ተስፋ ኣይትቑረጹ
   ኮረቢት ስንጭሮ ንኹሉ ስገሩ
   ንመስቀሉ ጊዝኩም ንቕድሚት ገስግሱ
   ስቓይኩም ኃሊፉ ምስ ኢየሱስ ክትነግሡ።
   መራሒኹም ኢየሱስ'ዩ መራሒኹምኣለኩም
   ኣብ ቅድሜኹም ኣጆኹም።

4. ጭንቂ እንተኾነ ናይ ሕይወት ጐቦታት
   ጐይታ ኢየሱስ ኣሎ ንጉሥ ናይ ነገሥታት
   ምጉርምራም ጸላኢ ንሽየጥቅዓካ ተዋጋኢ
   ኣምላኽ ዳዊት እንከሎካ።
   መራሒና ኢየሱስ'ዩ መራሒናኣሎና
   ኣብ ቅድሜና ኣይዞና።

## 169) ጌርካለይ ኢኻ 'ሞ ዓቢይ ነገር

***ተደጋጋሚ***

ጌርካለይ ኢኻ 'ሞ <u>ዓቢይ ነገር /2/</u> ጌርካለይ
ጌርካለይ ኢኻ 'ሞ <u>ሠናይ ነገር/</u>2/ ጌርካለይ። /2/

ኩሉ ምስጋናኻ ክነግር'የ ብልኩ
ከውርዮ ንሥራሕካ ከናፍረይ ከፈትኩ
<u>ዝገበርካዮ/ዝገበርካለይ እናተደራረበ</u>
<u>ክቖጽሮ ኣይከኣልኩን ብምስጋና ደምዲመ።</u>
/2/

***ተደጋጋሚ*** - ጌርካለይ ኢኻ 'ሞ ዓቢይ ነገር..

1. ጸላእተይ ሓፊሮም ንድኅሪት ተመልሱ
   ዝገበርካለይ ሠናይ ኩሉ እንዳረኣዩ ክሳዕ
   ወሰን ምድሪ ጓሲኻኒ እንዲኻ ብግዜ ብቦታ
   ኣይትውሰን ኢኻ።
   ኩሉ ምስጋናኻ .......

2. ብቐትሪ ዘማስን ሕማም ኣይፈራህኩን
   ብጸልማት ዝቐዝፍ ፌራ ኣይረኸበንንካብቲ
   ብመዓልቲ ዝውርወር ፍላጻ ካብ ስምባድ
   ለይቲ ሰዊርካኒ እንዲኻ።
   ኩሉ ምስጋናኻ.......

3. ኣብቲ ድምፂ ምስጋና ዘይብሉ ቦታካብ
   ልበይ ፈልፊሉ ፍቕሪ ምስጋናሓጐሰይ
   መሊኡ ክፍልፍል ከሎ ኣነ'ውን ንስምካ
   ብጽድቂ/ብኽብሪ ኣልዕሎ።
   ኩሉ ምስጋናኻ......

## 170) እግዚኣብሔር ኃይለይን ምድኃነይን'ዩ

1. ካብ ባርነት ሥጋ ኃራ ዘውጽኣኒ
   ብደሙ ሓጺቡ ናቱ ዝገብረኒ ኢየሱስ
   ክርስቶስ መድኃኒ ኣሎኒብኃጢኣተይ
   ክጠፍእ ከቶ ዘይኃድገኒ።

***ተደጋጋሚ***

እግዚኣብሔር ኃይለይን ምድኃነይን'ዩክዝምረሉ'የ
ኣምላኸይ መናገፍየይ'ዩ ከመስግኖ እየ። /2/

2. ጓሳይ ንሱ እዩ ንነፍሰይ ዘጎድኣ ኣቦይ
   ንሱ እዩ ዜውዕል ኣብ ሻኻዘይታኸስ
   ዘይሕለል ሓላዊ ኣሎኒ

ተመስገን ኦ ጐይታይ ኢየሱስ
መድኃኒ።

3. መንፈስ ቅዱስ መጸ ዚመርሕ ኣብኵሉ
ኃይሊ ናይ ኣመንቲ መዘና ዘይብሉ
ይወርድ ይመልእ ይመርሕ ናብ ጽድቂ
ጰራቅሊጦስ ንሱ'ዩ ጠበቓ ናይ
ብሓቂ።

## 171) መንገዲ እግዚኣብሔር ኣሰናድዉ

1. ጉድጓድ ዘበለ ኩሉ ይምላእ ጥውይዋይ
መገዲ ኩሉ ይቕናዕ እምባን ኩርባን ኩሉ
ለጥ ይበልሓባጥ ጐርባጥ ድማ ሰጥ
ይበል ።

***ተደጋጋሚ***

መንገዲ እግዚኣብሔር ኣሰናድዉ
ጐደናታቱ'ውን ኣቕንዑ፥
እናበለ ኣብ በረኻ ዝጭድር ድምፂ ዮሓንስእዩ።

2. ንንሥሓ ዚበቅዕ ፍረ ግበሩ
ኣብርሃም'ዩ ኣቦና ኢልኩም
ኣይትጠበሩ
ከመይሲ እግዚኣብሔር ነቦኹም
ንኣብርሃም
ካብ'ዚ ኣእማን እዚ ውሉድ
የተንሥኣሉ።

3. ካብ ኣምላኽ ዝመጸ ብኹለንትናኡ ካብ
ኃጢኣት ነጺሑ ምሉእ ብምሉኡጽቡቕ ፍረ
ዘይፈሪ ኩሉ ኪቘረጽ እዩናብ ሓዊ ገሃነም
ኪድርበ'ውን እዩ።

4. ስለዚ ጐይታና መሓረና ኢኻ
ንፍጡራትካ ራኅርኃልና ኢኻ
መንገዲ ሕይወት ሓብረና ኢኻ
ናተይ'ውን ኢኹም በለና ኢኻ።

## 172) ድምጺ መን'የ ዝሰምዕ ዘለኹ፧

***ተደጋጋሚ***

ድምጺ መን'የ ዝሰምዕ ዘለኹ፧
ፍቕሪ መን'ዩ ኽ ዝነደኒ ዘሎ፧
ነቒሔ ለኹ ንኽቕበሎ
እወ ንፍትወይ ክላዘቦ
ናይ ውሽጢ ልበይ ክነግሮ።

1. በቲ ሩባን ኩርባን ብዓወት ዘስገረኒ ኣብ
ልዕሊ ጸላእተይ ምልኪ ዝሃበኒ ፍጹም
ኣይተለወጠን ዘልዓለም ንሱ'ዩንእኡ ንገሩሉ
ነቲ ኣባይ ዝገበሮ።

2. ኣብ ማእከል ኣእዋም መሮር ንዝረኽብካኒ
ፈልፋሊ ማይ ሕይወት ኣስቲኻ ዘዕበኻኒ ኣብ
ማእከል ኣእሻኽ'ውን ዝተኸልካኒ ፍትወይ ርድኣኒ
እሾኽ ከይወግኣኒ።

3. ንስኻ ተስፋይ ኢኻ ዋልታይ ኢኻ ናይ
ዝበልኩ
ኣብ ስምካ እምንቶይ ኣጽኒዔ ናይ ዝሠረትኩብዘይ
ምኽንያት ዝጠልሙኒ ካብ ጨጉሪ ርእሰይ ይበዝሑ
ፍትወይ ንምንታይ'ዩ ሓሶቶም ዚነዝሑ፧

4. ቅብኢ ናይ መከራ መሊኡ ኣብ ኣእዳወይ መሊኡ
ኣንጀርቢቡ ኣንጠብጢቡ ኣብ ኣጻብዕይኣብ ልዕሊ
ቁስለይ ቁስሊ ዝውስኹኒ
እዚ ይኣኽለኒ'ዩ ፀሓይ ኣጸሊማትኒ።

5. ኣብ ማእከል ኣእዋም መሮር ንዝረኽብካኒ
ሩባታት ማይ ሕይወት ኣስቲኻ ዘዕበኻኒ ኣብ
ማእከል ኣእሻኽ'ውን ዝተኸልካኒ ፍትወይ ርድኣኒ
እሾኽ ከይወግኣኒ

## 173) ስምካ ኢየሱስይ

1. ጻድቕ ዚድኅነሉ ዚዕቀበሉ እኮ'ዩ
ስምካ ጐይታ (ኢ)የሱስ ጽኑዕ ግምቢ እዩ (2) ልብና
ኣዕሪፍና እንውከለሉ /2x/
ጸግዒ ዝኾነና ኢየሱሰይ ስምካ እዩ (2)

***ተደጋጋሚ***

ስምካ ስምካ የሱሰይ
ስምካ ከንጽው'ዖ ከንደይ ይጥዕም /2x/
መኣዛ'ለዎ ሕይወት ኣለዎ።

2. ስምካ'ዩ ዝፈስስ ዝፈስስ ቅብኢ ፍቕርኻ
ዚጥዕም ኣመና ካብ ወይኒ (2)

ቅብእኻ ኣብ ውሽጡ ዘለዎ ኃለፋ /2x/
ከማኻሲ የለን <u>ኢየሱስ ፍሉይ ኢኻ።</u> (2)

3. ንትንሓግካ ጥዑም ከም ወለላ መዓርስምካስ
ክንጽውዖ <u>ዚህበና ደሓን</u> (2)
ኣብ ትሕቲ ሰማይ ካልእ የሎን እንድኀነሉ /2x/ስምካ
ሕይወት'ዩ <u>ከቶ የሎን ከምኡ።</u> (2)

4. ትርንጎ መዓዛ ዝህብ'ዩ ፍቕርኻ
ከማኻስ የለን'ዩ (ኢ)የሱስ ፍቕሪ ኢኻ ፍቕሪእዩ ስምካ
ኣባኻ ኣጥቢቕና ክንከውን ኣብ ዳስካ /2x/
ብኣኻ ተመሲጥና <u>ክንነብር ምሳኻ።</u> (2)

## <u>174) ሠናይ ኣበሳሪ</u>

1. ተፈቃር ጥዑምን ሠናይ ኣበሳሪ ክብርኻ
ክግለጽ ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪነጊሥካ
ክትነብር ኣብ ዝፋንካ ብኽብሪንጽውዓካ ኣሎና
ሸግርና ክትኣሊ

<u>*ተደጋጋሚ*</u>
ንኃጥእ ደጋፊ፥ መንፈስ ቅዱስ
ናይ ፍቕሪ ኣምላኽ፥ መንፈስ ቅዱስ
ንድኹም ሓላዪ፥ መንፈስ ቅዱስ ጥዑም
ኣበሳሪ፥ መንፈስ ቅዱስ ኣይገልጾን ክብርኻ
ብቃላት ኣይበጽሖን ልሳና ብምልኣት
ፍጹም ጐይታ ናይ ሰማያት ተስፋን
መዕቆብን ንደቂ ሰባት።

2. ኦ ድኽመት ሰባት ዝተረድኣካ ውሽጣዊ
ድሌትና ኩሉ እና ፈጸምካ ናብ ማርያም
ብምኻድ ፍቕሪ ዝዘራእካሓግዘና ኢኻ
መንፈስ ቅዱስ ሓደራኻ።

3. ድሌትና'ዩ ጐይታ ክትሓድር ኣባና ብትንፋስ
ኣምላኽና ክትፍውስ ልባትናነሽነተግብሮ
ትእዛዝካ ባህ ኢሉና ጸጋኻን ኃይልኻን ሃበና
በጃኻ።

## <u>175) ምስጋና</u>

<u>*ተደጋጋሚ*</u>
ምስጋና ኣሃ... ኣሎኒ ምስጋና ሃሃ...
ትፈትዎ ኢኻ'ሞ ክዝምር'የ ጌና እልልታ
ኣሃ... ኣሎኒ እልልታ ሃሃ በይንኻ ውሰዶ
ኣንታ ለዋህ ጎይታ (2)

1. ንኸመስግነካ እትድርኸኒ
ብዙሕ ምኽንያት እዩ ኣብ ውሽጠይ ዘሎኒ
ብኹለንትናይ'ውን እንተኣምለኽኩኻ
ጌና ብዙሕ ኣሎ መዓስ ዓጊበካ፤

2. "ሰባት ጌሮሞ" ኢለ መዓስ ኣምሊኽካ፤ ኣብ
ውሽጠይ ኣሎ'ኳ ልበይ ዚፈልጠልካ
እንዳተነቀፍኩ እምበኣር ኣርቢሕካኒ ከኽብሮ'የ
ስምካ እግዚኣብሔር ክበር።

3. ንስምካ ምዝማር ምውዳስ ሠናይ'ዩ
ውሬታኻ ንዓይ'ሲ በዚኑ ገኒኑ ብጥዑም
ዝማሬ ብጥዑም ምስጋና ከኽብሮ'የ ኣነ'ስ
ክዝምር'የ ጌና።

4. ምስጋናይ ፈቲኻ ካብ ተቐበልካዮ እዚ'ዩ
ድሌተይ ንመን ደኣ ኢለዮ፤ ንስኻ
በይንኻ እንተኸቢርካለይ ካልእ
ኣይደልን'የ ንሱ'ዩ ድሌተይ።

ንኣምላኽ ኣብ መቕደሱ ኣመስግንዎኣብ
ጠፈር ሥልጣኑ ኣመስግንዎ ስለቲ
ግብርታት ኃይሉ ኣመስግንዎከም ብዝኂ
ዕቤቱ ኣመስግንዎ።

ብምስጋና ኣሃ ኣሃ ኣብ ኣጸድካ ከኣቱ'የ ግብርታትካ
ኦሆ ኦሆ ኩሉ ግዜ <u>ክነግር'የ</u> (4)(2)

ብድምጺ መለኸት ኣመስግንዎ ብበገናን
መሰንቆን ኣመስግንዎ ብከበሮን እልልታን
ኣመስግንዎ ብቃና ኣውታር'ውን
ኣመስግንዎ

ብምስጋና ኣሃ ኣሃ......

ብጥዑም ምስጋና ኣመስግንዎ ብድምጺ
ጸናጽል ኣመስግንዎ ብቃናን እምብልታን
ኣመስግንዎእስትንፋስ ዘለኩም
ኣመስግንዎ

ብምስጋና ኣሃ ኣሃ....

## 176) መመሊሱ'ዩ ዘዘምር

1. ብርሃን ምድኃንካ ኣርኢኻኒ
   ፍቕርኻ ተሰኪሙኒ
   ጉስነትካ ዓዚዙለይ ባህ ኢልዋ ነፍሰይ። (2)

   ***ተደጋጋሚ***
   ከመይ ጌረ ስቕ ክብል (2)መዓስ
   ኮይኑ ስቕ ዘብል መመሊሱ'ዩ
   ዘዘምር። (4)

2. ከም ኃያል ጅግና ኴንካ ምሳይ ስምካ
   እንድዩ ኮይኑ ጽኑዕ ግምበይ
   ዳስካ ኣጽሊሉኒ መከራይ ስቕ ክይትብልነፍሰይ። (2)

3. ሓልዮት ምሕረትካን ሓለዋኻንዘይስገር
   ኩነታት ኣሳጊርካ
   ኢየሱሰይ ምሳይ ምዃንካ ርእየያ ኢድካ። (2)

4. ምሳኻ ኮይነ ኣይጎደልኩንደልየዮ
   ገጽካ ኣይሰኣንኩን
   ኩሉ ግዜ ትርከበለይ በዓል ጽቡቐይ። (2)

## 177) ብፍቕርኻ'ዩ ኮይኑለይ

***ተደጋጋሚ***
ዓለም ከተሳጉገኒ ንዓይ ንበይነይ
ክጎብጡኒ ክጎዩ ክሕለል ኃይለይ ኣብ
በረኻ ኣብ ምድረ-በዳታት ክጎዩ.......
ኣብ ኣኽራን ጎቦታት።

1. ኣብ ኣፉፌት ሰማያዊ ባና ተጎልቢበ
   ብጻዕዳ ደበና ኣርሕወለይ ባብካ
   ክፈተለይ ሕቖፈኒ ድረዝ
   ንንብዓተይ/2/

   ዓለም ከተሳጉገኒ.....

2. ኦሮማይ ኣይናታን'የ ዓለም ኣዶናይ
   ኣሎኻኒ ኣብ ኣርያምነጺሐ ናብ
   ቤትካ ክኣቱ
   ሕጸበኒ ከም በረድ ክጽዕዱ። (2)

   ዓለም ከተሳጉጎኒ.....

1. ኮይኑለይ እዩ ኣባኻ ተመርኲሰ ጉዕዞይ
   ፈሊመዮ ንዓኻ ኣሚነ ኮይንካኒ እውን
   እሙን ከውሒ ንዓይፍቕርኻ ጀሚሩ
   ኪዛሪ ኣብ ልበይ።

   ብፍቕርኻ (2) እዩ ኮይኑለይ ብጸጋኻ
   (2) እዩ ኮይኑለይ። (2)

2. ብፍቕርኻ'ዩ ኮይኑለይ'ዚ ኹሉ
   ኣብ ነፍሰይ ክነብር መንፈስካ ኣጽሊሉ
   ብጸጋኻ'ዩ ኮይኑለይ'ዚ ኹሉ ኣዒንተይ
   ከፊተ ኩሉ ዝርእየሉ

   ብፍቕርኻ......

   ኩሉ ብኣኻ ኮይኑለይ (የሱሰይ...............የሱሰይ)
   ኩሉ ብስምካ ጥዒሙለይ (6)

## 178) ኣይፍለን'የ ኢየሱስ ካባኻ

1. ኣይኮነን'ዶ ሕጅስ ፈሊጠካ ክርሕቕ
   ከለኹ ካባኻ ምሕረትካን ፍቕርኻን
   ኣሳልዩኒእንሆ ኣብ ቤትካ
   ኣብጺሑኒ።

***ተደጋጋሚ***
ደጊም ኣይምለስን ንዓለም ናትካ
ኮይነ'የ ንዘልዓለም (2)
ኣይፍለን'የ (2) ኢየሱስ ካባኻሕጂስ
ጥዒመ'የ ፍቕርኻ። (2)

2. ኹሉ ጊዜ ናብራይ ክትቀብኣኒ
   ባዕልኻ ብቁኑዕ መሪሕካኒ ጸላኢ'ስ
   ፈቲኑ ከውድቀኒ ግና'ኸ ኢየሱሰይ
   ሓሊኻኒ።

3. 'ቲ ናይ ጸላም ጉዕዞ መንገደይ
   ሕጂስ ኣብቂዑ'ዩ ኣምላኸይ ማእለያ
   ዘይብሉ ሓልዮትካ ሕይወት
   ሂቡኒ'ዩ ንባርያኻ።

4. ንምውሳን ኣብየ ከቕብጸካ ብዙኅ
   ብኃጢኣተይ ከጉህየካ

ክንደይ ተሓሊልካ ጸዊዕካኒ ብምሕረትካ
ድማ ሓቑፍካኒ።

ዓለም ሥጋ ሰይጣን ገዲፍኩም
መድኃኒ ረኺበ ስዒረኩም። (2)
ኣይፍለይን'የ ....

5. ሕጂስ ፈሊጠካ ኣፍቂረካ መስቀለይ
ኣልዒለ ክስዕበካንርእሰይ ክኸሕድ
ንክብርኻ
ሕይወተይ ምርሓያ ከም ፍቓድካ።

ደጊም ኣይምለስን.....
ኣይፍለይን'የ ....

## 179) ኦ መንእሰይ ኣስተውዕል

***ተደጋጋሚ***
ኦ መንእሰይ ኣስተውዕል ሃዲእካእስከ
ሕሰብ ካበይ መጺእካ ናበይ
ትኸይድ እንዳረአኻ
ምሕረተይ ጠምቶ ኣስተውዕለሉ ኢኻ። (2)

1. ንቤተይ ንዒቕካ ጥንቆላ ኣሚንካ ዓይንኻ
ዓሚትካ ስራይ ተኸቲልካ "ኣምላኸይ
ኣምላኸይ" ትብለኒ ብኣፍካሰብ ኪፈትሖ
ሂብካዮ ንሸግርካ ኣይፋልካን ወደየ ቀናእ'የ
ኣምላኽካ ደጊምሲ ተመለስ ኣነ እኣኸለካ።

2. ብግብርኻ ንቤተይ ኣርኪስካ ብምሕረተይ
መሊስካ ሻዲንካ ንኹራ ደንጓዪ
ንምሕረት ቅልጡፍምኺነይ ረሲዕካ
ካባይ ዓሊኻ ንኸይተመኸኒ ቃለይ
ኣንቢብካ ንኸይትምለስ ልብኻ ሰዊርካ
ወደየ ተመለስ ምሕረት ክህበካ።

3. ወይልኻ ኣንታ እትፈርድ ወይልኻ
ብኣፍካ እትኹንን ነፍስኻ ንሲኦል
ኣይተድንን ዓይንኻ ዘሎ ገፈል
እንከይረአኻ ከመይ ኢልካ ትሪኢ
በሰር ኃውኻፀሓይን ብርሃንን
ከይጸልመቱኻ
ዘክሮ ንኣምላኽካ ጠምት መጻኢኻ።

ተመለስ ወደየ ብግዜኻ ኣይትጻወት
ሰይጣን ብኣኻ ከይዕወት
ጵባሕ'ሲ ናተይ እያ ናትካ ኣይኮነትን ክፉእ
ንኽትገብር ኢልካ ኣይተሓልን ካብቲ ቅዱስ
ቤተይ ቤት ስራይ ጥንቆላዓቢዩካ
ሰብ ክፈትሖ ኣብ ኃይሉ ኣሚንካ "ኣምላኸይ
ኣምላኸይ" እንዳበልካ ብኣፍካንቅዱስ ቤተይ
ብኃጢኣት ኣርኪስካ
ኣረ ክሳዕ መዓስ ኢኻ ብኸልተ እግርኻክትሕንክስ
ዘክሮ እባ ደመይ ምእንታኻ ኪፈስስ ግደፍ
ግደፍ እባ ወደየይ ተመለስኒድሌተይ
ኣይኮነን ክትርሕቀኒ "ኣምላኸይ ኣምላኸይ"
በለኒ ብልብኻብዘይካይ ካልእ ምልኪ
ኣይሃሉኻ ሽዑ'የ ዝኸብር ኣነ ብኣኻ። (2)

## 180) ስለምንታይ ንጉሂ፧

ማዕበላት በርቲዑ ከሸግረኒ ንድኻምነተይ
ተስፋ ከቑርጸኒ(2)

1. ኣምላኽካ ኣቤሎ እንዳበለ ጸላኢ
ለይትን መዓልትን ከጨንቐኒ
በቶም ጥቑዓት ኣባኻ ብተስፋ ዝጥምቱተስፋ
ሕይወተይ ብምሕረትካ'ዩ ኩሉ
ትዕግሥቲ ስኢነ መስቀለይ ከቢዱኒካባኻ
ክዓሉ ተስፋ ኣቑሪጹኒ
ኣቦየ ግን ፍቕርኻ ብጸጋ ከሊሉ ካብቲ
ናይ ጥፋት መንገደይ ስሒቡኣጽሊሉ
<u>ጓሳይ መታን ክኸውን ኣብ ደምበ</u>
<u>መጓሲኡ</u>
<u>የንብረኒ ብኽብሪ ብምሕረቱ ሓጺቡ።</u> (2)

***ተደጋጋሚ*** ስለምንታይ
ዝጉሂ ስለምንታይ'ከ
ዝህወኽ
ተስፋይ ኣብ ኣምላኽ ገረየ ቲ'
ልዑል ከመስግኖ'የ ። (2)

2. ማእለያ ዘይብሉ መከራ ከቢቡኒ ምርኣይ
ክሳብ ዝስእን በደለይ ኣርኪቡኒንነፍሰይ ናባኻ
ኣቢለ ምስ ኣማዕቆብኩ ባህ ኢሉኒ ብኽብርን
ብጸጋን ተኸለልኩ

ብኸናፍረይ ቕዱስ እንዳበልኩ ዕቤትካአዘንቱ
አለኹ አውሪዮ ሥራሕካ። (2)

ስለምንታይ ዝጉሂ.........

አ'ጐይታ ሕይወተይ ኲሉ ንስኻ ንገሡሉ ንጉሠይ
ንስኻ ኢኻ እሕጐስ ኣነ ብኣኻ። (2)

ኲሉንትናይ ንቕዱስ ስምካ
የመስግን ኣሎ ዘኪሩ ሠናይካ (2)

ስለምንታይ ዝጉሂ.........

## 181) ኣሎኒ ኣብ

በይነይ ኣይኮንኩን
ኣሎኒ ኣምላኽ ስለይ ዝሓሊ
ዘኽታም ኣይኮንኩን
ኣሎኒ ኣቦ ውሉደይ ዚብለኒ።

***ተደጋጋሚ***
ኣሎኒ ኣብ ስለይ ዚሓሊ ኣሎኒ
ኣብ ዘመነይ ዚባርኽኣሎኒ ኣብ
ዋልታ ዚዀነኒ ኣሎኒ ኣብ
ውሉደይ ዚብለኒ
ሠናየይ ዚደሊ ካብ ክፉእ ዚሕልወኒ
ስሙ ኤልሻዳይ'ዩ ቲ'ናይ ሕይወተይ መድኃኒ።

1. ኣባታዊ ፍቕሩ ፈጺሙ ዘይበቅቕ ከም ኣደ
ንውሉዳ ገይሩ'ዩ ዘሕንቕቕ
ተዓዲለ'የ ውሉድ ኣምላኽ ምኺነይ ዘድልየኒ
ኲሉ ባዕሉ ይሓልየለይ (2)ኣነስ አፍቕሮ'የ ነዚ
ልዑል ኣምላኽ ኃለፋ'ለዎ ንልበይ ዚማርኽ።
(2)

ኣሎኒ ኣብ ስለይ..........

2. ኮራኹር ኣናብስ ይስእኑን ይጠምዩን
ብኣምላኽ ተጸቢየ ገለ ኣይጎድለንን ተዓዲለ'የ
ዉሉድ ኣምላኽ ሙኺነይ ዘድልየኒ ኲሉ
ባዕሉ ይሓልየለይ (2)
ኣነስ የፍቕሮ'የ ነዚ ልዑል ኣምላኽሓለፋ'ለዎ
ንልበይ ዝማርኽ (2)

ኣሎኒ ኣብ ስለይ..........

ከናፍረይ'ውን ምስጋናኻ ይፍልፍላ እቲ
ፈትየ ዘቕርበልካ መስዋእቲ ኣፈይኣዝዩ ባህ
ይበልካ (2)
እቲ ፈትየ ዘቕርበልካ መስዋእቲ ኣፈይኣዝዩ
ባህ ይበልካ

ተባረኽ ልዕል በል ተመስገን ብዘየቋርጽ
ሓጐስ ተደሪኸ እዝምር (2)

ተባረኽ ልዕል በል ተመስገን
ብሓጎስ ተደሪኸ እዝምር (4)

## 182) ናትካ ብምኺነይ

1. ናባኻ ምስ መጻእኩ ፍጹም ኣይሓፈርኩንናባኻ
ቀሪበ ኲሉ ረኺበ (2)
ሓንቲ እኳ ኣይጎደልንን።

***ተደጋጋሚ***
ናትካ ብምኺነይ (2) ሰላም
ረኺበ ቅሳነት ረኺበዕረፍቲ
ረኺበ። (2)

2. ጸላኢ ሓሲቡ ኔሩ ከጥፋኣኒ
ግናኸ ኣይኮነሉን ንስኻ ተዋጊእካለይ
ዓወት ረኺበ
ናትካ ብምኺነይ።

3. ቅሳነት ዚኸልእ ንውሽጥኻ ዘማስን
መከራ ገጢሙኒ ግናኸ ሓሊፈዮ ብሓጐስ
ተቐቢለዮ
ሠናይ ኮይኑ ረኺበዮ።

4. ሰላም ናይ ሕይወተይ ብኣኻ ተሓልዩለይብኹሉ
ከመስግን ካባኻ'ዩ ኮይኑለይ (2) ኣይኮነን
ብኽእለተይ።

5. ዓለም ክትህቦ ሰላም ዘይትኽእልገለ
ከይከፈልኩ ብኸምኡ ረኺበዮብኸምኡ
ተዋሂቡኒ
ሓንቲ ከይከፈልኩ።

## 183) ክምካሕ እየ ብኣኻ

1. ብቡዙኅ ሓካይም ገንዘበይ ወዳእኩ ደመይ'ውን
   ገደደ ፈውሲ'ውን ሰኣንኩመድኅነይ
   ኪመጽእ ምስ ረኣኹ
   ክዳኑ ምትንካፍ መረጽኩ
   ምሕረት ካብ ኢየሱስ ደሌኹ(2) /2x/

***ተደጋጋሚ***
ክምካሕ እየ ክምካሕ ክምካሕ
እየ ብኣኻ (2)
ስምካ ጸዊዐ ናባኻ ጠሚተ
ብኣኻ ኩሉ ክሰግሮ'የ። (2)

2. ንነዊሕ ዓመታት 'ቲ ቃንዛይ በዚኑ ብውሽጠይ
   ክርስቶስ ክረክብ መረጽኩናብ ጐይታ
   ጸሎተይ'ውን ኣብጸሕኩ
   ብማዕዶ ኢየሲስ ረኤኹ ብእምነት'ውን
   ናብኡ ቀረብኩ። (2)

3. ብኢደይ በረኸት ናይ ኢየሱስ ሰረቕኩ ብውሽጠይ
   ፈራሕኩ ነፍሰይ'ውን ረዓድኩ"ኣጆኺ" ዚብለኒ
   ቃል ሰማዕኩ
   እምነተይ ኣዝዩ መሊኡ
   ፈውሲ ብክርስቶስ ረኺብኩ(2) /2x/

4. ክምካሕ ብኣኻ ክጽውዕ ንስምካ ፍቕርኻን
   ሓልዮትካን ነፍሰይ ክማርኻበጺሒካኒ
   ብሠናይ ለውሃትካ
   ተመስገን ንዓኻ ምርካበይ ክውድስ
   ንምሉእ ዘመነይ። (2)

## 184) ሠናይካ'ዩ ዘሰንየኒ

1. ኣብዚ ሕሉፍ ዕምረይ ዘሕለፍክዎላዕልን
   ታሕትን ኢለ ዘጥረኽዎ ሓደ እኳ
   ኣይወነንኩን ባህ ዝብለኒስሰዐ ኣዒንተይ
   ኀልቢቡኒ።
   እንትርፎ ክሳራ'ምበር የለን መኽሰብ
   ብምባል ንብሕተይ እንክሓስብ ሃንደበት
   መንገድኻ ረኺብክዎ ጉዕዞይ ክፍልም
   እግረይ ኣንበርክዎ።

***ተደጋጋሚ***
ፀሓይ በሪቓ ክሳብ እትሃትፍ
ሃቲፋ ድማ ክሳብ እትቕልቀልለካ
ሠናይካ'ዩ ዘሰንየኒ
ለይትን ቀትርን መንገደይ ዚመርሓኒ።

2. ናይ እምነት መንገደይ ስኢነዮየማን
   ጸጋም በልኩ ክለልዮ ምንባር ኣብዚ
   ዓለም ኣጽሊኡኒጣዕሳ ኮይኑ
   መግበይ መሪሩኒ።
   ሳላኻ ግን ሳላ ኃያል የሱሰይ
   በኣኻ'ወ ተሓዲሱ መንፈሰይ
   ካብ ማሕዩር ዓዘቕቲ ሞት ኣውጺእካኒ
   እነኹ'ኳ እዝምር ባህ ኢሉኒ።

3. ዕላማ ምፍጣረይ ኣቕለብኩሉ (ኢ)የሱስ
   ከም ንጉሠይ ኣመንኩሉእንካብ ሽዑ
   ልበይ ተሓጒሳ ንእኡ ተመስግን
   መመሊሳ
   እንቛዕ እኳ ኣይኮነት ኣብ ዕርበቱ
   ሕይወተይ ምስ ጠፍኣት ብኸንቱብኣጋ
   ኣድኂንዋ መድኃንየይ ስለዚ ይመስገኖ
   ፈጣርየይ።

## 185) ንስኻ ደገፈይ ኩነኒ

1. ይኾነኒ ኢለ ዝተደገፍኩዎ
   ሻምብቆ ኮይኑ ረኺበዮ ደጊም
   ይኣኽለኒ (3) ንስኻ ደገፈይ
   ኩነኒ። (2)

***ተደጋጋሚ***
ኣነ ብዘይ ብኣኻ እንታይ'ዶ ኣሎኒ እዩ፧ (2)
ንስኻ/ ኢየሱሰይ ኢኻ ኩሉ ጽቡቐይ
ንስኻ/ ኢየሱሰይ ኢኻ ሠናይ ዝብሎ ናተይ
ኢየሱሰይ ኢኻ ጽቡቓ ሕይወተይ።

2. ንዓኻ ፈልፋሊ ማይ ሕይወት ሓዲገ
   ሓጽብታት ክደሊ ክርተት ኢለ
   ሕጂ ግን ናባኻ ክምለስ (2) ዝደኸመ
   ሕይወተይ ኪሕደስ። (2)

3. ጻዕሪ ናብ ካልኦት ዝጐዩ ኪበዝኅ'ዩ
   ድኻሞም ኣጸቢቑ ኪውስኽ'ዩ
   ኣነ ግን ናባኻ ክኀይይ ክቐርብ ብመንፈስካ
   ውሽጠይ ክዓግብ። (2)

4. ኣኽሊል ክብረይ ኢኻ ዘውዲ
ስልማተይ
ኣብ ጸልማት ብርሃነይ ቀንዴለይ ኣብ
እርግናይ ኃይለይ <u>ምርኩሰይ</u> (2)ኣብ ጸበባ
ፍጡን ረዲኤተይ። (2)

ኣነ ብዘይ ብኣኻ እንታይ'ዶ ኣሎኒ እዩ፧ (2)
ኢየሱሰይ ኢኻ ኩሉ ጽቡቐይ
ኢየሱሰይ ኢኻ ደገፋ ሕይወተይ ኢየሱሰይ
ኢኻ ምርኩሳ ሕይወተይ።

## 186) ቅዱስ ሓዊ እዩ

1. ሕይወትካ ካብ ኣዕዋፍ ሰማይዝበለጸት
ብዋጋ ደም ጐይታ ዝተረኸበት ብበረኸትን
ጸጋን ዝተኸበት ክትረክብ እያ ዓሰቢ ናይ
ዓወት። (2)

***ተደጋጋሚ***
ቅዱስ ሓዊ እዩ እህህታኻ
ቅዱስ ሓዊ እዩ ዝቀርጸልካ
ቅዱስ ሓዊ እዩ ምጽባይካ
ቅዱስ ሓዊ እዩ ዘንድደካወርቂ
ምኽንካ ትነግረሉ ክቡር
ኣቕሓ'የ እትብለሉ እናነደድካ
ዘይትሓረሉ
እኳ ድኣ ትኹልዓሉ....
ቅዱስ ሓዊ እዩ

2. ዝለመንካዮ እንተ ዘይረኸብካኣዝዩ
እንተ ነውሐ ምጽባይካ
እቲ እሙን ጐይታ ካብቲ ትሓስቦ
ኣዝዩ ዚበልጽ ቀሪቡልካ ኣሎ። (2)

3. መቕጻዕትኻ ንሠናይካ እዩ ምስ'ዛ
ዓለም ከይትኹነን'ዩ እሙን
ምኽንካ መረጋገጺ ከም ዘለካ
ፈቃር ወላዲ። (2)

4. ሰላም ሕይወትካ እንተ ተዘርገ
ኣብ ክንዲ ጽቡቕ ክፉእ እንተ በዝኀሰብ
ዘይብልካ እንተ መሰለካ
ንሰብ ዝፈጠረ ኣሎ ምሳኻ። (2)

## 187) ድንቂ'ዩ ነዓይ ጐይታ

***ተደጋጋሚ***
ድንቂ'ዩ ነዓይ ጐይታ ድንቂ'ዩ ነዓይ ኢየሱስዕሽነት
ተመሰላ ዓለም ድንቂ'ዩ ነዓይ ንዘለዓለም።

1. ዝና ኮነ ኃይሊ መልክዕ ምስ ጥዕናዘመድ
እንተ ብዝሃ 'ተተኣከበ ሃብቲኩሉ
ሓላፋይ'ዩ ከም ግመ ጠፋኢ
ናይ እግዚኣብሔር ፍቕሪ ዘለዓለምነባሪ።

2. ብነደቕቲ ዝተናዕቀ እቲ ርእሲ
ማዕዝን
ነዓይ ግና ድንቂ'ዩ ፈቃር ጐይታመድኅን
ዕሽነት 'ተመሰለ ረብሓ ዘይርከቦ
ነዓይ ንድኹም ግና ንሱ ኮይኑኒ ኣቦ።

3. ዓሻ እናበሉ እንተላገጹለይ
ተመለስ እንተ በሉ ዋጋ ከምዘይብለይ
ኣይደልን ኢለየ ኣይትረብሹኒ (ኢ)የሱስ
ይሕሸኒ 'ቲ ድንቂ መድኃኒ።

4. ካብ ጭንቀት መከራ እቲ ዘዕርፈኒ ኣብ
ልሙዕ ሸኻ'ውን ነዓይ ዘኀድረኒናብ መንገዲ
ሕይወት እቲ ዚመርሓኒኢየሱስ ጐይታ'ዩ
ነዓይ ዚሕሸኒ።

5. ዓሠርተ ኽልተ ዓመት ደመይ ዝፈሰሰሠላሳን
ሸሞንተን ዓመት ኣእጋረይ ዝለመሰ
ሎሚ ተፈዊሰ ክዳኑ ዳህሲሰ እነኹ
እዘልል ብስሙ ተሓዲሰ።

## 188) ቅዱስ እግዚኣብሔር

1. ቅዱስ (3) እግዚኣብሔር
ብቕድስናኻ ትነብር ክቡር
(3) እግዚኣብሔር ኣብ ክቡር
ቦታ ትነብር።

_**ተደጋጋሚ**_ ሃሌ
ሉያ (3)
አምልኽካ እባርኽካ ኢየሱስ
እሰግደልካ ብፍታወይ እግዝኣካ /
አገልግለካ።

2. ወዳጆ (2) መዓሙቕ ኣምላኽ ክንደይ
   ዘይምርመር ፍቕርኻ ብምሕረት
   ብሣህሊ ምሉእ ኢኻጐይታ ይግብኣካ
   ዕልልታ።

3. ምስጋና (3) ነዓኻ
   ናይ ይሁዳ ኣንበሳ ኢኻ ኣብ
   ሰማይ ኣብ ምድሪ ምሉእ
   ምልኪ ዘሎካ
   ኦ ሃሌ ሉያ ክበር ኢኻ።

## 189) ንስኻ ኢኻ ጐይታይ

1. ኣብ ሕይወተይ ካብ ዝወሰንክዎኩሉ
   ሳዕ'ውን ዘሕጉሰኒ
   እታ ንጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ <u>"ንስኻ
   ኢኻ ጐይታ"</u> ዝበልኩላ <u>"ንስኻ ጐይታ"
   ዝበልኩላ ኢ. ሃ. ሃ</u>።(2)

ኣቤት (4) ሓጐስ
እንኳዕ ኣይትርእዩኒ ዘለኽዎ
ኣቤት (4) ደስታ
እንተ ትርእይዎ ናይ ሕይወተይ ባህታ
<u>ሕይወተይ ትህብ ኣላ ምስክርነታ</u> <u>ዝተገብረላ
ድንቂ ተግባር ኣምላኻ</u> (2)
<u>ተግባር ኣምላኻ</u> (2)
ትምስክር ኣላ ተግባር ኣምላኻ
<u>ተግባር ኣምላኻ</u> (2)
ትዕልል ኣላ ተግባር ኣምላኻ።

2. ኢየሱሰይ ምስ ረኸብኩ ልበይ ዓረፈ ናብኡ
   ምስ ቀረብኩ ተለዊጡ ዘመነይኩነታት
   ዘይግድሶ እቲ ናተይ ኣምላኸካብ ሓዘን
   ናብ ሓጐስ
   ካብ ጸበባ ናብ ራህዋ
   ኣሰጋጊሩኒ ኢየሱስ
   ክሳብ ሎሚ ሓለዋ ንሕይወተይ።

3. ካብ ጥንቲ ብዛዕባኻ ሰሚዔ ነይረ
   ሕጂ ግን ርእየካ ፍቅርኻ ጥዒመ ጐይታየ ኣብ
   ልበይ ዝንበርካዮ ብርሃንሰላመይ በዚጐ
   ክንቱነተይ ኣብቂዑ ዘመነይ ተቐይሩ
   ዕረፍቲ ኮይኑለይ (ኢ)የሱስ ኮይኑ
   ጐይታይ።

## 190) ንስኻ ጥራይ ትሕሸኒ

1. ሃዲመ ዝዕቆበካ ኣምላኸይ
   ንስኻ ኢኻበይንኻ ደገፈይ
   ኢኻ
   የብለይን ኢየሱስ ብዘይካኻ (2)

_**ተደጋጋሚ**_
ንስኻ ጥራይ ትሕሸኒ ተጸጊዐካ
ዘይተኀፍረኒ ዋልታን ሰይፊ ሓበንን
ትኾነኒንስኻ ጥራይ ትበልጸኒ
ተወኪለካ ዘይተኀፍረኒ
ዋልታን ሰይፊ ሓበንን ትኾነኒ።

2. ዓሪፈ እነብር ብኣኻ ዘድልየኒ
   ኩሉ እረክብ ካባኻኩሉን
   ብኹሉን ካብ ኮንካኒ
   እንታይ ኣሎ ኣብ ምድሪ ዘድልየኒ፧ (2)

3. መጸናንዒ ኣምላኽ ኢኻ መዘና
   የብልካን ፍሉይ ኢኻኣባኻ
   ተወኪሉ ዝኃፈረ፧ መን'ዩ እሞ
   ዝኸሰረ፧
   ከቶ የልቦን ዝተሳዕረ።

_**ተደጋጋሚ**_
ኢየሱሰይ ጥራይ ትሕሸኒተጸጊዐካ
ተጸግዓኒ
ዋልታን ሰይፊ ሓበንን ትኾነኒ
ኢየሱሰይ ጥራይ ትኣኽለኒ
ተወኪለካ ዘይተኀፍረኒ
ዋልታን ሰይፊ ሓበንን ትኾነኒ።

4. ኣባኻ ተጸጊዑ ዝኃፈረ ኣይረአኹን
   ኢየሱስ ዝተሳዕረኣነ'ውን ኣባኻ
   ተወኪለ
   ክስዕር እየ ጸላእተይ ዓብሊለ። (2)

## 191) ብምስጋና ክዛዝሞ

1. ኃጢኣተይ ከይጸብጸብካ ሕይወትካ
   ኣሕሊፍካለይ
   ኣርዑተይ ንክቕንጠጥ ደምካ
   ኣፍሲስካለይ
   በደለይ ከይቆጸርካ ንንጉሥ ሽምካኒወለዶይ
   ንኺቕጽል ንዓይ ባረኽካኒ።

***ተደጋጋሚ***
ንውዕለትካ ብምንታይ ከመልሶ፧
ብምስጋና ንኹሉ ክዛዝሞ ዘይውዳእ
እቲ ውህበት ናትካ ኣምላኽ ሰማይ
ተመስገን እብለካንውዕለትካ
ብምንታይ ክገልጾ ብምስጋና ንኹሉ
ክዛዝሞ ዘይግለጽ ብቓላት ናይ ምድሪ
ኣምላኽ ሰማይ እህበካ ክብሪ ተመስገን
(4)
ተባረኽ (4)
ልዕል በል (4)

2. ክኽሕደካ ከለኹ ኣብ ጎነይ ነበርካ ስቐልዎ
   እናበልኩ ምሕረትካ ኣብዚኅካእታ ናይ
   ክብሪ መፍትሕ ተዋሂበ ኣብኢደይ
   ኩሉ ጸጽቡቑ ቀሪብካ ኣብ ቅድመይ።

3. ንብዙኅ ዓመታት ደመይ እናዛረየክዳንካ
   ምስ ተንከፍኩ ብቕጽበት'የሓውየ
   ሕይወት ምስ ተረፋ ተዋሂበ ነዓይ
   ጽውኣይ መሊኡ`ሎ ተቐበል ምስጋናይ።

## 192) ተቢዐ'የ

1. ሃንደበት መንፈስ ቅዱስ ምስ መጸኒ
   ውሽጠይ ተሓደሰ ሓጐስ መልኣኒ <u>ፈሪሐ</u>
   <u>ዝነበርኩ ቤተይ ተሸጕጠ</u>
   <u>ክዓዩ ጀመርኩ ፍርሐይ ተቐንጠጠ።</u> (2)
   ዝብል ዝነበርኩ ኣይፈልጦን'የ ንኢየሱስ
   ንዕለቱ በልኩ ንሱ'ዩ 'ቲ ንጉሥ
   ተነሥሑ ክብል ወግሐ ጸብሐ
   ስሙ ንክውሪ ልሣነይ ተፈትሐ።

***ተደጋጋሚ***
ተቢዐ'የ (3)
ተሓዲሰ (2) ኣነ ተሓዲሰ ተለዊጠ
<u>ብመንፈስ ቅዱስ።</u> (4)

2. ንርሑቕ ክጥምት ኣብ ዝሓለንኩሉ ተስፋይ
   ቅሂሙ ምቕሳን ዝሰኣንኩሉ <u>መንፈስ ቅዱስ መጸ</u>
   <u>ኣብዚ እነኹ ኢሉ</u> <u>ልበይ ብዘይካ ትብዓት</u>
   <u>ካልእ ሰኣንኩሉ።</u>(2)
   ክጽውዕ ጀሚረ ንስሙ ብትብዓትሓድሽ
   ፍጥረት ኮይነ'የ ደጊም የለንንብዓት
   ገለ ከይኃዝኩ ኣብ ኢደይ ስዒረብኹርዓት
   ካብ ሰብ ዘይኮነስ ካብ መንፈስ'ዩጽንዓት።

## 193) ኣሠራርሓኺ

1. ፍሉይ'ዩ ተግባርካ ምኺኑ ሥራሕካ
   ካብ ርሑቕ ናባኻ መጺአ ርእየ ተኣምርካካብቲ
   ዝገመትክዎ ዓጸፋ ኮይኑኒ
   ውነይ ተመሲጡ ሥራሕካ ማሪኹኒ። (2)

***ተደጋጋሚ***
ኣሠራርሓኺ <u>ኣዝዩ ዚገርመኒ</u> (2) ተመስገን
ኣሠራርሓኺ <u>ኣዝዩ ዚደንቀኒ</u> (2) ተባረኽ
ተመስገን (4) ተባረኽ (4)

2. ካብ ሰለሙን ትበልጽ ትዓቢ ኣዚኻ ምዕሩግ
   ውቃበኻ ኃለፋ ኣሎኻ ተግባር ናይ
   ኣእዳውካ ባህ'ዩ ዘብለኒ ክሓስቦ ከለኹ
   እድነቕ ይገርመኒ። (2)

ዘገርም እንተሎ <u>ሥራሕካ'ዩ ዘገርም</u> (2) ዘደንቕ
እንተሎ <u>ተግባርካ'ዩ ዘደንቕ</u> (2) (2)

ተመሊአ ብምግራም ብዘገርም ሥራሕካ ተመሲጠ
ብምድናቕ ብዘደንቕ ተግባርካ ክጥዕም 'ዚ መቕደስካ
ንነፍሰይ ዝገበርካዮትብል ትዝምር ኣላ ሃሌ ሃሌ
ሉያ

ኣሠራርሓኻ . . .

ኣይጸግብን (2) ደጊመ እንተ ዘመርኩ
ኣይደክምን ኣይሕለልን
ኣይጸግብን (2) ደጊመ እንተ ሰዋዕኩ
ኣይደክምን ኣይሕለልን።

## 194) ኣዝዩ መቒሩኒ

ተጌሩለይ'ዩ ዓቢ ነገር ክዝምርየ
ተጌሩለይ'ዩ ሠናይ ነገር ከመስግንየ
ዝሃብካኒ ጸጋ ምስ በረኸት
ከዕልል ክዝምር ኣብ ናትካ ቤት
ብሕይወት ክሳብ ዘለኹ ንኣምላኸይ ክዝምረሉ።

1. ኣብቲ ፍሹል ጉዕዞ ናይ ሕይወተይዳህን
   ጣዕሳን ዝመልኦ መንገደይ ናባኻ ክቐርብ
   ጸዊዕካኒ
   እነኹ'ኹ እዝምር ባህ ኢሉኒ። (2)

*ተደጋጋሚ*
ኣዝዩ መቁሩኒ ጐይታይ ሕይወተይክዝምርየ
ክጭድር ሰሲኑ ዓወተይ
ብኣኻየ ረኺበ ሓጐስ ልበይ ውሽጢ ውሽጠይ ከቢቡኒ'ሎ
ፍቕሩ ኣብ ልበይ ኽበረለይ ንገሠለይ።

2. ማዕበል ተበርትዐ ከስጥመኒ ናብ
   ዘብሎ ስኢነ ክጨንቀኒ ብተኣምር
   ግብርኻ ጸጥ ተብሎ
   ከምቲ ንስኻ ትገብሮስ መን ይኽእሎ፤(2)

3. እንታይነትካ ኩሉ መርሚረዮ ምሳኻን
   ብዘይ ብኣኻን ፈትሸዮምጽጋዕ
   ኣባኻ'ዩ መኸሰበይ
   ሕሹኽታይ ትሰምዕ ድልየት ልበይ። (2)

4. ጸረይ ዘራግፈሉ ናይ ዝባነይ
   ኣብ ቤትካ'የ ረኺበ ሓጐስ ልበይእነብር
   ኣለኹ ኣብ ሑቕፍኻ እናስተማቐርክዎ
   ፍቕርኻ። (2)

## 195) እግዚኣብሔር ሰላምና'ዩ

1. ኩሉ ብርኪ ዚሰግደሉ ረማዕ
   ገማዕ'ውን ዚብለሉ
   ኣቱም ሕዝቢ ኣመስግኑ
   ንኣምላኽና ዓልልሉ። (2)

*ተደጋጋሚ*
እግዚኣብሔር ሰላምና'ዩ 'ሞ
ንእግዚኣብሔር ክብሪ ንሃቦ
እግዚኣብሔር ኣምላኽና'ዩ 'ሞ
ብምስጋና ልዕል ነብሎ። (2)

2. ብምሕረቱ ዝጠመተና ኣብ
   ኣእዳዉ ዝወቀጠና ዕዳ ከፊሉ
   ሕይወት ሂቡና
   ይውሕዶ'ኹ ስብሓት ምስጋና። (2)

3. እቲ ሓሲሩ ዘኽበረና ርእሲ
   መዓዝን ዝገበረና ቀጽርታትና
   ኣብ ዓይኑ'ዩ
   ሓላዊና ኣይታኽስን'ዩ። (2)

4. ልሣናትና ሰሓቕ ዕልልታ ልባትና'ውን
   ሓጐስ ምስ ደስታዘንጀርበበ ድንቂ
   ጐይታ'ዩ
   ኣብ ዘመናት መስተንክር ሥርሑ። (2)

## 196) ክበረለይ

1. ኣሎኒ ዝብሎ ዝምክሓሉኣብ
   ሕይወተይ ዝንየተሉ
   ብመንጽር ኩሉ ሠናይ ግብርኻ ኣይበቕዕን'ዩ
   ፍጹም ንዓኻ ውኂዱካ።

*ተደጋጋሚ* ንገሠለይ
ክበረለይ
ልዕል በለለይ ተባረኽለይ
ንዓይ ፍሉይ'ዩ ዝገበርካለይ። (2)

2. እንተ በለኩ ልዕል በለለይእንተ
   በለኩ ንገሠለይ
   ኩሉ እንድዩ ዝብሎ ዘስተንትኖ
   እደሊ'ለኹ ልዕሊኡ እንተሎ ሰብ ዘይበሎ።

3. ክግዝኣካ'የ ብምሉእ ልበይ ብኣኻ
   ይድነቕ ሃመይ ቀልበይኩሉ ሓሳበይ
   ብኣኻ ይዕዘም ምሳኻ'ለኹ
   ንዘልኣለም። (2)
   እንተ በለኩ ክበረለይ

እንተ በለኩ ተባረኸለይ ምስቲ
ዘይድፈር ዓቢ ግርማኻከመይ'ሉ
ይዳረግ

ጐይታይ ንዓኻ ምስቲ ዝናኻ፤

4. ግና ንሕጂ ኣብ ልበይ ዘሎ
ተቐበለኒ ልበይ ዝኽእሎ ክሳብ
ዝበቕዕ ንምስጋናኻ

ልዕል በለለይ ንገሠለይ ተባረኽ ኢኻ።

ንገሠልና ክበረልና
ልዕል በለልና ተባረኽልና ንዓና
ፍሉይ'ዩ ዝገበርካልና።

## 197) ኣነ'ሞ ከመይ ኢለ፤

1. ኣነ'ሞ ከመይ ኢለ ካብ ቤትካ
ክኹብልል፤
ከም ዓሣ ብዘይ ባሕሪ'ዩ ሕይወተይ
ዝምሰል
እንታይ'ከ እንታይ (2) ምኾንኩ እንድዒ ቃንዛ
ውሽጢ ልበይ ኣይምረኸበን ሰማዒ።

ስለዚ ይሕሸኒ ጐይታይ ኣብ ሕቝፍኻ
ኣበይ'ከ ክረክብ ዚመስል ነዓኻ፤ (2)

2. ንጉሥ እንተ በልኩኻ ናይ መዓሙቕልበይ
እዝስ ውሒዱካ ዝያድኡ ኢኻ ነዓይ
ዓቕመይ ደሪቱኒ ውዕለትካ ከዘንቱ ሓሳብ
ስኢነሉ ንሥናይካ ነናቱ

ኦ ጐይታ ዘልኣለም ንጉሥ ናይ ነገሥታት ከማኻስ
ኣይርከብን ዕዉት ካብ ዕዉታት። (2)

3. መን'ዩ ካብ ዓይንኻ ንኻልኢት ዝኽወልመን'ከ
እዩ ኣብ ቅድሜኻ ብድፍረት ደው ዚብል
ኣነስ መሪጸካ ኽትከውን ጠበቓይ በሰር
ዓይነይ ክትኣሊ ደላዪ ጽቡቕይ

ኣሚነ መሪጸካ ናተይ ክትኮነለይ

ሕይወተይ ወፍየልካ ንምሉእ መዋእለይ። (2)

## 198) *መደምደታ ግበረሉ*

1. መኻን ተባሂለ ብኣጋር ክነዓቕቅልዓ
ተባሂለ ብሳኣል ክሰሓቕ

ክሳብ መዓስ እዩ (ኢ.)የሱስ ጠምተኒ ናይ
ኩሉ ሽግረይ መፍትሒ ኩነኒ። (2)

***ተደጋጋሚ***

*መደምደምታ ግበረሉ ግበረሉ ንሽግረይ*
*መደምደምታ ግበረሉ ግበረሉ ንጭንቀተይ*
*መደምደምታ ግበረሉ ግበረሉ ንድኻመይ*
*መደምደምታ ግበረሉ ግበረሉ ንንብዓተይ*

2. ረዳኢ ከምዘይብለይ እንዳሓዘንኩ ለይቲ ምስ
መዓልቲ ንብዓት ተቐለብኩዝተሰብረ ጐነይ
(ኢ.)የሱስ ዘንነኒ

ብኃይሊ መንፈስካ ቁስለይ ስፈፊኒ። (2)

3. ኣመል መጻወድያ ከጻውደለይ ደሊላ
ቅሳነት ክትከልኣ ንሕይወተይኣይትግደፈኒ
(ኢ.)የሱሰይ ሕደራኻ ኣይምለስን'የ ኣፍቂረ
ንዓኻ። (2)

4. ኣብቲ ኣብ ጽምዋ ባድማ በረኻ ሕይወተይ
ትጽበ ኣላ ንመንፈስካ
ከመስግነካ'የ ብጸላእተይ እንዳ ተናዓቕኩ
ክዝምረልካ'የ እልል እንዳበልኩ። (2)

ኦ ኣቦይ ንሽግረይ ርኤንድኻመይ ከኣ
ሓግዝ
ኦ ኣቦይ ንጭንቀተይ ፈውስ
ንንብዓተይ ድማ ድረዝ ። (2)

# ሓጸርቲ መዝሙር

## 1) በእላፋት ቅዱሳን ተኸቢብካ

በእላፋት ቅዱሳን ተኸቢብካ ቅዱስ
ቅዱስ እናበሉ ይሰግዱልካ
ብምሉእ ኃይሎም ይንብርከኹ ኣብ ቅድሜኻብጥዑም
ዝደሃዩ ዜማ የዚሙልካ።

ንሕና'ውን ኦ ኣምላኽና ነኽብረካ ፍግም
ኢልና ንሰግድ ኣብ ቅድሜኻኣንታ ንስኻስ
እምበር ዓቢ ኢኻ
ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ምልኪ'ሎካ።

## 2) ናብ እግዚኣብሔር ተመለስ

እቲ ዘይእዙዝ ዓለወኛ ሕዝቢ ኢዱ
ዚዝርግሕ ምሉእ መዓልቲምሕረተኛ
ኣምላኽ ሓዳግ ኣበሳይጽበየካ ኣሎ
እንተ ተመለስካ።

**ተደጋጋሚ**
ተመለስ ናብ'ቲ ኩሉ ዚኽእል ተመለስ
ተመለስ ናብ    እግዚኣብሔር ተመለስ።

## 3) ኦ እግዚኣብሔር ጸሎተይ ስማዕ

ኦ እግዚኣብሔር ጸሎተይ ስማዕ
ፈውሰኒ ሕጸበኒ ኣንጽሓኒ ኣዒንተይ
ከፈተለይ
ንዓኻ ኣምስለኒ
ዶባት ልባተይ ኣስፍሓለይ።

## 4) ይቕረ በል ኃጢኣትና

ኃጢኣትናን ኃጢኣት ሕዝብናን ንእመንኣሎና
ኃጢኣት ቤት ኣቦናን ኃጢኣት ሕዝብናን
ንእመን ኣሎና

ኦ. ... ሆሆሆ    ርድኣና /4/
ናባኻ ንምለስ ኣብ እግርኻ ንወድቕ፥ንእመን
ኣሎና
ናባኻ ንምለስ ኣብ እግርኻ ንወድቕ፥ይቕረ
በል ኃጢኣትና።

## 5) እግዚኣብሔር'ሲ ዓቢይ ነገር ገይሩለይ'ዩ

እግዚኣብሔር'ሲ ዓቢ ነገር ገይሩለይ'ዩ
እግዚኣብሔር'ሲ ሠናይ ነገር ገይሩለይ'ዩ /2/

መን'ሞ ኣሎ ከምዚ ናተይ ዝተገብረሉ ሠናይመን'ሞ
ኣሎ ከምዚ ናተይ ዝተገብረሉ ምሕረት።

## 6) ኣብ እግዚኣብሔር ተስፋ ምግባር

ኣብ እግዚኣብሔር ተስፋ ምግባር ሠናይ'ዩኩሉ
ነገር ናይ ከንቱነት ከንቱ'ዩ እግዚኣብሔር ግና
ፍቅሪ'ዩ
እግዚኣብሔር ግና መጸናንዒ እዩ።

## 7) ኣዚኻ ዓቢይ ኢኻ

ኣዚኻ ዓቢይ ኢኻ
መወዳድርቲ ዘይብልካ
ዝፋን መንግሥትኻ ሓቅን ቅንዕናን ዝኾነንስኻ
ኢኻ ጐይታ።

## 8) እግዚኣብሔር ጓሳይየይ እዩ

እግዚኣብሔር ጓሳይየይ እዩ፥ ዝጎድለኒ
የብለይኒ
ኣብ ልሙዕ ሻኻ የውዕለኒ፥ ኣብ
ዝዓርፈሉ ማይ ይመርሓኒ፥ንሱ
ንነፍሰይ የህድኣ፥ ብመንገዲ ጽድቂ
ይመርሓ።

## 9) ኣሜን ይበሉ መላእኽትኻ

ኣሜን፥ ኣሜን ይበሉ    መላእኽትኻ ኣሜን፥
ኣሜን ይበሉ ኵሎም    ቅዱሳንካኣሜን፥
ዕልልታ ይምላእ ልሣን ሕዝብኻ

ኣሜን፥ ኩሉ ምስጋና ይኹን ንኣኻ።

## 10) ኣሜን ብምስጋና

ኣሜን ብምስጋና ኣሜን /2/
ናይ ኢየሱሰይ ፍቕሪ ደስ እዩ ዜብለኒ
ኣሜን ብምስጋና ኣሜን።

ኣሜን ብዝማሬ ኣሜን ...ኣሜን
ብዕልልታ ኣሜን ...ኣሜን ብውዳሴ
ኣሜን ...ኣሜን ብሽብሽባ ኣሜን ...

## 11) ጸጋኻ'ዩ በዚ'ጉለይ

ጸጋኻ'ዩ በዚ'ጉለይ፥ ጸጋኻ ምሕረትካ'ዩ
በዚ'ጉለይ፥ ምሕረትካ ደው'ኢለ ክመላለስ
ክሳብ'ዛ ግዜ እዚኣብሕይወት ዜመላልሰኒ
ደገፍካ።

## 12) እግዚኣብሔር ዓቢይ ግብሪ ገበረልና

እግዚኣብሔር ዓቢ ግብሪ ገበረልና /2/ንሕና'ውን
ተሓጕስና።

## 13) ኣሰይ ኣሰይ

ኣሰይ፥ ኣሰይ፥ ኣሰይ፥
ኣነ ብእግዚኣብሔር ተሓጒሰ'የ /2/ኣሰይ፥
ኣሰይ፥ ኣሰይ፥
ልበይ ብእግዚኣብሔር ተሓጒሱ'ዩ። /2/

## 14) ኮሪዐ ብኣኻ

ኮሪዐ፥ ኮሪዐ ብኣኻ
ርእየ'ዮ /2/ ንኽብርኻ ... ኣሄሄሄ
ኽንደይ ዓቢይ ኢኻ።

ኮሪዕና፥ ኮሪዕና ብኣኻ
ርኢናዮ /2/ ንኽብርኻ ... ኣሄሄሄ
ኽንደይ ዓቢይ ኢኻ።

## 15) ብፍቅርኺ ዓብየ

ብፍቅርኺ ዓብየ ጥዒመካ ከመይ ምኧንካበሊጹ
ረኺበዮ ካብዚ ዓለም እዚ ቤትካ ጐይታየ።

## 16) ሓደ'ኳ የለን ከማኻ

ሓደ'ኳ የለን ከማኻ ኢየሱስ የለን ከማኻ /2/
ኣምላኸይ የለን ከማኻ እወ ጐይታ
ኣቦ ናተይ የለን ከማኻ።

## 17) ከም ጥዑም መዓዛ ሽቶ ጨና

ከም ጥዑም መዓዛ ሽቶ ጨና ... እንሆልካ
ውሰድ ናይ ልበይ ምስጋና።

## 18) ኣፍና ብሰሓቅ መልሓስና

ኣፍና ብሰሓቅ መልሓስና ብዕልልታ
መሊእካዮ /2/
ኣንታ ጥዑም ኽንነግር ኢና
ተግባር ኣእዳውካ ኩሉ ሥራሕካ፥ ኣሜን!

## 19) ስለዝገበረልና ኹሉ ምስጋና

ስለዚገበረልና ኩሉ፥ ምስጋና እንታይ
ኢና ነቕርበሉ፥ ምስጋናብዕጽፍን
ድርብን ምስጋና
ይግባእ ንኢየሱስ ጐይታና። ኣሜን።

## 20) ተመስገን ኢየሱሰይ ጐይታ

1. ተመስገን ኢየሱሰይ ጐይታ ተመስገን
   ናይ ሕይወተይ ዋልታኩልንትናይ
   ዝማረኽካ ንሕይወተይ'ውን
   ዘድኃንካ ተመስገን ኢየሱስይ
   ጐይታ። ኣሜን ማራናታ። /3/
2. ተወደስ .....
3. ተኸበር .....
4. ተመለኽ ....

5. ዕልልታ .....

## 21) ልበይ ሓጐስ መሊኡ

ልበይ ሓጐስ መሊኡ ልበይ /2/በዚ
ኢየሱስ እዚ
ልበይ ሓጐስ መሊኡ ኣሰይ።
ዘመናትን ግዜን ዘይልወጠካ
ሕያው ኢኻ /3/ ኢየሱስ ሕያው
ኢኻ /3/ ኢየሱስ።

## 22) ወሓዚ ጸጋ ኣሎኒ ኣብ ልበይ

ወሓዚ ጸጋ ኣሎኒ /3/ ኣብ ልበይ! /2/ወሓዚ
ሰላም /3/ ...

ዘፍቅር ኣቦ /3/ ...

ዚባርኽ ኣቦ /3/ ...

ዚምሕር ኣቦ /3/ ...

## 23) ክብሪ ይኹን

ክብሪ ይኹን ኣብ ሰማይ ክብሪ
ይኹን ኣብ ምድሪ
ክብሪ ይኹን! /2/ ንኣምላኽናክብሪ
ይኹን።

## 24) ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ

ኃይሊ /3/ መንፈስ ቅዱስ ኣይተለወጠንዩ፥
ኣሜን ኣይተለወጠን'ዩኃይሊ /3/ መንፈስ ቅዱስ
ሕጂ'ውን ኪሠርሕ'ዩ።

## 25) ካብዚ'ውን ዚበልጽ

ካብዚ'ውን ዚበልጽ
ናይ ኣምላኽ ኃይሊ ኽግለጽ ክንርእዮ'ኢና
ጌና ክብሪ ናይ ኣምላኽናምድሪ'ውን
ክትመልእ

ብመዝሙር ምስጋና።

## 26) ንዓ መንፈስ ቅዱስ

ነዓ መንፈስ ቅዱስ

ነዓ ውረድ ሎሚ ከምቲ
ናይ ሓዋርያት
ክብርኻ ክንርኢ

እሳትካ ......

ኃይልኻ ......

ብርሃንካ ......

## 27) ኦ ሕያው መንፈስ ቅዱስ

ኦ! ሕያው መንፈስ ቅዱስከም
ወሓይዝ ማያት

ኣብ ልዕሌና ፍሰስ። /2/

ንጉሥ ክብሪ ኢኻ'ሞ
ብኽብሪ ተመላለስ ንልቢ
ነፍስ ወከፍ እናተንከፍካ
ኅለፍ /3/።

## 28) ንዓ መንፈስ ቅዱስ ንዓ

ንዓ መንፈስ ቅዱስ ንዓ ንዓ
ንልበይ ምልኣዮ ንዓ
መንፈስ ቅዱስ ንዓ ኣብ
ፍቅርኻ ኣጽንዓዮ።

## 29) ጐይታ ከም ሕያው ቃላትካ

***ተደጋጋሚ***
ጐይታ ከም ሕያው ቃላትካ
ኣፍሰሰልና ንመንፈስካ ዘርግሓልና
ንኣእዳውካ ግለጸልና ንኽብርኻ።

1. ከምቲ ኣብ ሓዋርያት ዝነበረ መንፈስ ሕጂ'ውን
ኣፍስሶ ኦ ሕያው እግዚኣብሔርከም ብዝኂ
ቃላትካ ንጽበ ኣሎና ብመንፈስ ቅዱስካ
ምልኣዮ ልባትና።

## 30) ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ

1. ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ይገለጽ ኣባናሕጂ'ውን
ይገለጽ ይገለጽ ኣባና ሕጂ'ውን ይገለጽ ከም
እንደገና።

/2/

2. ከምቲ ናይ ሓዋርያት ኣብቲ ጽርሃጽዮን
ከምኡ ድማ ኣብዚ ኣብዚ ጉባኤና
ንዓ ውረድ ሕጂ ጐይታ ኣምላኽና። /2/

3. ከም ጴጥሮስ ከም ጳውሎስ
ከምቶም ሓዋርያትካ
ሓንቲ ከይፈራሕና፣ ንቅዱስ ፍቓድካ
ከንምስክር ንኹሉ ተግባራትካ። /2/

## 31) ብመንፈስ ቅዱስካ ከም እንኃብር

ብመንፈስ ቅዱስካ ከም እንኃብር ግበረናብኣኻ
ሕይወት ምእንቲ ክንረክብ
ጸጋኻ መሊእና ክትሕደስ ነፍስናበዚ
ቅዱስ ቍርባንኺ ፈውሰና።

## 32) ሕጉስ እየ ብኣምላኸይ

ሕጉስ እየ ብኣምላኸይ ባህ
ኢልዎ ይዘልል ልበይ
ውሉድ ኣምላኸይ እንካብ ኮንኩ
እንታይ ኣሎ ዘይረኸብኩ፤
በቲ ዚህበኒ ዓጊበ'ለኹ
ኣሰይ ተመስገን።

## 33) ሂብካ ዘይውድኣካ

ሂብካ ዘይውድኣካ ኣልቦ
ዘይሰኣነካ ምሒርካ
ዘይሕለለካ
እፈልጥ'የ ከምዚ ምኗንካ ጐይታየ
ክብሪ ንስምካ ኢየሱሰይ ተመስገን
እብለካ።

## 34) ኢድካ ትኅለፎ ሕይወተይ

ኢድካ ትኅለፎ ሕይወተይ
ከም ብሓድሽ'ውን ሥራሕ ውሽጠይዓለም
ትፍለጥ ናትካ ምኳነይ ኣብርሃኒ ይድመቕ
ብርሃነይ።

ሕሱር ዝኾነ ናብራይ ተቐዪሩ ዓለም
ክትብል ቀደም ናተይ ነይሩ።

ሕጂ ግን ካብ መፈንጠራይ ኣልዒሉ ናይ
ኢየሱስ ኽይኑ ፍጹም ተቐዪሩ።

## 35) ክሥውዕ'የ መሥዋዕተይ ብምስጋና

ክሥውዕ'የ መሥዋዕተይ ብምስጋና ኣይደኸምኩን
ኣይደኸምኩን ከኽብሮ'የ
ጌና።

## 36) ኢየሱስ ጐይታ'ዩ

ኢየሱስ ጐይታ'ዩ ኢየሱስ ጐይታ'ዩ
ጐይትነቱ ዝቃወሞ መንዩ
ኣረ መን'ዩ፤ ኢየሱስ
ጐይታ'ዩ።

## 37) ኣብ ቅዱስ ከረነይ ኢየሱሰይ

ኣብ ቅዱስ ከረነይ ኢየሱሰይ ሽመይካኣብ
ቅዱስ ከረነይ ኣምላኸይ ሽይመካንዓኻ'የ
ዝግዛእ ግዛእ /2/ እብለካ
ንዓኻ'የ ዘንግሥ ንገሥ >> >> ንዓኻ'የ
ዘምልኽ ምለኽ >> >>
ንዓኻ'የ ዘኽብር ክበር >> >> ።

## 38) ቅዱስ ኢኻ

ቅዱስ ኢኻ /3/ ኦ ኣምላኽና /2/ ሰማይን
ምድርን /3/ ይሰግዱልካ /2/ሆሣእና /4/
ኣብ ሰማያት
ብስም ጐይታ ዚመጽእ /3/ ብሩኽ'ዩ /2/ሆሣእና /4/
ኣብ ሰማያት /2/

## 39) ክብሪ ንኣኻ

ክብሪ /3/ ክብሪ ንኣኻ /2/ ይግብኣካ'ዩ
ይግብኣካ። /2/

ሞገስ /3/ ንኣኻ /2/ ይግብኣካ'ዩ ... ስግደት /3/

ንኣኻ /2/ ይግብኣካ'ዩ ...ስብሓት /3/ ንኣኻ

/2/ ይግብኣካ'ዩ ...

## 40) ናትካ እንድዩ’ሞ

ናትካ ’ንድዩ እሞ ሥልጣን ኩሉናትካ
’ንድዩ‘ሞ /2/
ዝደሌኻዮ ትገብር ዝኣዘዝካዮ
ዝኸውን ፈትየ’ለኹ ምስ በልካ
እንታይ ኣሎ ዘይኸውን፧

## 41) ኣቦየ ተመስገን ዶ ክብለካ፧

ኣቦየ ተመስገን ዶ ክብለካ፧ ካልእ
የብለይን ዘቕርበልካ ተመስገን
ኽብለካስ ኣፈይ ኸፈትምስጋና
ምልኣኒ ምስ በረከት።

## 42) ንኣምላኽ ነቲ ኃይልና ዕልልበሉሉ

ንኣምላኽ ነቲ ኃይልና ዕልል በሉሉ
ኢድኩም ኣልዕሉ
ብኸበሮ ብጥዑም በገና ምስ መሰንቆ
ኣቃንዩሉ።

ክውድሰካ - ኦ ኣምላኸይ ለዊጥካዮ
ኢኻ - ንታሪኸይ ክውዝውዘልካ - ሽግ
ናይ ምስጋና
ኣብ ዝፋንካ ይዕረግ - ከም እንደገና። /2/

## 43) ሰሚዑ መሊሱ

ኢየሱሰይ ሰሚዑ መሊሱ /2/
ብብዝኂ መንፈሱ ኣፍሲሱ
ኢየሱሰይ ስሚዑ መሊሱ።

ማርያመይ ሰሚዓ መሊሳ /2/
ብብዝኂ ጸጋኣ ኣፍሲሳ ማርያመይ
ሰሚዓ መሊሳ።

ኤልሻዳይ ናይ ሠራዊት ጐይታ /2/
ግሩም ኃይሊ’ዩ ጽኑዕ ዋልታ ኤልሻዳይ
ናይ ሠራዊት ጐይታ።

## 44) ኣነስ ናባኻ ምቕራብ ይሕሸኒ

ኣነስ ናባኻ ምቕራብ ይሕሸኒ /2/
ጐይታይ
ኢየሱስ ናባኻ ምቕራብ ይሕሸኒ
ኩሉ ብኹሉ ስለ ትኾነኒ
ኣሆ... ሆ... ሆ... ተዓዊቱለይ
ኣሆ... ሆ... ሆ... ሠናይ ኮይኑለይ ኣብ
ሰማይ ብዘካኻ መን ኣሎኒ ንዓኻ ካብ
ረኺብኩ የለን ዘድልየኒ።

## 45) ምሳኻ ምንባር ይሕሸኒ

ምሳኻ /3/ ምንባር ይሕሸኒ
ጐይታየ ኣብ ቤትካ፥ ፈውሲ
’ለዎ ሕይወት ኣለዎ
በረኸት ኣለዎ ምጽንናዕ ኣለዎ።

## 46) እግዚኣብሔር ጸሎት ሰሚዑ ዚምልስ

እግዚኣብሔር ጸሎት ሰሚዑ ዚምልስ
ንብዓት ኣዒንተይ ዚደርዝ
ንሕዙን ልቢ ዜሕጒስ ምዃኑ
ነፍሰይ ጥዒማቶ ኣፋ ኸፊታ
ኣመስጊናቶ።

## 47) ልሣናተይ ብጐይታ ኢየሱስ

ልሣናተይ ብጐይታ ኢየሱስ ዕልል ይብልኣሎ፥
ዕልል ይብል ኣሎ፥ ዕልል ዕልል
ዕልል ይብል ኣሎ፥ ዕልል ይብል ኣሎ፥ባህ
ኢልዎ።

## 48) እፈትወካ ኢየሱሰይ

እፈትወካ ኢየሱሰይ /2/
እፈትወካ ኢየሱሰይ ካብ ልበይ። /2/

ኣፍቅረካ ኢየሱሰይ ...
ኣኽብረካ ኢየሱሰይ ...
እውድሰካ ኢየሱሰይ ...
ኣመስግነካ ኢየሱሰይ ...

እሰግደልካ ኢየሱሰይ ...

## 49) እቲ መሥዋዕቲ ኪሥዋዕ ከሎ

እቲ መሥዋዕቲ ኪሥዋዕ ከሎ ብምስጋናኣሜን
ብምስጋና
ክብሪ ኣምላኽ ክብሪ ዝመልኦ እሰይብምስጋና
ዓቢይ ኃይሊ'ለዎ። /2/

ምስጋና ክብል'የ ንየሱሰይ ምስጋና
ምስጋና ክብል'የ ንፍትወይ ምስጋና
ሎሚ ጽባሕ ንዘለዓለም ንየሱስ ምስጋናእንደገና። /2/

## 50) ምኽንያት ኣሎ

ምኽንያት ኣሎ /2/ ምኽንያት ኣሎና ንሕና
ብምሉእ ኃይልና ከነመስግነካ ግቡእ እዩ ብኸበሮ
ብጸናጽል ብበገና ምስጋና።

## 51) እንታይ'የ ዝብለካ

እንታይ /3/ እንታይ'የ ዝብለካ፤ ቃላት
ሓጺሩኒ ክገልጾ ፍቕርኻ ንስኻ ኢየሱሰይ
ዓቢ ኣምላኽ ኢኻቀደም ዝነበርካ
ሕጂ'ውን ዘሎኻ ንዘለዓለም ኣይትልወጥን
ኢኻ። /3/

## 52) እንታይ ክብል'የ ኣምላኸይ

እንታይ ክብል'የ ኣምላኸይ እንታይ ክብል'የ
እንታይ ክብል'የ የሱሰይ እንታይ ክብል'የ ክበር
ከይበልኩኻ ክቡር ኢኻ
ንገሥ ከይበልኩኻ ንጉሥ ኢኻ
ዝወሃብ ከይህበካ ትህብ እምበር ኣይትወሃብንኢኻ
ብምንታይ ክገልጾ እቲ ውዕለትካ
እኔኹ እዝምር ኣብ ቅድሜኻ።

## 53) ኣብ ከንዲ እቲ ሠናይ ዝገበረለይ

ኣብ ከንዲ እቲ ሠናይ ዝገበረለይ ኩሉ ንእግዚኣብሔር
እንታይ ውሬታ ክመልሰሉ፤

## 54) ንእግዚኣብሔር ኣብ መቕደሱ

ንእግዚኣብሔር ኣብ መቕደሱ ኣመስግንዎኣብ ጠፈር
ሥልጣኑ ኣመስግንዎ
ስሙ ጸውዑ ባርኽዎ
ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ኣድንቕዎ።

ንሱ ኃያል እዩ ምድሪ ዝገበረ
ኣሜን ኣሜን ኣሜን ኣሜን ምድሪ
ብምልእታ ኩሉ ናቱ'ዩ
እግዚኣብሔር ዝበለ ናይ እግዚኣብሔር'ዩ።

## 55) ንዑ ንእግዚኣብሔር ንዘምረሉ

ንዑ ንእግዚኣብሔር ብሓጎስ ንዘምረሉ ንኸውሒ
ምድኃንና ዕልል ንበለሉ። (2)

## 56) ኣልፋን ኦሜጋን

ኣልፋን ኦሜጋን ዝነበርካን ዘለኻን ኩሉ
ትኽእል ኢድ እግዚኣብሔር። /2/

ኃያል ኃያል ኃያል ኃያል ጻድቕ
ጻድቕ ጻድቕ ጻድቕንጉሥ ንጉሥ
ንጉሥ ንጉሥለዋህ ለዋህ ለዋህ
ለዋህ
ሥልጡን ሥልጡን ሥልጡን ሥልጡን
ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ።

## 57) ሰላም በሎ ንኃውኻ

ሰላም በሎ ንኃውኻ ሰላም በሎ /2/ሰላሙ
ኪህበካ እዩ ሰላም በሎ ንኃውኻ ሰላም
በሎ።

ሰላም በላ ንኃውትኻ ሰላም በላ .....

ኢድካ ሃቦ ንኃውካ ኢድካ ሃቦ ....

ሰላሙ ከውርደልካ'ዩ ኢድካ ሃቦ
ንኃውኻ ኢድኻ ሃቦ።

ኢድና ነልዕል ንኣምላኽና ኢድና ነልዕል ...

## 58) ጐይታ ኃሊኻ ኣብዚ ዘብጻሕካና

ካልኢታት ኩሉ ጐይታ ኃሊኻ ኣብዚ ዘብጻሕካና
ነመስግነካ ንውድሰካ ብዓቢ ዜማ. ኢ. .
ድምጽና ይውጽእ ኣብ ዓለም ይሰማዕ

ደቓይቕ ኩሉ. . . . .

ሰዓታት ኩሉ. . . . . .

መዓልታት ኩሉ. . . .

ሰሙናት ኩሉ. . . . . .

ኣዋርሕ ኩሉ. . . . .

ዓመታት ኩሉ. . . . .

ዘመናት ኩሉ. . . . .

## 59) ኢድ ንኢድና ተታኃኂዝና

ኢድ ንኢድና ተታኃኂዝና
ንኢየሩሳሌም ክንኣቱ ኢና ብደም
ኢየሱስ ሓደ ኢና ኣይንፈላለን
ተታኃኂዝና ኢና።

## 60) ተግባር ኢድካ ከዝክር ከለኹ

ተግባር ኢድካ ከዝክር ከለኹዘምር
ዘምር ዘምር ይመጸኒዓልል ዓልል
ዓልል ይመጸኒ
ጨድር. . . .ዝለል ዝለል ኣፍካ ክፈት
ከለይ ፈቲሕዎ ኣርዑተይ ሰቢርዎ ልበይ ብምስጋና የሱስ መሊእዎ /2/ ሃሌሉያ ኣሜን። /3/

## 61) ከም ብዋልታን ብጸጋን

ከም ብዋልታን ብጸጋን ተኸቢብናኣብ
መኣዱ ብፍቕሪ ተቐሪብና ከነመስግን
ቀቢኡ ከናፍርና
ጸውዒትናስ ካብ ሰማይ'ዩ ኮይኑልና። ኣሰይ።

## 62) ብኣኻ እሕጐስ

ብኣኻ እሕጐስ ኣምላኸይ ምኽንካባህ
ይብለኒ ርስተይ ምኽንካ ተሓጒሰ
ኸዝምር'የ
ዝምክሓሉ ኣቦ ረኺበ'የ ኣነስ ረኺበ'የ።

## 63) ግሩም ነገር ገይሩ'ዩሞ

ግሩም ነገር ገይሩ'ዩሞ ንእግዚኣብሔር ዘምሩእወ
እዚ ኣምላኽና ዓብይ ነገር ገይሩ መዓልቲ ወሲኹ
ካብ ኣርኣየና'ዚ
ክበር ተመስገን ንብሎ ነዚ ጐይታ ኽብሪ /3/።

## 64) ኣታ ልዑል ኣምላኸይ

ኣታ ልዑል ኣምላኸይ ዝገበርካለይ ሠናይ
ውዕለቱ በዚጉኒ ተሓጒሱ'ሎ ልበይ ሠናይካ
ብዙኅ'ዩ ብሓሳብ ብርቱዕ'ዩ ሃሌሉያ ሃሌሉያ ክብሪ ንኣኻ
ሃሌሉያ ሃሌሉያ ሞገስ ንኣኻ /2/።

## 65) ተሓጐሱ

ተሓጐሱ ተሓጐሱ ዕልል በሉ ዕልል በሉ
ደጊመ ተሓጐሱ እብል'ውን ኣሎኹ።

## 66) ሰሓቕ ገይሩልና

ሰሓቕ ገይሩልና ኣሃ /3/
ዕልልታ መሊኡ ደምበና ምስጋና መሊኡ ደምበና /2/
ዚሰምዕ ዘበለ ምሳና ይስሓቕ
ንዅሉ ዚኸውን'ዩ ናይ እግዚኣብሔር ሰሓቕዚሰምዕ
ዘበለ ምሳና ይስሓቕ
ዚውዳእ ኣይኮነን ናይ እግዚኣብሔር ሰሓቕ።

## 67) መመሊሱ ይጥዕመና

መመሊሱ ይጥዕመና ይጥዕመና /3/ናብራ
ምስ ኢየሱስ ኣዝዩ መቂሩናእንቋዕ'ኳ እወ
ናትካ ኾንና /2/ ምንባረይሲ ትርጉም
ረኺበሉ መመሊሱ መመሊሱ ... ።

## 68) ገሊኣቶም ብሠረገላታት

ገሊኣቶም ብሠረገላታት ገሊኦም
ድማ በፍራስ ይእመኑ ንሕና ግና
ንስም እግዚኣብሔር

ስም ክብረትና ጌርናዮ ኣሎና።

## 69) ሃሌሉያ ሃሌ ሃሌሉያ

ሃሌሉያ ሃሌ ሃሌሉያ ሃሌ ሃሌሉያ ንትፈሣሕ ኵልና
ንትፈሣሕ /3/ ኵልና ኣሃ ... ።

# ሓባሪ ገጽ

## ሓደስቲ መዛሙር

| ቍጽሪ | ስም መዝሙር | ገጽ |
|---|---|---|


1 - ኣብ ወጋሕታ 1
2 - ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ 1
3 - ኣብ ትሕቲ መስቀልካ 1
4 - ኦ ጐይታይ ፍቕርኻ 2
5 - ንኣኻ ኣሚነ 2
6 - ኣምላኽ ንእስነተይ 2
7 - ተስፋ ኣሎና 3
8 - ማርያም ኣደየ 3
9 - ኽበር ተመስገን 4
10 - ስምካ ይመስገን 4
11 - እግዚኣብሔር ይዛረብ ኣሎ 5
12 - ከም ሥርዓት መልከጼዴቕ 5
13 - ማርያመይ ሓጐስ ልበይ 5
14 - ኦ ኢየሱስ ተረኺብ 6
15 - ምስጋናን ውዳሴን ንኣኻ 6
16 - እግዚኦ መሓረኒ 7
17 - ኣምላኽ ኣቦታትና 7
18 - ንዑ ንስገደሉ 8
19 - ብስመይ ጸዊዕካ 8
20 - ከምዚ'ኻ ጐይታ 8
21 - ኣብ ጭንቀተይ ዝቕመለይ 9
22 - ቅድስቲ ኸተማ 9
23 - እነብዕ ኣሎ'ኹ 10
24 - ጐይታ ኢየሱስ ስማዕ 10
25 - ምስጋና ምስጋና 10
26 - ስሙ ይኽበር 11
27 - ካባኻ እንተዘይኰነ 11
28 - ናይ ብርሃንኪ ፋና 12
29 - ተመስገን 12
30 - ኢየሱስ 12
31 - ኣምልኽካ እሰግደልካ 13
32 - ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር 13

33 - ተመለስ አ ኃወይ 14
34 - ንሥጋይ ዝበልዐ 14
35 - ምሕረቱ ዘይውዳእ 15
36 - መድኀን ዓለም 15
37 - እንታይ ዓዚሙኒ፧ 16
38 - ጐይታይ ብኣኻ ባህ ይብለኒ 16
39 - ጸዋዕታይ እንታይ'ዩ፧ 17
40 - እወ ምሳኻ ይሕሸኒ 17
41 - ቃልካ እዩ 17
42 - ነፍሰይ ንኣኻ ትናፍቕ 18
43 - ቃልካ ንስጒምተይ 18
44 - ኢየሱስ ተመስገን 19
45 - ሕይወተይ እህበካ 19
46 - ናይ ልበይ ዚፈልጥ 19
47 - እነኹ መጺኤ 20
48 - ኣገሪሙኒ ብዝኂ ምሕረትካ 20
49 - ልኣኽና ኣምላኽ 20
50 - ክበር ኢኻ በይንኻ 21
51 - ሠናይ ኢኻ 21
52 - ገፋፊ ሰብ 22
53 - ኣዕብየኒ 22
54 - እግዚኣብሔር ይመስገን 22

# ኣቐዲሙ ኪዝመር ዝጸንሐ መንፈሳዊ መዛሙር

| ቍጽሪ | ስም መዝሙር | ገጽ |
|---|---|---|

1) ክብሪ፥ ክብሪ፥ ረኺበዮ'የ 23
2) ሓድሽ ሰብ ኮይነ 23
3) መዲበ'የ ክስዕበካ 23
4) እጽሊ ኣሎኹ 24
5) ሕያዋይ ጓሳ (ክሳዕ ዝበጽሕ) 24
6) እኣምነካ'የ 24
7) እኣምነካ'የ ሕያዋይ ጓሳ 24
8) ንተሓጐስ 25
9) ፍሉይ ኢኻ 25
10) ኣልፋ ኦሜጋ 25
11) ኣፍቂሩና'ዩ ፈትዩና'ዩ 26

12) ትማልን ሎምን 26
13) ሕያዋይ ጓሳ (መዘና ዘይብሉ) 27
14) ብየሱሰይ ሓራ ኾይነየ 27
15) ካብ መዓሙቅ ልባትና 27
16) ንኣምላኽና መን ኣሎ ዚወዳደሮ፧ 28
17) ተመስገን ኣምላኽና 28
18) እግዚኣብሔር ካባኻ ኾይኑልና 28
19) ምስ ኢየሱስይ ክነብር እየ 29
20) ክብሪ ምስጋና ውዳሴ ምስ ግርማ 29
21) ተሓጒስና ነመስግኖ 29
22) ለውጣ ለውጣ ሕይወተይ 30
23) ኣይኃደግካናን ሃሌ ሉያ 30
24) ብምሕረትካ ተኣሚነ 30
25) ጸጋኻ ሃበኒ 31
26) ክብሪ ንዘለዓለም ይግብኣካ 31
27) ኮብሊለ ነበርኩ 31
28) ጐይታይ ኢየሱስ 32
29) መሓረኒ ጐይታይ ደንግጸለይ 32
30) ምስጋና ሃሌ - ሉያ 32
31) መንፈስ እግዚኣብሔር ቀብኣኒ 32
32) ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ 33
33) ኦ ኢየሱስ ፍቅርኻ ዓቢ'ዩ 33
34) ስምካ ሰላመይ ኮይኑኒ 33
35) ኣምላኽ ሰማይ 34
36) ዓርከይ ኮይኑ ዝኃልየለይ 34
37) ኣይደልን'የ ክፍለየካ 34
38) ሠናይ ኢኻ እወ ሠናይ 35
39) ታሪኽ ትቕይር 35
40) እሩብ ናብ ዓይኒ ማያት 35
41) ካብ ምሕረትካ ዝተላዕለ'ዩ 36
42) ከም ቃልካ ኦ ጐይታ 36
43) ኣሎኒ ምኽንያት ኣሎኒ 36
44) ንዓይ ብምኅራይካ 37
45) ኣምላኸይ ዕጋበተይ ብኣኻ'ዩ 37
46) ኢየሱስ ጸጋኻ እንተዘይበዝኃልና 37
47) እንኮ ተስፋይ 38
48) ፍቓድካ ንዘለዓለም ጸኒዑ ይነብር 38
49) ጐይታይ ብጸጋኻ እምበር 38
50) ኦ ጐይታይ ኣፍስሶ'ንዶ 39

51) መፈንጠራ ተበትከ 39

**ናይ ማርያም መዛሙር**

52) ከም ሰላምታ ቅዱስ ገብርኤል 39
53) ፍቕርቲ ማርያመይ 40
54) ኣይጽገብን ፍቕርኺ 40
55) ኦ ማርያም ኣዴና ንዒ 40
56) ካብ ኣምላኽ ለምንልና 40
57) ንማርያም ንለምና ከተማልደልና 41
58) ንማርያም ንለምና 41
59) ብጐይታ ዚያዳ ከቢራ 41
60) ዮም ፍሥሓ ኰነ 42
61) ንሱ ዝበለኩም ግበሩ 42
62) ተስፋ ኣይቆርጽን`የ 42
63) ንማርያም ዝያዳ ሞገሳ 42
64) ማርያመይ ካብ ኩለን ዝኸበር 43
65) ማርያም ኮኸብ ጽባሕ 43
66) ሰላም ሰላም ኦ ማርያም ኣዴና 44
67) ሰላም ንዓኺ ኦ ምልእተ ጸጋ 44
68) ብወድኺ ድኅነት ኮነ 44
69) ኣብርህለይ 44
70) እኖ ዘልዓለም ፍቕሪ 45
71) ንግሥቲ 45
72) ኪዳነ ምሕረት 45
73) ምስጋና ንማርያም ምስጋና 45
74) ወረባት ማርያም 45
********************

75) ጸጋ ናይ ኣምላኽና 46
76) ፍቕር መድኅነይ እምካሕ ብኣኻ 46
77) ከምልኾ’የ 46
78) ካብቲ ቅብኢ ዝተላዕለ 46
79) ምስጋናኻ ኣብ ዓጻጽምተይ ሠሪጹ 47
80) በዓል ግርማ 48
81) ስለ ዓቢይ ግብርታትካ 48
82) ገዓረይ ኩሉ 48
83) ኣምላኽይ ብዙኅ’ዩ ውዕለቱ 49
84) ምሳኻ ምንባር ይሕሸኒ 49
85) ፍቕርኻ ማሪኹኒ 50
86) ከመይ ዝበለ’ዩ ፍቕርኻ 50

87) እቲ መወዳእታይ 50
88) መቑሕ ናይ ዓለም ሰበሮ 51
89) ጐይታ ኢየሱስ ኣብ ጊዜ ፈተና 51
90) ጉያይ ምስ ጀመርኩ 51
91) ቀቢእካኒ ኢድካ ኣንቢርካለይ 52
92) ኣይከእሎን'የ ኣነ በይነይ 52
93) ኣይከእሎን'የ ፍቕሩ ክገልጾ 53
94) ብኣምላኸ እመኑ 53
95) ኣብ እግዚኣብሔር ተስፋ ምግባር 53
96) ድኅነት ብኢየሱስ'ዩ 54
97) ብተኣምራትካ የድንቐኻ 54
98) ምስጋናና ይብጻሕካ 54
99) ሃሌ-ሉያ ንስሙ ይኹን ምስጋና 54
100) ባህጊ ኣሎኒ ንምፍቃርካ 55
101) ኣብ ጉዕዞና 55
102) ክርስትያን'የ ነይረ 55
103) ሓደ ኢና ብመንፈሱ 56
104) ከመይ'ሉ ኮነለይ 56
105) እንታይ'ሞ ክብል፧ 56
106) ግልጽ በል ጐይታ 57
107) ኦ ጐይታይ ስማዕ 57
108) ጸጋኻ ኣብዝኃለይ 57
109) ኣብ'ቲ ቅዱስ ቤትካ 58
110) ውሽጣዊ ሰላም 58
111) ስብሓት ይኹኖ 58
112) ጐይታይ ናይ ሰላምካ መሣርሒ 59
113) ኃለፋ ኣለዎ 59
114) መደምደምታ ሕጊ 59
115) ኢየሱስ ጸግዒ ዋልታይ 59
116) ተበጅዩኒ እዩ'ሞ 60
117) እንታይ ጎዘ እቐም፧ 60
118) ጐይታየ ኣፍቂርካኒ ኢኻ 60
119) ምስ ቆረርኩ ጸጋ ተልብሰኒ 61
120) መዲበ'የ 61
121) ጐይታየ እንታይ ክህበካ፧ 61
122) ብላግጺ ጽኒና 61
123) ኦ ጐይታይ መሓረኒ 62
124) ሳሙኤል 62
125) ንመን ክንልእኸ ኢና፧ 63

126) መንገደይ ኰሉ ኢየሱስ ምሳኻ 63
127) ኦ ብዙኅ ምስጋና 63
128) ህያብ ኣሎኒ ዘቕርቦ 64
129) ሕጽረት ቃላት'ዩ እምበር 64
130) ኢየሱስ ጸዊዑካ 64
131) ኣነስ መዋርስትኻ እየ 65
132) ወዲ ዳዊት መሓረኒ 65
133) ሃሌሉያ ክብል 65
134) ሕዝበይ ይጠፍእ ኣሎ 66
135) ኣምላኸይ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ 66
136) ጐይታይ ናበይ'ሞ ከኸይድ'የ፧ 67
137) ኦ ኢየሱስ ኣብ ቅዱስ ቍርባን 67
138) ዝጸምአ እንተሎ 67
139) ኪንገር ዘይከኣል 68
140) ሕጂ መጺአ ኣሎኹ 68
141) ሕይወተይ ሓደራ 68
142) ምስጋና ንኢየሱስና 68
143) ምርሓና ዳሳና 69
144) ታሪኽ ናይ ሕይወትና ኢኻ 69
145) ካበይ ናበይ፧ 69
146) ጸጋ ምሕረቱ ዘልበሰና 70
147) ሓጺር'ዩ ዕድሜና 70
148) ኦ ማራናታ 71
149) ጣዕሳ በደለይ 71
150) ክዝምረሉ'የ ክቓንየሉ'የ 71
151) ኦ ጐይታይ መሓረኒ 72
152) ኣምላኽና ምሳና'ዩ 72
153) ብናይ ዓለም ፍቕሪ 73
154) ኣብ ከንዲ'ቲ ሠናይ ዝገበረለይ 73
155) ንቓልካ እምብዛ ኣፍቂረዮ 73
156) ኦ ሰሚዑ ዜእዘዝ ልቢ ሃበኒ 74
157) ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ 74
158) ሳላ ኢየሱስ እቲ መድኃኒ 75
159) ምስጋና ሆይ ምስጋና 75
160) ጐይታ ከም ሕያው ቃላትካ 75
161) ስምካ ይኸበር 76
162) ምስጋናይ ተቀበል 76
163) ቤትካ ሰላመይ'ዩ 77
164) ኣሜን ሃሌሉያ 77

165) ናትኻ ምዃነይ የሐጕሰኒ'ሎ 78
166) እንታይ ይሰኣነካ ድዩ፧ 78
167) ከም ቃልካ ኣእምሮ ሃበኒ 78
168) ኣበርትዓኒ ብመንፈስ 79
169) ጌርካለይ ኢኻ 'ሞ ዓቢይ ነገር 79
170) እግዚኣብሔር ኃይለይን ምድኃነይን'ዩ 79
171) መንገዲ እግዚኣብሔር ኣሰናድዉ 80
172) ድምጺ መን'የ ዝሰምዕ ዘሎኹ፧ 80
173) ስምካ ኢየሱሰይ 80
174) ሠናይ ኣበሳሪ 81
175) ምስጋና 81
176) መመሊሱ'ዩ ዘዘምር 82
177) ብፍቕርኻ'ዩ ኮይኑለይ 82
178) ኣይፍለን'የ ኢየሱስ ካባኻ 82
179) ኦ መንእሰይ ኣስተውዕል 83
180) ስለምንታይ ንጉሂ፧ 83
181) ኣሎኒ ኣብ 84
182) ናትካ ብምዃነይ 84
183) ክምካሕ እየ ብኣኻ 85
184) ሠናይካ'ዩ ዘሰንየኒ 85
185) ንስኻ ደገፈይ ኩነኒ 85
186) ቅዱስ ሓዊ እዩ 86
187) ድንቂ'ዩ ነዓይ ጐይታ 86
188) ቅዱስ እግዚኣብሔር 86
189) ንስኻ ኢኻ ጐይታይ 87
190) ንስኻ ጥራይ ትሕሸኒ 87
191) ብምስጋና ክዛዝሞ 88
192) ተቢዐ'የ 88
193) ኣሠራርሓኻ 88
194) ኣዝዩ መቒሩኒ 89
195) እግዚኣብሔር ሰላምና'ዩ 89
196) ክበረለይ 89
197) ኣነ'ሞ ከመይ ኢለ፧ 90
198) መደምደታ ግበረሉ 90

# ሓጸርቲ መዝሙር

| ቍጽሪ | ስም መዝሙር | ገጽ |
| --- | --- | --- |


1) በእላፋት ቅዱሳን ተኸቢብካ 81
2) ናብ እግዚኣብሔር ተመለስ 81
3) ኦ እግዚኣብሔር ጸሎተይ ስማዕ 81
4) ይቕረ በል ኃጢኣትና 81
5) እግዚኣብሔር'ሲ ዓቢይ ነገር ገይሩለይ'ዩ 82
6) ኣብ እግዚኣብሔር ተስፉ ምግባር 82
7) ኣዚኻ ዓቢይ ኢኻ 82
8) እግዚኣብሔር ጻሳይየይ እዩ 82
9) ኣሜን ይበሉ መላእኽትኻ 82
10) ኣሜን ብምስጋና 82
11) ጸጋኻ'ዩ በዚኑለይ 82
12) እግዚኣብሔር ዓቢይ ግብሪ ገበረልና 82
13) ኣሰይ ኣሰይ 82
14) ኮሪዐ ብኣኻ 82
15) ብፍቅርኻ ዓብየ 82
16) ሓደ'ኳ የለን ከማኻ 82
17) ከም ጥዑም መዓዛ ሽቶ ጨና 83
18) ኣፍና ብሰሓቅ መልሓስና 83
19) ስለዝገበረልና ኹሉ ምስጋና 83
20) ተመስገን ኢየሱሰይ ጐይታ 83
21) ልበይ ሓጐስ መሊኡ 83
22) ወሓዚ ጸጋ ኣሎኒ ኣብ ልበይ 83
23) ክብሪ ይኹን 83
24) ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ 83
25) ካብዚ'ውን ዚበልጽ 83
26) ንዓ መንፈስ ቅዱስ 83
27) ኦ ሕያው መንፈስ ቅዱስ 83
28) ንዓ መንፈስ ቅዱስ ንዓ 84
29) ጐይታ ከም ሕያው ቃላትካ 84
30) ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ 84
31) ብመንፈስ ቅዱስካ ከም እንኃብር 84
32) ሕጉስ እየ ብኣምላኸይ 84
33) ሂብካ ዘይውድኣካ 84
34) ኢድካ ትኀለፎ ሕይወተይ 84

35) ክሥውዕ'የ መሥዋዕተይ ብምስጋና ........ 84
36) ኢየሱስ ጐይታ'ዩ ........ 84
37) ኣብ ቅዱስ ከረነይ ኢየሱሰይ ........ 84
38) ቅዱስ ኢኻ ........ 85
39) ክብሪ ንኣኻ ........ 85
40) ናትካ እንድዩ'ሞ ........ 85
41) ኣቦየ ተመስገን ዶ ክብለካ፧ ........ 85
42) ንኣምላኽ ነቲ ኃይልና ዕልል ........ 85
43) ሰሚዑ መሊሱ ........ 85
44) ኣነስ ናባኻ ምቕራብ ይሕሸኒ ........ 85
45) ምሳኻ ምንባር ይሕሸኒ ........ 85
46) እግዚኣብሔር ጸሎት ሰሚዑ ........ 85
47) ልሣናተይ ብጐይታ ኢየሱስ ........ 85
48) እፈትወካ ኢየሱሰይ ........ 85
49) እቲ መሥዋዕቲ ኪሥዋዕ ከሎ ........ 86
50) ምኽንያት ኣሎ ........ 86
51) እንታይ'የ ዝብለካ፧ ........ 86
52) እንታይ ክብል'የ ኣምላኸይ ........ 86
53) ኣብ ክንዲ እቲ ሠናይ ዝገበረለይ ........ 86
54) ንእግዚኣብሔር ኣብ መቕደሱ ........ 86
55) ንዑ ንእግዚኣብሔር ንዘምረሉ ........ 86
56) ኣልፋን ኦሜጋን ........ 86
57) ሰላም በሎ ንኃውኻ ........ 86
58) ጐይታ ኃሊኻ ኣብዚ ዘብጻሕካና ........ 87
59) ኢድ ንኢድና ተታኃኊዝና ........ 87
60) ተግባር ኢድካ ክዝክር ከለኹ ........ 87
61) ከም ብዋልታን ብጺጋን ........ 87
62) ብኣኻ እሕጐስ ........ 87
63) ግሩም ነገር ገይሩ'ዩሞ ........ 87
64) ኣታ ልዑል ኣምላኸይ ........ 87
65) ተሓጐሱ ........ 87
66) ሰሓቕ ገይሩልና ........ 87
67) መመሊሱ ይጥዕመና ........ 87
68) ገሊኣቶም ብሠረገላታት ........ 87
69) ሃሌሉያ ሃሌ ሃሌሉያ ........ 88